# ሥርዓት ኣደግና፡ ተገለባ

ተኃትመ ብማኅተመ ጰጥሮስ ሢላ ፲፱፻፴፰ (1938)

# ሕጊ እንዳባ ንብረት ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ኣብ ኢድ ህዝቢ ይብጻሕ፡ የንብቦን ይፍለጦን ከኣ።

ቅድሚ ኵሉ ምስጋና ንዝግበኦ ምቕራብን፡ ድኻሞም ምፍላጥን ኣገዳስን ርትዓውን ስለዝኾነ፡ ነዚ ካብ ሓደ ሓውና ረኺበ ዘምበብክዎ፡ ብ1990 ኣብ ጀርመን ዝተሓትመ፡ ዳርጋ ናይ ምሉእ ሕብረተ-ሰብ ኤሪትራ ፡ሕግን ሥርዓትን ናይ መሬት ዓደቦ ዝሓቝፈ፡ ዝነበረ ጽሑፋት፡ ካብ ዘለዎ ደልዮምን፡ ኣኪቦምን፡ ጠርኒፎምን፡ 550 ገጽ ዝሓዘ መጽሓፍ ሕጊ እንዳባ፡ ንዘጀጋጀዉ ኒሐኛታት ደቂ ሃገር ፡ ዝለዓለ ምስጋና ይብጸሓዮም። ንሳቶም ከኣ ፡ኣስማቶም ንምጥቃስ ኣብቲ ገበር ናይቲ መጽሓፍ ተጻሒፉ ስለዘሎ ዘርኣ-ያዕቆብ እስጢፋኖስ፡ ወልደማርያም ኣብርሃም፡ እንዥ. ገሪማ ገብረመስቀል ይበሃሉ። ንሳቶም እውን ብጊደኦም ኣብቲ ጥርናፈ ብዝገበሩሎም ዓቢይ ኣበርክቶ፡ ን ዶክተር ኣባ ኣጎስጢኖስ ተድላ ኣብቲ መእተዊ ናይቲ መጽሓፍ ኣመስጊኖሞም ስለ ዘሎዉ በዚ ኣጋጣሚ ናይዞም ምእንቲ ህዝቦም ዝተኣሰሩን ዝተሀርሙን ክቡር ኣቦ፡ ስም ምዝካር ይግባእ።

ኤሪትራ ካብ ብዙሕ ዘመናት ጀሚሩ ዓዲ ሕግን ዓዲ ፍትሕን ከም ዝነበረ ካብ ታሪኽን ካብ ሕግታት እንዳባን ክንርዳእ ንኽእል።

ሽሕኳ ሕጊ እንዳባ ምስ ግዝይኡ ከምዕብልን ክሰፍሕን ዝግበኦ እዩ እንተተባህለ፡ ብፍላይ ኣብ መሰል ወዲ ሰብን ፍትሕን ክትርእዮ ከለኻ ምስተን ዘበናውያን መሰል ወዲሰብ ዘኽብራ ሃገራት ብማዕረ ክሰለፍ ዝኽእል ክቡርን ምዕቡልን ሕጊ ከም ዝኾነን፡ ኣብ ሃገርና እውን ክሳብœዚ ቀረባ ግዜ ብሰፊሑ ይስረሓሉ ከምዝነበረን ሓቂ እዩ። ሕጊ እንዳባ ኣምቢብካዮ ዘይምኖ ፡ ኣብ ዕለታዊ ናብርኦምን ማህበራዊ ሽግራትን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ነገራት ብዝርዝር ዝምዝግብን፡ ፍታሕ ዝሁብን ሕጊ እዩ።

ኣቦታትና በላሕትን መስተውዓልትን ሰብ ሃይማኖትን ስለዝነበሩ፡ ነቲ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝወርድ ዝነበረ ጨካን መግዛእትን ግፍዕን፡ መኪቶምን ተጻዊሮምን፡ ዓዶምን ባህሎምን ሃይማኖቶምን ዓቂቦም፡ ውሽጣዊ መሰል ዜጋታቶም ከኣ ከየድፈሩ ዝሓለፉ ሰብ ኒሕን ተባዓትን ህዝቢ ኢዮም።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ መጽሓፍ ናይ 9 ከባቢታት ዝሓዘ ኮይኑ ብ ትግሪኛን ትግረን ዝተጻሕፈ እዩ። ንሱ ከኣ 1. ሥርዓት ኣድግና ተገለባ። 2. ሥርዓት ኣድከመ ምልጋእ። 3. ሕጊ ናይ ለጎን ጭዋን (እተሓደሰ ኣብ ዋዕላ ማይ ለሓም)። 4. ስርዓት ሎጎ ጭዋ። 5. ሕጊ ሰሓርትን ላምዛን ወቐርትን ዳምባን።6. ሥርዓት ናይ ሀብተሥሉስ፡ናይ ገብረክርስቶስ ናይ ደቀተሽም። 7. ሥርዓት ካርንሽም። 8. ዋዕላ ሾብዓተ ኣንሰባ ዘማት ታሕታይ። 9. ክልኤ መንሳዕ፡ ድግም ወፍትሕ ወዓዶታት፡ ምን ኣወሉ እብ ሂጋ ትግሬ።

እሞ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እንዳባ፡ ምስ ውልቀ-ሰባት ኮነ፡ ኣብ ቤተ መጻሕፍቲ ዝሰኣን ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ሃገርና ኤርትራ ብሕጊ ኣልቦ ስርዓት እናተገዝኤት፡ ህዝብና ካብ ባርነት ዘይሓይሽ ሂወት ኣብ ዘሕልፈሉ ዘሎ እዋን፡ እዚ ሕጊ እዚ ብቐሊሉ ኣብ ኢድ ብዙሓት በጺሑ ክንበብ ኣድላዪ ስለዝኾነ፡ ካብቲ መጽሓፍ ፡ ተቐዲሑ፡ በቢሓደ ኣብ ኢንተርነት እንድሕሪ ተዘርጊሑ ካብኡ ጉዱሳት ከንብብዎን ሓቲሞም እውን ክዝርግሕዎን ይኽእሉ እዮም። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ እታ ኣብ ቍጽሪ 1. ተሰሪዓ ዘላ ሥርዓት ኣድግና ተገለባ| ንኣንባብያን እናቐረብኩ ብተግዳስነት ክተንብብዎን ክትዝርግሕዎን እላቦ። እዚ ሓዲሽ ወለዶ፡ ከኣ ኣቦታቱ፡ ኣቦሓጎታቱ፡ ዝገደፍሉ ንብረት ክርከብን ክፈልጥን፡ ፈሊጡ ከኣ ኒሖም ተዓጢቑ፡ ልበኦም ሰኒቑ፡ ዓዱ ዓዲ ሕግን ፍትሕን ናይምግባር ሓላፍነት ክወስድ ይግባእ።

**ዘርእማርያም ሃይሉ ክፍለ**

# ሥርዓት አድግና፡ተገለባ።

ተኃትመ ብማኅተም ጳጥሮስ ሢላ አሥመራ ፲፱፻፴፰ (1938) ጐደና ጀኖቫ ቍጽሪ ፲ (10)

ሥርዓት
አድግና ፡ ተገለባ

*መቅድም።*

*አጽምዑ ሕዝብየ ሕግየ።*

*ወጽልው፡ እዝንክሙ ኀበ ቃለ ኣፉየ ወእነግር ኣምሳለ ዘእምትካት። ወኣጽምዑ ኣእምሮ ሕሊና እስመ ሠናየ ጸጋ እጼግወክሙ ሕገ ዚኣየ ኢትኅድጉ ምሳሊያተ ሰለሞን። ም፡፬፡ቍ፡፩፡፪። ወኣእምሮ ሕግሰ ለልብ ኄር ወእቱ፡ ም፡፱፡ቍ፡፲።*
*"ፍጥረታት ዝፈጠረ ሕግታት ዝሰርዔ እግዚኣቢሄር ብጥንተ ባህርዩ ሥሩዕ ስለ ዝኮነ ብመጀመርያ ፍጥረት ሰማይን ምድርን ፈጠረ። በቢቦቶኦም ፈልዩ ወሲኑ ኣቐሞ ካብ ዕለት ሰንበት ክሳብ ዕለት ዓርቢ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ክነብሩ ንዝፈጠሮም ፍጥረታት ንክሎም በቢሥርዓቶም ተወሲኖም ሥርዓቶም ክሕልዉ ሠሥርዓቶም ከኣ ክገብሩ ኣዘዘ። ከምቲ ዝኣዘዞ ከኣ ሥርዓቶም ሓልዮም ይነብሩ ኣለዉ። ወበቃለ ቅድሳትሁ የሃውሩ በሥርዓቶሙ ኢይስሕቱ ወኢይፈልሱ እምነ ዓቅሞሙ፡ ሲራክ፡ ፵፫፡ ቍ፡ ፲ ። መጽሓፈ ኢዮብ ም ፡ ፵፰ ፡ ቍ ፡ ፬ ፡ ፭ ፡ ፰ ፡ ፲፪ ፡ ኮከበ ፡ ጽባህኒ ፡ ኣእመረ ትእዛዞ ከምዝበለ ።*
*እዙ ባህርያዊ ስርዓትን ሕግን ግን ፡ ካብቶም ኵሎም ፍጥረታት ብሕልፊ ንበዓል ኣእምሮ ሰብ እዩ ተዋሂቡ ዘሎ ።*
*ስሩዓ ባሕርይ እግዚኣቢሄር ብዕለት ዓርቢ ንኣዳም ምስ ፈጠሮ ፡ ኣምኵሉ ዕጽ ዘውስተ ገነት ብላዕ ወእምዕፀሰ ዘያሌቡ ሠናየ ወእኩየ ኢትብላዕ እምኔሁ ቢሉ ምሳኡ ዜሳማምዕ ጽኑዕ ሕጊ ዝሃቦ ናይ ስርዓት ሕጊ እዩ። ኦሪት ፡ ዘል ፡ ም፡ ፪ ፡ ቍ ፡ ፲፯ ።*
*ኣቦና ኣዳም ከኣ ናይ ገዛእን ተገዛእን ዝተኣዘዞ ና ስርዓት ሕጊ ትእዛዝ ምሰፍረሰ ካብ እግዚኣቢሄር ቅጽዓ ቱ ትቐበለ ። ስርዓት ዘይ ምግባር ሕጊ ምፍራስ ንእግዚኣቢሄርን ንንጉስን ብፍጹም ከምዘሕዝን ቅጽዓ ትውን ከምዘቐጽዕ ኦሪት ፡ ዘል ፡ ም ፡ ፫ ፡ ቍ ፡ ፲፯ ፡ ፲፱ ፡ ወበ ሃፈ ገጽኪ ብልዕ እስከ ትገብእ ውስተ መሬት ።*
*ሰብ ካብ ስሕተት ኣዳም ክሳብ ሙሴ ብሕጊ ልቦና ይናበሩ ነበሩ እምበር መነባበሪ ጽሑፍ ሕጊ ኣይነበሮምን ።*
*ሰብእሰ ኢተፈጥሩ ለዝ ከመዝ ከመ ያጽንዑ ሕጎሙ በበርዕ ወበቀለም ኣላ ይንበሩ ወይግበሩ ከመ መላእክተ እግዚኣቢሄር ንጹሃን ወቅዱሳን ኄኖ ፡ (.....) ሕግሰ ጠባይኣዊ ተውህቦ ለሰብእ እግዚኣቢሄር ቀዲሙ ።*
*ኣብ ወረቐት ዝተጻሕፈ ሕጊ ዘይኮነ ብሕጊ ልቦና ክነብር ዝተፈጥረ ሰብ ብሕጊ ልቦና ክነብር ስለ ዘይከኣለ ሕጊ ንምጽሓፍ ብ ሙሴ ተጀመረ። መፍቀሬ ሰብእ እግዚኣቢሄር ህዝቢ ዝናበረሉ ሕጊ ባዕሉ ንሙሴ ኣጽሓፎ ፡ ኦሪት ፡ ዘጸ ፡ ም ፡ ፴፬ ፡ ቍ ፡ ፳፯ ፡ ወይቤሎ እግዚኣቢሄር ጽሕፍ ለከ ዘንተ ነገር ኦሪት ፡ ዘጽ ፡ ም፡ ፳፬ ፡ ቍ ፡ ፲፪ ፡ ወእሁበከ ሰሌዳ ዘሕግ ወትእዛዝ ትሕግግ ሎሙ እንከሰ ወሪደከ ኮንን ሕዝበ ። በዙ ጽሒፍካዮ ዘሎካ ሕጊ ስራዕ (ቅጻዕ) በሎ ። ነቶም ሕዝቢ ከኣ ነዙ ተጻሒፉ ዘሎ ሕጊ እንተሓለኩምን እንተ ተኣዘዝኩምን ሓለፉ ካልኦት ሕዝቢ ገንዘበይ ትኮኑኒ በሎም ።*
*ካብ ሙሴ ክሳዕ ልደተ ክርስቶስ ሙሴ ብዝጸሓፎ ሕጊ ይናበሩ ነበሩ ።*
*ካብኡ ንደሓር በቢዘበኑ ነንግዜኡ ዘድልዮ ሕጊ ኪጽሕፍ ግቡእ ስለዝኮነ ናይ ሙሴ ሕጊ መሰረት ገይሩ ጌታችን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዲሽ ሕጊ ወንገል በ፩ቱ ወንገላውያን ኣጽሓፈ ።*
*ቆስጣንጢኖስ ንጉሰውን ብዘበኑ ፍትሐ ነገስት ስልሳይ ሕጊ ብ፫፻፲፰ (318) ሊቃናት ኣጽሓፈ ።*
*ኵሉ ሰብ ብዘይ ሕጊ ክነብር ኣይከኣሎን ። ምንምኳ ብሃገርን ብቋንቋን ብሃይማኖትን እንተተፈላለየ ብእግዚኣቢሄር ዝተፈጥረ ሰብ ኵሉ ብሕጊ ተፈጥሮ ሓደ ከምምኳኑ መርሚሩ የስተውዕል ።*

# ሕጊ ፡ ማለት ።

ንንጉስ ንመኳንንቲ ንህዝቢ ምስ እግዚኣቢሄር ዘሰማምዕ፣ ንህዝቢ መሐለዊ ብሰላም መናበሪ፣ ዓቢይ ረዲኤት ዘለዎ ነገር ማለት እዩ ።
እስመ ሕገ ወሃበ ለረዲኤት ፡ ኢሳ ፡ ም ፡ ፰ ፡ ቍ ፡ ፳ ።
ዘሰማምየም ነገር ናይ ጥበብ መጀመርያ እግዚኣቢሄር ንምፍራህ እዩ ። መዝ ፡ ም ፡ ፩ ፡ ቍ ፡ ፳፫ ፡ ተቀነዩ ለእግዚኣቢሄር በፍርሃት ። ቅዳሚሃ ለጥበብ ፈሪሃ እግዚኣቢሄር ፡ መዝ ፡ ፻፲፡ቍ ፡ ፳ ።
ኤፌ ጴጥሮስ ቀዳ ም ፡ ፪ ፡ ቍ ፡ ፲፯ ፡ ንእግዚኣቢሄር ፍርህዎ ንንጉስ ኣኽብርዎ።
ጳውሎስ ፡ ም ፡ ፮ ፡ ቍ ፡ ፭ ፡ ነባሪኒ ተኮነኑ ለኣጋእዝቲኩሙ ኣቱም ህዝቢ ብፍርሃትን ብትሕትናን ብቅኑዕ ልቡኹምን ነቶም ብስጋ ዘናባብሩኹም መኳንንትኹም ተኣዘዙ።
ጳ ፡ ኤፌ ፡ ፮ ፡ ቍ ፡ ፱ ፡ ኣጋእዝትቲኒ ዕሩየ ግበሩ ሎሙ ኣቱም ምኳንንቲ ውን ኣብ ስማያት ንገጽ ዘየድሉ ጎይታ ከምዘለኩም ፈሊጥኩም ነቶም እተናባብርዎም ህዝቢ ብዘይ ኣድልዎ ብቕኑዕ ፍርደኹም ኣዝዝዎም።
ወንህነሰ ኣእመርነ ወኣመነ። ዮውሃንስ ብቐደማይ መልእክቱ ም ፡ ፩ ፡ ቅ ፡ ፲፮። ብፍቕሪ ዝነብር ምስ እግዚኣቢሄር ይነብር፣ እግዚኣቢሄርውን ምሳኡ ይነብር፣ ዝብሎ ፈለጥና ንሕናውን መኳንንትን ወራዙት ዓ ደቦን፣ ብሕብረትን ስምምዕን ብዘይምቍራጽ ብፍጹም ትግሃት ሓሲብና ዝሰራሕናዮ ናይ ጽቡቕ ሓልዮ ንዙ ሎሚ ተኣሪሙ ዝሕተም ዘሎ ሕጊ ኣፍረየ።
እዙ ሕጊ እዙይ ካዓ ቅዱሳት መጻሕፍትን ፍትሓ ነገስትን ብምኽባርና ቀዳሞት ኣቦታትና (ምዔም መሓዛ) ቢሎም ንዝሰመይዎ ሕጊ ተኻታቲልና ኑቱ ብልማድ ክትስተኻኸለ ዝጸንሐ ዘንቅፈና ነገራት ገዲፍና ምስ ግዜና ዝሳማምዓና ትኽክላኛ ቅኑዕ ሕጊ ኣቑምና።
ከምቱ ቅ ፡ ዳዊት ብም ፡ ፸፯ ፡ ቍ ፡ ፲፩ ፡ ወሰርዓ ሕገ ልእስራኤል። ዘኣዘዞም ለኣቦዊነ ከመ ይንግሩ ለደቂቆሙ። ደቂቅ እለ ይትወለዱ ወይትነሳኡ፣ ዝበሎ ንድሕሪ ሕጂ እውን ካብ ሎሚ ጀሚሩ ንውሉድ ወለዶ ጽኑዕ መሰረት ኮይኑ እናበለጸን እናኸበረን ኪነብር ምሉእ ተስፋና እዩ።
ወዘሕን ያነብብ መዓልተ ወለሊተ ወይከውን ከመ ዕጸ እንተ ትክልት ህበ ሙኀዘ ማይ እንተ ትሁብ ፍሬሃ በበጊዜሁ።
ወኵሉ ዘገብረ ይፈጽም ጳ ፡ ሮሜ ፡ ም ፡ ፲፭ ፡ ቍ ፡ ፬ ፡ ወኵሉ ዘተጽሕፈ ለተግሳጸ ዚኣነ ተጽህፈ ከመ በትእግስትነ ወበተወክሎ መጻሕፍት ንርከብ ተስፋነ ዝበሎ ቃል ትእዛዝ ንምፍጻም ሕጊ ንምጽናዕ ከምዝግባእ ነስተውዕል።
እቶም ንኣና ዝወለዱ ለባማት ኣቦታትና ህዝቢ ብዘይ መናበሪ ሕጊ ምንባር ዘይግባእ ስለዝኾነ ኣስተውዓሎም ስርዓት ምዔም መሓዛ ቢሎም ሰምዮም ሕጊ ኣቖሙ። (ምዔም ዓ ምሓዛ ማለት ስም እቲ ስርዓት ዝቖሞሉ ቦታ እዩ።) እዙ ሕጊዙይ ብግዜ ክቡር ደጃዝማች ሱባጋድስ መስፍንነት ቈመ ፻፳፫ (123) ዓመት ዝኸውን ኣናበረ (ኣካየደ።)

| | | |
|---|---|---|
| ናይ ደ. ሱባጋድስ | ፱ ዓመት | 9 |
| ናይ ደ. ወቤ | ፳፬ ዓመት | 24 |
| ናይ ሃጸይ ቴድሮስ | ፲፫ ዓመት | 13 |
| ናይ ሃጸይ ዮውሃንስ | ፳፩ ዓመት | 21 |
| ናይ መንግስቲ ኢጣልያ | ፶፩ ዓመት | 51 |
| ናይ መንግስቲ እንግሊዝ | ፭ ዓመት | 5 |

ንዙ ስርዓት ምዔም-ምሓዛ ዝሓገጉ ወራዙት ኣከለ-ጉዛይ ፱ (9) ሓጋጎን ፯ (7) ጸራቦን ወቦ (ዝይቤ ፲፪ቱ (12) ) ኮይኖም ካብ ሓደ ቦታ ናብ ሓደ ቦታ እናኸዱ ውዕሎ ይውዕሉ ነበሩ።
ውዕሎ ዝዋዓሉሉ ቦታ ኣብ ብዙሕ ኣውራጃ ና ኣከለ-ጉዛይ ነበረ። ብሓደ ዓመትን ፯ ወርሕን ዝሓገጉዎ ዝኾነ ሕጊ ምስተሰማምዑ፣ ንህዝቢ ኣከለጕዛይ ኣኪቦም ኣብ ምዔም ምሓዛ ዝበሃል ቦታ ኣቖሙዎን ኣወጅዎን ብጽሑፍ እውን ኣሰፈርዎ።
ንዙ ክንዱዙይ ዝደኸሙሉን ዝጸዕሩሉን ግብሮም ከምስርዓት እንክይጽሓፉ ኣይገደፉዎን፣ እንተኾነ ግን ናይ ስርዓት ደፍተር ኣብ ገዛኢ ሃገር እምበር ኣብ ኢድ ማንም ክቐመጥ ኣይግባእን ተባሂሉ ኣብ ኢድ ደ. ሱባጋድስ ናይ ሃገር ገዛኢ ክቐመጥ ተዋህበ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብቲ ዓቢይ ገዳም ናይ ዓጋመ እንዳማርያም ጉንደ ጉንዶ ኣሎ ይበሃል።
በዚ ዘለናዮ ግዜ ግን ንዝኾነ ነገር ከም ስርዓት ኣከለ-ግዛይ ኢሉ ዝምጉት እቲ ዝበልናዮ ደፍተር ስለ ዘይተረኽበ እቶም ትፈልጡልና ተባሂሎም ዝምስክሩ ሰባት፣ ከከምዝመሰሎምን ብቅያን ብይብሉናን እናበሉ ይምስክሩ። እቲ ዝመስክርዎ እውን ነንበይኑ ዘይሰማማዕ ስለ ዝኾነ ፈጺሙ ዘሕዝንን ዘጸይፍን ኮነ። ስለዙይ ምስሌንታትን ብህዝቢ ኣውራጃኣም ዝተመርጹ ወራዙት ዓደቦን ንዓዲቐይሕ ንሰገነይቲ ንሰንዓፈ ብዙሕ ግዜ

እናተመላለሱ ክምቶም ኣቦታቶም ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን ጸዕሪ ንዙ ሕግዙይ ንምእራምን ንምጽሓፍን በቕዑ።
ክምቲ ቅዱስ ወንገል ዝተናገሮ፡ ኣንስ፡ ኢመጻእኩ፡ ክመእስኣሮሙ፡ ለኦሪት፡ ወለነብያት፡ ኣላ፡ ክመ፡ እፈጽሞሙ። ንሕና ክኣ ነዚ ዘሎ ሕጊ እዙይ ክነስተኻኽሎን ክንጽሕፎን ምስ እዙ ዘለናዮ ግዜ ክነሰማምዮን ግድንት ኮነና። እቲ ዋና ቁምነገሩ እቲ ህዝቢ ትፈልጠለይ ተባሂሉ ካብ ጌጋ ምስክር ድሒኑስ ብደብተር ስለ ክናበር ማለትና ኢዩ። ስፍሓትን ልምዓትን ንሃገር፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰላሙን ጸጋኡን ምስ ኩልና ይኹን ኣሜን።
ቅድሚዙ ሕግዙይ ዘናባብር ዝነበረ ሕጊ ሥርዓት ኣክለን-ጉዛይን፡ ያናይን-ለጓይን ወይ ሥርዓት ምዔም ምሓዛ ይስመ ነበረ። ሎሚ ግን ንዙ ተሓዲሱን ተኣሪሙን ተሓቲሙ ዝነሆ ሕጊ ብዙሓት ዓሌትን ኣውራጃታትን በቢ ሕጎምን ሥርዓቶምን ዝነባበሩ ዝነበሩ ምሳና ሕቢሮም ዝሓገዙን ዝደኸሙን ንኹልና ዘሕብርን ዝሕውስን ሓዲሽ ስም ሥርዓት ኣድግና-ተገለባ ተባሂሉ ይስመ ኣሎ።”
“ንሕና ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ፡ ኣድግና-ተገለባ፡ ንዙ ካብ ነዊሕ ዓመታት እንምነዮን እንጽበዮን ዝነበርና እተጻሕፈ ሕግን ሥርዓትን ኣቦታትናን፡ ብፍቓድ ህያው እግዚኣቢሄር ብብዙሕ ሓልዮትን ድኻምን ናይዞም ዝሰዕቡ መኳንንትን ካህናትን ወራዙት ዓደቦን ተፈጻሚቱ ስለ ዝረኣና ንምርቕን ነመስግንን ኣሎና። ዕ ድሜኦም የንሓዮ እንጀራኦም የስፍሓዮ።”

እዞም ዝሰዕቡ ክኣ ምስለነታትን ዓበይቲ ሰበስልጣናትን ነዚ ዓንዲ ሕጊ ኣብ ምምሕያሽ ዝተኻፈሉን ዓቢይ ግደ ዝነበሮምን እዮም።

| | | |
|---|---|---|
| ራስ ተሰማ ኣስበሮም። | ደጃዝማች ዘውደ ሓጎስ። | ደጃዝማች ማዓሾ ዘወልዲ። |
| ደጃዝማች በርሀ ኣስበሮም። | ” በላይ ንጉሰ። | ” ኣብራሃ ተሰማ። |
| ” ገብረኢየሱስ ወ/ጋብር | ” ደሞዝ ሓጎስ። | ” ገብረዝጊ ጓንጉል። |
| ኣዝማች በየነ ዛህላይ። | ኣዝማች ንጉሰ ሰንጋል። | ኣዝማች ስዩም ቦክሩ። |
| ” ባህታ ወልዱ። | ” ዘርኣት ጠዓመ። | ” በራኺ ህብትዝጊ። |
| ” ረዳ ጓንጉል። | ” ገብረመድህን ኪዳነ። | ” ሥብሃቱ ባይሩ። |
| ” ንጉሰ ትንሱኡ። | ” ሓጎስ ንጉሰ። | ” ኣሕመድ ዓብደልቃድር። |
| ” ገብረኪዳን ተሰማ። | | |
| ፊተውራር ተስፋማሪያም ነጸረ። | ፊተውራር ስዒድ ዘይኑ። | ፊተውራር ተስፋዝጊ ጸጋይ። |
| ብላታ ተድላ ተስፋገርግስ። | ብላታ ገብሩ ወልደገርግስ። | |
| ብላታ ሞጎስ ንጉሜ። | ቀኛዝማች እምባየ ዘውደ። | |

እዞም ኣብታሕቲ ኣስማቶም ተዘርዚሩ ዘሎ፡ ክኣ ክካብ ወረደኦም ብምርጫ ዝመጹ ወራዙት ዓደቦ ነዚ ዓ ንዲ ሕጊ ኣብ ምምሕያሽ ዝተኻፈሉ እዮም።

| ስም። | ወረዳ። | ስም። | ወረዳ |
|---|---|---|---|
| ባሻይ ዝግታ ተኪኤ። | ሓደግቲ። | ባሻይ እማን ተኪኤ። | ጸንዓ-ደግለ። |
| ቀሺ ገብረመስቀል ደስታ። | ” | ባሻይ ማሃንዘል ማሀለዝጊ | ” |
| ተክለሚካኤል ተስፋሥላሴ። | ” | ባሻይ ብርሃነ ተኪኤ | ” |
| ፊ. ገ/ዝጊሄር ተኪኤ። | ደቂ-ድግና። | ብላታ ገረዝጊሄር ኪዳነ። | መረታ-ሰበነ |
| ቀሺ ይስሃቅ ስብሓት። | ” | ባሻይ ኪዳነ ተኪኤ። | ” |
| ልጅ ተስፋይ ቀለተ። | ” | ብላታ ኣስጎዶም ዘርኤ። | ” |
| ባሻይ ተስፋገርግስ ምሖር። | ተድረር | ብላታ ዑቕባዝጊ መሓሪ። | ” |
| ብላታ ዑቕባስላሴ ሃብታይ | ” | ፊተውራር ሓጎስ ካሕሱ። | ” |
| ቀሺ ብርሃነ ተሰፉ። | ” | ፍተውራር ዓንዱ ዑቕባዝጊ | ” |
| ባሻይ ሃይለስላሴ ገረስላሰ። | ዝባውንቲ። | ግ. ገረየሱስ ሽፉ። | ደቂ-ዘርኢ-ሰናይ። |
| ባላም ጉግሳ ግደ። | ” | ባሻይ ጎይታኦም ጎሹ። | ” |
| ብላታ ምሥጉን ወ/ገርጊስ። | ” | ባሻይ በየነ ሞላ። | ” |
| ብላታ ገረማርያም ዑቕቡ። | ደቂ-ትሕሽታ። | ባሻይ ባህረ ተኽላይ። | ዓረት። |
| ባሻይ ተስፋይ ገረየሱስ። | ” | ፊ. ወ/ገብሪኤል ተማኑ። | ” |
| ሽለቃ ተኽለ ዑቕባንኪኤል። | ” | ፊ. ድራር ተኽለብርሃን። | ” |
| ባሻይ እማን ዑቕባንኪኤል። | ደረጨን። | ሓነታ ጎሹ ተሰፉ። | መጽሔ። |
| ባሻይ ፎቶ ዒመር። | ” | ባሻይ በራኺ ኣፍላይ። | ” |
| ባሻይ በርሄ ትኩእ። | ” | ባሻይ ወልደንኪኤል ገብረ። | ” |
| ብላታ ፍጡር ሓጎስ። | ሃዳድም-ጨዓሎ። | ባሻይ ተድላ ባይሩ። | ደጊዔን። |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሽለቃ በራኪ ባህታ። | ” | ባሻይ ሓደራ ባህረ። | ” |
| ሽቃ ካሕሳይ ወልዱ። | ” | ባላም በርሄ ጋፍረ። | ” |
| ብላታ ጠዓመ ሃይሉ። | ወደከለ። | ብላታ በየነ መሸሻ። | ኣክራን። |
| ብላታ ተሰማ ሓጎስ። | ” | ባሻይ ደስታ ተስፋይ። | ” |
| ልጅ ስብሓት ኣባዲ። | ” | ግ. ኣስፋሃ ኣብራሃ። | ” |
| ብላታ በርሄ ባህልቢ። | ደጊዔን-ወገራ | ባሻይ ምራጭ ማሉ። | ዝባን። |
| ባሻይ ዝግታ ዑንቱራ። | ” | ባሻይ ሓጎስ ወሊሄት። | ” |
| ባሻይ ሓጎስ መሓሪ። | ” | ባሻይ ሞሳ ተስፉ። | ” |
| ሽቃ ገረዝጊሄር ገረመድህን። | ታሕታይ-ኣግሩፍ-ቀዳማይ። | | |
| ባሻይ ወልደሊባኖስ ገብረየሱስ። | “ | | |
| ሽለቃ ካሳ ዘከሩ። | ላዕላይ-ኣግሩፍ። | ባሻይ ይግዛው ወ/ክርስቶስ። | እዳዳሽም። |
| ኣብራሃ መድህን | ” | ኣስላፍ ኪዳኑ ገብረገርጊስ። | ” |
| መንገሻ ትስፋገርግስ | ” | ቀሺ ገረማርያም ወልደማርያም። | ” |
| ባላምበራስ ደሞዝ ምስግና። | ሎንሳርዳ። | ብላታ ተስፋልደት ባህልቢ። | ዘርኢ-ሞሲ። |
| ሽቃ ኪዳነ ጸምሩ። | ” | ሽለቃ በራኪ ባህታ። | ” |
| ባሻይ ፍስሃየ ደበሱ። | ” | ብላታ ወ/ኣረጋይ ወ/መስቀል። | ” |
| ተስፉ ቢሉዎ። | ዓዲ-ጉልቲ። | ባሻይ ንጉሰ ሃብቱ። | እንጋንኣ። |
| ባሻይ ገረኪዳን ገሬንኪኤል። | ” | ባሻይ ህውኪ ተስፋኡ። | ” |
| ሽለቃ ገብረ ሙሳ-ሮምሃ። | ” | ባሻይ ሓጎስ ካሕሳይ። | ” |
| ቀሺ ገረዝጊሄር ሃይሉ። | ታሕታይ-ኣግሩፍ-ካላኣይ። | | |
| ባሻይ መሓሪ ወልዱ | ” | | |
| ጓንጉል ባይሩ። | ” | | |
| ባሻይ ገብረስላሴ ኪዳነ። | እንገላ ሓጺን። | ባላም ወ/ሊባኖስ ጎሹ። | ኣምበሳት ገለባ። |
| ባሻይ ፍስሃ ገ/ሚካኤል። | ” | ሃለቃ ዘውደ ሓጎስ። | ” |
| ሽለቃ ሓደራ ህብቱ። | ” | ሓድጉ ወልደማርያም። | ” |

# ኣስተውጽኦ።


## ክፍሊ ፡ ፩ (1) ። ሕጻን ።

1. ቆልዓ ምስተወልደ ።................................................................ገጽ 15
2. መጽሓፊ ጥምቀት ። " "
3. እናት (ኣደ) ካልኣይ ግዜ ኣይትዓድል " "

## ክፍሊ ፡ ፪ (2) ። ወለድን ውሉድን

4. ወለድን ውሉድን።........................................................................ገጽ 15
5. ተማእዚዞም ንወለዶም ዘገልግሉ።. . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፫ (3) ። ሕጻ።

6. ጓል ክትሕጸ እንከላ ። . . . . . . . . . ገጽ 15
7. ጓል ኣብ ዓስቢ ዘላ ። . . . . . . . . . >> >>
8. ጓል ምስ ሓውቦኣ። . . . . . . . . . . >> >>
9. ካብእንዳቦኣ ፍቓድ ዝወጸት ጓል ። . . . . . . . >> >>
10. ኣቦን ሓውን ዘይብላ ጓል ። . . . . . . . . >> >>
11. ኣቦ ወዲ፣ ንወዱ ክሕጺ ። . . . . . . . . >> >>
12. ኣብ ቆጸራ ሕጸ ። . . . . . . . . . ገጽ 16
13. ስልማት ኣብ ሕጸ ጓል ዝኣቱ ። . . . . . . . >> >>
14. መንጎኛ፣ (ማእከላይ) ዝምስክር ። . . . . . . . >> >>
15. ንሓያም ክሕጺ ዝደለ ። . . . . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፬ (4) ። ምፍልላይ ሕጸ ።

16. መንጎኛ ገይሮም ዝተቋጸርዎ መዓልቲ ። . . . . . . ገጽ 16
17. ኣቦ ጓል ዝሃቦ ክብቲ ። . . . . . . . . >> >>
18. ዝጠፍኣት ክብቲ ። . . . . . . . . . >> >>
19. ኣቦ ጓል ንጓሉ ዘግዝማ ። . . . . . . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፭ (5) ። መርዓ ።

20. ንመዓልቲ መርዓ እተቓጸሩ ። . . . . . . . ገጽ 16
21. ኣቦ ጓል ነቦ ወዲ ዝኣዘዞ ። . . . . . . . >> >>
22. ናብ መርዓ ዝወርዱ ። . . . . . . . . . >> >>
23. ናብ ምዝራፍ ጓል ። . . . . . . . . . >> >>
24, ኣብ መዓልቲ መርዓ ሽልመ . . . . . >> >>
25. መርዓ ዛቕናይ ። . . . . ገጽ 17
26 ኣቦ ወዲ ዘውርዶም ወራድ መርዓ . . . . >> >>
27. ኣብ መዓልቲ መርዓ ጭቃ ዓዲ ። . . . . >> >>
28. ክዳን መርዓውን መርዓትን ። . . . . >> >>
29. ኣብ መዓልቲ መርዓ ዝወሓስ ። . . . . >> >>
30. ኣቦ ጓልን ኣቦ ወድን ብዓመታት ደቆም። . . . >> >>

31. ኣቦ ጓል ዘግዘሞ ። . . . . . . . . ገጽ 17
32. ቃል ኪዳን ። . . . . . . . >> >>
33. ኣቦ ጓል ክንድኡ ዘድረጎ ኣብ ዳስ ። . . . . . >> >>
34. መርዓት ዓዲ ሰብኣያ ምስ ኣቶት ። . . . . . >> >>
35. ድንግልነኣ ፈሪሱ እንተ ጸንሐ ። . . . . . >> >>
36. ኣቦ ወዲ ንመርዓውቲ ዝሕጽኖም . . . . . >> >>
37. ሕጊ ዘፍረሰ ። . . . . . . . . ገጽ 18
38. ሓማት ኣብ ቅልዕ መርዓት ። . . . . . . >> >>
39. ድሕሪ መዓልቲ መርዓ ዝነበረ ሪም . . . . . . >> >>
40. መርዓት ናብ ንእዲ ሕጽኖታ ። . . . . . . >> >>
41. ብትካል ዳስ እንተ ተናገሩ ። . . . . . . >> >>
42. ድንግልና መርዓቱ ክፍርስ ዘይከኣለ ። . . . . . >> >>
43. ምባእ ጥሽ ንመርዓት ። . . . . . >> >>
44. ኣቡኡ ዝመቶ ። . . . . . . . . >> >>
45. ምግዓስ ። . . . . . . . . >> >>

## ክፍሊ ፥ ፮ (6) ። መርዓ - ሓያም ።

46. መርዓ ሓያም ። . . . . . . . . ገጽ 18
47. ኣብ መዓልቲ መርዓ ሓያም ዝኣቱ እዚ ። . . . . >> >>
48. ትካል ጸመር ። . . . . . . . . >> >>
49. መርዓ ክገብሩ ተቓጺሮም እንተ ተጣለሙ ። . . . >> >>

## ክፍሊ ፥ ፯ (7) ። እትዋት ።

50. እትዋት መርዓዊ ። . . . . . . . ገጽ 19

## ክፍሊ ፥ ፰ (8) ። ቀለብ ቈልዓ

51. ቀለብ ቈልዓ ። . . . . . . . . ገጽ 19
52. ቀለብ ወዲ ወሰን ። . . . . . . . >> >>
53. ቀለብ ማንታ ደቂ ሔማ ። . . . . . . >> >>
54. ቀለብ ማንታ እኖ ድቓላ ። . . . . . . >> >>
55. ዝወለደትን ዘይወለደትን ቀለብ መርዓት ። . . . . >> >>
56. ቀለብ እኖ ቈልዓ እትቕለብ ሔማ ። . . . . >> >>

## ክፍሊ ፥ ፱ (9) ። ዝኣረገ ወለዲ ።

57. ዝኣረገ ወለዲ ። . . . . . . . . ገጽ 19
58. ዉሉድ ዘይብሉ ኣረጊት ። . . . . . . . >> >>
59. ወለዶም ዝመትዎም ። . . . . . . . >> >>

## ክፍሊ ፥ ፲ (10) ። ሕርሶት ።

60. መርዓት ምስ ጠነሰት ። . . . . . . . ገጽ 20
61. ሓዳራ ዘይወጸት መርዓት ። . . . . . . >> >>
62. ሰበይቲ ወሰን ምስ ሓረሰት ። . . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፩ (11) ። ምጻእ ብርኪ ።

63. መርዓትን መርዓውን ክሳብ ሓዳሮም ዝወጽኡ ። ገጽ 20
64. መርዓትን መርዓውን ኣቦወዲ ሓዳሮም ከውጽኦም ከሎ ። >> >>
65. ኣቦ ጓል ንሓሙኡ ። >> >>
66. ምስ ወለዲ ዘሎ ዉሉድ ። >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፪ (12) ሓዳሮም ዘይወጹን ዝወጽኡን ኣከፋፋል ።

67. ስምምዕ ስኢኖም ዝፈላለዩ መርዓትን መርዓውን ። ገጽ 21
68. ኣቦ ጓል፣ ወይ ኣቦ ወዲ፣ ኣብ ኣከፋፋል ገንዘብ ። >> >>
69. ኣቦ ጓል፣ ወይ ኣቦ ወዲ፣ ካብ ዓዲ ርሒቑ እንተጸንሐ ። >> >>
70. እቲ ዓጋቲ ንሰደዐ (ዋሕስ) ። >> >>
71. ሰደኛ ርሒቑ እንተጸንሐ ። >> >>
72. ሰደኛ እትዓግቶ ገንዘብ ። >> >>
73. ቈጸራ ዘብኮረ ዋና ። >> >>
74. ሰደኛ ዝኸፈሎ ዕግታት ። >> >>
75. ን ክልተ ሰብ ሓዳር ኣከፋፋል ። >> >>
76. ነካፋፍላ ገንዘብ ቈጸራ ምስተወሰነ ። >> >>
77. ኣብ ኣከፋፋል ኣቦ ጓል ምግቢ ክምዘይእዝዝ ። >> >>
78. ሰብኣይን ሰበይትን ዘይወለዱ ። >> >>
79. ሰብኣይን ሰበይትን ወሊዶም እንተኾኑ ። >> >>
80. ዝዓበየ ወዲ ንናት፣ ዝዓበየት ጓል ነቦ ። >> >>
81. ክፍሊ ናይ ቆልዑ ገንዘብ ። >> >>
82. እተፈላለየት ሰበይቲ ። ገጽ 22
83. ድሕሪ ኣከፋፋል ። >> >>
84. እቶም ቆልዑ ምስ ኣዲኦም ወ ምስ ኣብኦም ። >> >>
85. ኣከፋፋል ክኸውን ከሎ ። >> >>
86. ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ስምምዕ እንተሰኣኑ ። >> >>
87. ምናልባት ካብ ሓድኦም ሕጊ ዘፍረሰ ። >> >>
88. ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ገንዘቦም ምስተኻፈሉ ። >> >>
89. ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ብዝተፈላለዩ ኣፍ ቈልዑ ። >> >>
90. ሰብኣየ ዝሞታ ሰበይቲ ። >> >>
91. ሰበይቱ ክይወለደት ዝሞተቶ ሰብኣይ ። >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፫ (13) ። ዋሕስ ጓል ።

92. ሓዳሮም ዘይወጽኡ ከም ዘይወሓሱ ። ገጽ 22
93. ሰበይቲ ሰደዐ ። ገጽ 23
94. ዋሕስ ሰርዓትን ሰበይቱን ። >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፬ (14) ። ዝሙት ።

95. ዘይተሓጸት ጓል ። ገጽ 23
96. ሕጋ ፈሪሳ እንተተረኽበት ። >> >>
97. እታ እተዓመጸት ጓል ። >> >>
98. በዓልቲ ቃል ኪዳን ። >> >>
100. ምብልሻው ድንግልና ። >> >>
101. እታ ተዓሚጸ እትብል ዘይተሓጸየት እንተኾነት ። >> >>
102. እተዓመጸት ጓል ሕጽይቲ እንተኾነት ። >> >>

103. እት ሕጽይቲ ተዓሚጸ ዝበለት ። . . . . >> >>
104. ካብ በረኻ ወይ ካብ ዓዲ ምዝራፍ ። . . . . ገጽ 24
105. እታ ዝተዘረፈት ጓል ሕጽይቲ እንተኾነት ። . . . >> >>
106. መርዓውን መርዓትን ምስተመርዓዉ ። . . . . >> >>
107. ንፈላሲትን ቈራቢትን ማእምንን ዝዓመጸ ። . . . >> >>
108. ንሰበይቲ ሰብኣይ ዝዓመጸ ። . . . . . >> >>
109. ሰብኣይ ኣብ ዘይሰብይቱ ዝተረኽበ ። . . . . >> >>
110. ሰበይቲ ቀሺ ወይ ድያቆን ዝዓመጸ ። . . . . >> >>
111. ሰበይቲ ቀሺ ወይ ሰበይቲ ድያቆን ብድላያ ዝተገሰት . . >> >>
112. ንፍትሕቲ ሓያም ዝዓመጸ ። . . . >> >>
113. ዘይተፈትሐት ማእምን ። . . >> >>
114. ሰብኣይ ኮነ ሰበትቲ ኮነት ዝዘመዉ ። . . >> >>
115. ንመርዓቱ ዘፈንጠጠ ። . . . . ገጽ 25
116. ሰብኣይ ንሰበይቱ ዘሕመመ ። . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፭ (15) ። ኣዋራራስ ገንዘብ ።

117. ወላዲ ዝገደፎ ዕዳ ። . . . . . . ገጽ 25
118. ናይ ወላዲ ቤት ። . . . . . . >> >>
119. ኣባት (ኣቦ) ብህይወቱ እንከሎ ። . . . . . >> >>
120. ኣባት ሞይቱስ ወዱ ወረሱ እንተጸንሐ . . . . >> >>
121. ሰብኣያን ደቃን ዝሞቱዋ ። . . . . . >> >>
122. ተፈቲሓ ዝኸደት ሰበይቲ ። . . . . . >> >>
123. ወለዲ ንዝተመረቖም ውሉድ ። . . . . . >> >>
124. ሕሳስ ሊደ ። . . . . . . >> >>
125. ዝወለደትን ዘይወለደትን ሰበይቲ ። . . . . >> >>
126. እናት (ኣደ) ብህይወታ ከላ ። . . . . . >> >>
127. ዉሉድ ንንኡን ነቡኡን ዝወረሰ ። . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፮ (16) ። ጸርፊ ።

128. ምቅንጣጥ ምስሌነ ። . . . . . . ገጽ 26
129. ጸርፊ ኣሽሙር ንዓሌት ። . . . . . >> >>
130. ከም ብቱኽ ዝበለ ። . . . . . . >> >>
131. ንዓሌት ንደም ዝነቕነቐ . . . . . . >> >>
132. እቱ መጀመሪያ ጸራፊ ። . . . . . >> >>
133. መ- መሪያ ተጻሪፎም ምስተፈላለዩ ። . . . . >> >>
134. ሓዳሩ ዝወጸን ዘይወጸን ውሉድ ። . . . . >> >>
135. ጸሪፍካኒ ወቒዕካኒ ዝበለ ። . . . . . >> >>
136. ንሰበይቲ ሰብኣይ ብጸርፊ ዝኸሰሰ ። . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ ፲፯ (17) ። መውቃዕቲ ።

137. ብኢዱ ወይ ብበትሪ ደም ዘየፍሰሰ ። . . . . ገጽ 26
138. ብኢዱ ወይ ብበትሪ ደም ዘፍሰሰ ። . . . . ገጽ 27
139. ስኒ ኮርምቲ ዝሰበረ ። . . . . . >> >>
140. እዝኒ ዘጽመመ ። . . . . . . >> >>
141. ብምሳር ብሓጺን ዝሃረመ ። . . . . . >> >>
142. ብናይ ድንገት ባእሲ ። . . . . . . >> >>
143. ኣብ ክሳድ ክቾትል ዝሓለፈ ። . . . . . >> >>
144. መጽለል ዝህብ ። . . . . . . >> >>

145. ሰብኣይ ንሰበይቱ ዝሃረመ ። >> >>
146. ክጻባእ ኢሉ ዝኸደ ። >> >>
147. ንጥንስቲ ዝወቕዐ ። ገጽ 28
148. ዝተፈትሐት ሰበይቲ ። >> >>
149. እተወቕዐት ጥንስቲ እንተኾነት ። >> >>
150. ክልተ ሰብ ምስተዋቕዑ ። >> >>

**ክፍሊ ፡ ፲፰ (18) ። ዘራይ ።**
151. ብዝረ ጸርፊ መውቃዕቲ ። >> >>
152. ክልተ ሰብ ክበኣሱ ብዘራይ ። >> >>

**ክፍሊ ፡ ፲፱ (19) ። ከትሪ ።**
153. ዝኸተረ ሰብ ። >> >>
154. ምናልባሽ እቲ ተኸታሪ ዓወት እንተረኸበ ። >> >>
155. ከታሪ ሰራቒ ። >> >>

**ክፍሊ ፡ ፳ (20) ። ቅትለት ።**
156. ፈውሲ ስራይ ። ገጽ 28
157. ፈሊጡ ብውሳይ ዝበደለ ። >> >>
158. ጋር ነብሲ ። ገጽ 29
159. ብድንገት ዝቐተለ ብድላይ ዝቐተለ ኣከፋፍል ጋር ። >> >>
160. ጋር ዝበልዑን ኣመቻቕልኡን ። >> >>
161. ነብሲ መይትዎ ጋር በሊዑ ዝጸንሐ ። >> >>
162. ማንታ ዝቐተለ ። >> >>

**ክፍሊ ፡ ፳፩ (21) ። ስርቂ ።**
163. ካብ ቤት ኣቕሓ ዝሰረቐ ። ገጽ 29
164. ካብ ቤት ገበላ ክብቲ ዝሰረቐ ። >> >>
165. ገንዘብ ክብቲ እኽሊ ዝተሰርቆ ። >> >>
166. ናውቲ መሳርዕ ዝተሰርቆ ። >> >>
167. ሓሰር ዝተሰርቆ ። >> >>
168. ብዘይ ፍቓድ ሰብ መሬት ዝተቈርጸ እም ። >> >>
169. ኣብ መሬት ሽሔና እም ዝጠጠፈ ። ገጽ 30
170. ጥፉኣት መጽዓዐ ። >> >>
171. ዝኾነ ይኹን ዝሰረቐ ቈልዓ ። >> >>
172. ኣቕሓ ቤተ ክርስትያን ዝሰረቐ ። >> >>
173. ንህቢ ዘለዎ ቆፎ ። >> >>
174. ሓላፊ ዕስለ ንህቢ ። >> >>
175. ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ። >> >>
176. መዓር ጭደናይ ።. >> >>
177. ንህቢ ኣብ ጓንጓ ዝተረኸበ ። >> >>

**ክፍሊ ፡ ፳፪ (22) ። ምስክርን ማሕላን ።**
178. ናይ ነብሲ ። ገጽ 30
179. ናይ ገብሲ (ገንዘብ) ። ገጽ 31
180. ኣበልገ ኣቦ ጡብ ። >> >>

181. ብናይ ሰርቅን ዓመጽን ። . . . . . . . >> >>
182. መሬትን ርስትን ። . . . . . . . >> >>
183. ክሳሲ ተኸሳሲ ብርስቲ ። . . . . . . . " "
184. ኣብ ቤተ ክርስትያን ዘምሓለ ። . . . . . . >> >>
185. ነገረ መሬት ። . . . . . . . >> >>
186. ውላድ ዳኛ መመሻኸሪ ። . . . . . . >> >>
187. ውላድ ዳኛ ንኸልተ ሰብ ነገር ። . . . . . . >> >>
188. ውላድ ዳኛ ኣብ ምስክር ። . . . . . . >> >>
189. ብ ሰለስተ ምስክር ዝውዳእ ነገር ። . . . . . >> >>
190. ክልተ ሰብ ነገር ብርስቲ ምስ ገጠሙ ። . . . . . >> >>
191. ብሓሶት ምስክር ዝተኸሰ ። . . . . . . >> >>


## ክፍሊ ፣ ፳፫ (23) ። ኣገባብ ዳኛ ።


192. ኣገባብ ዳኛ ። . . . . . . . . . ገጽ 32
193. ክሳሲ ንተኸሳሲ ናብ ዳዕ ምቕራቡ ። . . . . . . >> >>
194. ቃል ሃጸይ ። . . . . . . . . >> >>
195. መጀመርያ ቃል ሃጸይ ዝቕበሎ መጸውዒ ። . . . . . >> >>
196. ተኸሳሲ ዕለት ምስ ጠበቓ እንተበለ ። . . . . . . >> >>
197. ጠበቓ ኣብ ርእሲ ጠበቓ ። . . . . . . . >> >
198. ክሳሲ ክሲሱ ክብቅዕ ። . . . . . . . >> >>
199. ወላዲ ንደቁ ምሕጋዝ ። . . . . . . . >> >>
200. ክልተ ሰብ ነገር ምስተዋረዱ ። . . . . . . >> >>
201. ኣብ ቅድሚ ዳኛ ክልተ ሰብ ነገር ። . . . . . . ገጽ 33
202. ኣብ ቅድሚ ዳኛ ምግዛዝ ። . . . . . . . >> >>
203. ኣብ ቅድሚ ጭቃን ምስለኔን ምብኣስ ። . . . . . . >> >>
204. ንዳኛ ኣብ መጋብእያኡ ዝጸረፈ ። . . . . . . >> >>
205. ክብቲ መጽዓኛ ገመል ቤት ዝሸይጥ ። . . . . . . >> >>
206. ዝመስከረ ዳኛ ። . . . . . . . . >> >>
207. ዳዕ ፣ ሓለቓ ፣ ነበሩ ። . . . . . . . >> >>
208. ክልተ ብኡሳት ። . . . . . . . . >> >>
209. ሽማግለ ። . . . . . . . . >> >>
210. መማሻኸሪ ። . . . . . . . . >> >>
211. ዳኝነት ። . . . . . . . . >> >>


## ክፍሊ ፣ 24 ። ክብካብ ።


212. ። ክብካብ ። . . . . . . . . . ገጽ 34
213. ። ኣንበሳ ሓርማዝ ሞያ ብእንስሳ ። . . . . . . >> >>


## ክፍሊ ፣ 25 ። ቀብሪ ።


214. ሓመድበ ። . . . . . . . . . ገጽ 34
215. ብዕለት ሰንበት ። . . . . . . . . >> >>
216. ኣብ መዓልቲ ካልኣይ ቀብሪ ። . . . . . . >> >>
217. ሓዘንተዐ ። . . . . . . . . >> >>
218. ተጻሒፉ ዘሎ ቅጽዓት ። . . . . . . . >> >>


## ክፍሊ ፣ 26 ። ተዝካር ።


219. ተዝካር ። . . . . . . . . . ገጽ 34

220. ወላዲ ምስ ሞተ ። >> >>
221. መርዓን ተዝካርን ። ገጽ 35

ክፍሊ ፤ 27 ። ኣከፋፍላ ካሕሳ ።
222. ካሕሳ ። ገጽ 35

ክፍሊ ፤ 28 ። ዓስቢ ግዙእ ወይ ጓሳ ።
223. ግዙእ ሓዳሩ ዘይወጸ ። ገጽ 35
224. ኣብ ዓዲ ዘሎ ጓሳ ። >> >>
225. ኣብ መሬት ደጕዓ ዝጓሲ ። >> >>
226. ዝኾነ ኣቅሓ ዘጥፊኤ ግዙእ ።
227. ብውሳይ ዝበደለ ። >> >>
228. ዓሰባ ሓላው እኽሊ ። >> >>

ክፍሊ ፤ 29 ። ኣናባባር መሬት ርስቲ ።
229. ሕልቅነታ ፤ ዳቢታ ። ገጽ 36
230. ርስቲ ፤ ቤት ፤ ክሸይጥ ዝደለ >> >>
231. ሰብኣይን ሰበይትን ብርኪ ዝገዝእዎ መሬት ። >> >>
232. ዕውዲ ርስቲ ። >> >>
233. ክልተ ዓሌት ። >> >>
234. ሓው ኣብ ዝነበረ ነቢሩ ዓዲ እንተኣቶ ። >> >>
235. ኣብ መሬት ርስቲ ብፍቅሪ ዝግበር ። >> >>

ክፍሊ ፤ 30 ። ኣናባባር መሬት ሽሑና ።
236. ሕልቅነት ንብርነት ። ገጽ 36
237. ግብሪ ምስተመደበ ። >> >>
238. መደቦም ምስ ፈለጡ ። >> >>
239. መለሳ መሬት ። >> >>
240. ሰበይቱ ዝመተቶ ። ገጽ 37
241. ዓዲኮታቶም ዝዓበዩ ። >> >>
242. ግብሪ ዝረክበ ውሉድ ። >> >>
243. ግራት ፈረቓ ። >> >>
244. ተዋፈሩ ዝጸግኤ ። >> >>
245. መንገዲ ውሕጅ ። >> >>
246. ዝሩእ ግራት ። >> >>
247. ንቤተ ክርስትያን ዓዲ ዝተዋህበ ። >> >
248. ብዘይፍቓድ ዋና ። >> >>
249. ብመሬት ኣሕዋት ። >> >>
250. ነባር ዓውዲ ። >> >>
251. ሓዲሽ ዓውዲ ። >> >>
252. ነባር ዓውዲ ዝኾዓተ ። >> >>
253. ዝጸቐጠ ወይ ዝነስነሰ ። >> >>
254. ብምጽቃጥ ዓውዲ ። ገጽ 38
255. ሓደጋ ገባር ። >> >>

ክፍሊ ፤ 31 ። ቤት ዘማስሑ ።
256. ቤት ዘማስሑ ። ገጽ 38
257. ዝማሳሕ ቦታ ። >> >>

258. ካብ ሽማግለ ዝሓለፈ ። … >> >>
259. ሰለስተ ሽማግለ ዘይወሃብ እንተሃቡ ። … >> >>
260. ውናኡ ዝነበሮ ። … >> >>
261. ሽማግለ ዘይሃብዎ ። … ገጽ 38
262. ብሓደ ዝደረገ ገዛውቶም ። … >> >>
263. ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ ። … >> >>
264. ኣብ ከተማ ዘሎ ቤት ። … >> >>
265. ሰብኣይን ሰበይትን ብሓደ ዝሰርሕዎ ። … >> >>
266. ሰፍራ ቤት ዝሰፈረ ። … >> >>
267. ሰብሳብ ኣብ ቤት እንዳማቱ ። … >> >>


## ክፍሊ ፥ 33. ። ሓዊ ዘቃጸለ ።


268. ንቤት ፈሊጡ ዘቃጸለ ። … ገጽ 39
269. ንቤት ብድንገት ዘቃጸለ ። … >> >>
270. ኣብ ቤቱ ከምኡ ግራቱ ብድንገት ዝሓረሮ ። … >> >>
271. ንኩምሪ ግራት ፈሊጡ ዘሕረረ ። … >> >>
272. ኩምሪ ግራት ብድንገት ዘሕረረ ። … >> >>
273. ኩምሪ ሓሰር ብኽፍኣት ዘሕረረ ። … >> >>


## ክፍለ ፥ 34 ። ሓላው እኽልን ሕዛእትን ።


274. ሓላዊ ናይ ዘርዓ ። … ገጽ 39
275. ግራት ካብ እትበቍል ። … >> >>
276. እቲ ሓላዊ ። … >> >>
277. ዋና ግራት ። … >> >>
278. ግራት ምስተዓጽደ ። … ገጽ 40
279. ሓጹር ገንጺሉ ። … >> >>
280. ዋና ግራት ። … >> >>
281. ዋና ነታ ግራቱ ። … >> >>
282. ብሓጋይ ። … >> >>
283. ንሕዛእቲ ፈሊጡ ዘቃጸለ ። … >> >>
284. ብድንገት እንተኾነ ። … >> >>
285. ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ ። … >> >>
286. ብዘይ ኀሳ ። … >> >>
287. ሓላዊ ኣፉ ምስከሩ ። … >> >>
288. ሓላዊ ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ ። … >> >>
289. ሓላዊ ምስ ዘነበ ። … >> >>
290. ካብ ሕሩም ሕዛእቲ ። … >> >>
291. ሓላዊ ክዘንብ ከሎ ። … ገጽ 41
292. ንሕሩም ሕዛእቲ ምዕጻድ … >> >>


## ክፍሊ ፥ 35 ። እንስሳ ።


293. ናይ ዝኾነ ዓይነት እንስሳ ። … ገጽ 41
294. ናይ ዝኾነ እንስሳ ኣካላት ። … >> >>
295. ከብቲ ኻብቲ ። … >> >>
296. ናብ ዝኾነ ጋብላ ኣርሓን በቐልን ። … >> >>
297. ንዝኾነ እንስሳ መልሓስ ምቕራጽ ። … >> >>
298. ኻልቢ ተተሃዚሉ ። … >> >>
299. ዘይከልቡ ዘሰምበረ ። … >> >>

300. ከልቢ ንጠለ በጊዕ ። . . . . . . . >> >>
301. ንሳ ወይ በዓል ታራ ። . . . . . . >> >>
302. ሃላሊ ኣድጊ ። . . . . . . . >> >>
303. ሓላው ታራ መጽዓዐ ። . . . . . . >> >>
304. ታራ ዓስነት ። . . . . . . . ገጽ 42
305. ዋና መጽዓዐ ። . . . . . . . >> >>
306. ብዘይ ፍቓድ ዘይበቕሉ ዝጸዓነ ። . . . . . . >> >>
307. ኣድጊ ብዘይ ፍቓድ ዝጸዓነ ። . . . . . . >> >>
308. ኣድጊ ዋና ምስ ኣውፈሮ ። . . . . . . >> >>
309. ንብዕራይ ብዘይፍቓድ ። . . . . . . . >> >>

## ክፍለ ፡ 36 ። ማእከላይ ዓሌት ።

310. ማእከላይ ዓለት ክርስትያን ። . . . . . ገጽ 42
311. ማእከላይ ዓለት ኣስላም ። . . . . . >> >>

## ክፍሊ ፡ 37 ። ኣናባባር ቤተክርስትያን ፡ ቤትትምህርቲ ።

312. ኣናባባር ንቤተክርስትያን ዓዲ ። . . . . . . ገጽ 42
313. ኣናባባር ቤተ ትምህርቲ ። . . . . . ገጽ 43

## ሕጊ ፡ ኣድግና ፡ ተገለባ ።

### ክፍሊ 1 ። - ናይ ሕጻን ።

1. ቈልዓ ምስ ተወልደ ፡ ጓል ትኹን ወዲ ይኹን፡ ምናልባት ካብ በዓልቲ ቃል ኪዳን ብውድቀት ዝተጸንሰ እንተኾነ ምሒላ ዉሉድ እገሌ እዩ ቢላ ኣብ መዓልቲ ጥምቀቱ ትንገር ። ብኡ ዝኣክል ምኽንያት ስምምዕ ምስ ሰብኣያ እንተሰኣነት ዘዝግበኣም ተኻፊሎም ይፈላለዩ እምበር ብውርሻ ኪዲ ክብላ ኣይክእልን ።
   ብወሰን ዝወለደት ሰበይቲውን ከምኡ ኣብ ጥምቀቱ ወዲ እገሌ እዩ ቢላ ምሒላ ትንገር ። (ማለት ኣቦኡ ተፍልጥ ።)
   ንዙ ነገርዚ እቶም ዘጠመቑ ካህናት ኣብኡ ዝነበሩ ሳምዕን እዮም ምስክሩ ።
2. ኣብ ኰለን ኣብያተ ክርስትያናት ሓደ መጽሓፈ ጥምቀት ብገንዘብ ብተ - ክርስትያን ይቑም። ዝጥመቑ ሕጻናት ይጽሓፈሉ ። ምስ ንዋት ቅድሳት ኣብ ኢድ ገበዝ ይተሓዝ (ይቕመጥ) ።
3. እናት ኣብ ጥምቀቱ ምሒላ ኣቦኡ ምስኣፍለጠት ካልኣይ ግዜ ንኻልእ ኣቦ ክትዕድል ኣይከኣላን ። ምንምኳ እንተተዛረበት ኪቐውም ኣይክእልን ፍሩስ ይኹን ። እቲዳሕራዋይ እውን ኣይቀበሎ ። እቲ ኣብ ጥምቀቱ ምሒላ ዝሃበቶ ወላዲ ኣይናተይን እሉ ክኣቢ ኣይክኣሎን ። ከምስርዓት ተቐቢሉ ይቐልብ ውሉዱ የዕቢ ።

### ክፍሊ 2 ። - ናይ ወለድን ፡ ዉሉድን ። ንወለዱ ተመሪቑ ተኣዚዙ ዝቕመጥ ።

4. ዉሉድ ተተሓዝቲ ወለዲ እዮም ። ዘምጸኦ ገንዘብ ንወለዲ እዩ ። ከምኡ ከኣ ዘምጸኦ ዕዳ ሓለፍቲ ወለዲ እዮም ።
5. ተማእዚዞም ዘገልግሉ ዉሉድ ፡ ወለዶም ኣስተምሂሮም የሕጽይወምን የመርዕዉዎምን ።

### ክፍሊ 3 ። - ሕጻ ።

6. ጓል ክትሕጸ ከላ ኣባት የኣዝዝ ። ኣባት ምዉት ወይ ኣብ ርሑቕ እንተኾነ ምስ ኣኪታታ ተጣይቑ ሓዉ የኣዝዝ ። እቲ ሓዉ 25 ዓመት ዘይመልኤ እንተደኣ ኮነ ዕድመኡ ፡ ሓውቦ ምስ ኣኪታት ኮይኑ ይኣዝዝ ።

7. ጓል ኣብ ዓሰቢ ወይ ምስ እኖኣ ወይ ምስ ኣኪታታ እንተጸንሐት ሓው ይኣዝዝ። ሓው ዜብላ እንተ ደኣ ኾነት ዓብይ ሓውቦኣ ይኣዝዝ።

8. ጓል ምስ ሓውቦኣ እንተ ጸንሐት እሞ ኣቦ ወይ ሓው ዜብላ እንተ ደኣ ኰነት እቲ ሒዙዋ

ዘሎ ሓውቦኣ የኣዝዝ።

9. ኣቦኣ ኣሕዋታ ሓውቦታታ ብዝኾነ ምኽንያት ነታ ጓል ኣይነሕጽያን ኣይነመርዕዋን ካባና ውጽኢቲ እያ እንተበሉ ኣብ ኸድሚ ዳኛን ምስክርን ይፈጽሙ። ካብ ፈጽሚ ንደሓር ኣኮታት ንዝደለይዎ ክሕጽይዋን ክመርዕውዋን ይክኣለም።

10. ኣቦን ሓውን ዜብላ ጓል ኣብ ማእከል ዓዲ ዘሕጽያ እንተረኸበት ኣኮታት ዝደለይዎ እንተደኣ ኮነ ሓውቦታታ ክኽልክሉ ኣይክኣለምን።

11. ኣቦወዲ መንነኛ ገቢሩ ነቦ ጓል ጓልካ ንወድይ ሃበኒ ይበሎ። ሕራይ እንተበሎ ቅድሚ ቆጸራ ክልተ ቆላዑ ይረኣኣዩ። ድላይና እዩ እንተተበሃሃሉ ንወልዶም ይነግሩ። ብድሕሪ እዚ ምልክት ናይ ሕጸ ዝኣስርላ መዓልቲ ቆጸራ ይግበሩ።

12. ኣብቲ ቆጸራ መዓልቲ ኣቦ ወዲ ካብ 5 ሰብ ከየብዘሐ ስልማት ኣሒዙ ናብ እንዳ ጓል ይኸይድ።

13. ስልማት ናብ ሕጸ ጓል ዝኣቲ ክልተ ቃለበት፣ እዝኒ ብሩር፣ ሓደ መስቀል፣ ናይ ክሳድ ብሩር፣ ሓደ ኩይስ (ሑድይ ማለት እዩ።)

14. ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጻሒፉ ዘሎ ሕጸ ነገራት ክሳብ መዕልቲ መርዓ መንነኛ እዩ ምስክረም።

15. ንሓያም ክሕጺ ዝደለ ከም ምስምማምዑ ነዓኣ ኣፍትዩ ክሕጺያ ይኽእል።

## ክፍሊ ፡ 4 ። ምፍልላይ ሕጸ ።

16. ካብታ መንነኛ ገቢሮም ዝተቛጸሩላ መዓልቲ ንደሓር ካብ ሓዲኦም ኣይደልን ቢሉ እንተጠለመ መፈንፈኒ 55 ቅርሺ ይኸሕስ። እታ ሕጽይቲ ተሸሊማቶ ዝነበረት ስልማት እንተ ጠፍኤ ወይ እንተጎደለ በቲ ዝፈላለይሉ ዘሎ ጊዜ ዋጋ ሓሲቦም ኣቦ ጓል የሃቦ። ናይ ዝተኸደነቶ ክዳን ግን ትሩፍ እዩ። ካልእ ገንዘብ ተዋሃሂቦም ዝነበሩ ይመላለሱ።

17. ኣቦ ጓል ከብቲ ሂቡ እንተነበረ ካብኡን እንተ ሞታኡን ኣቦ ወዲ ነቦ ጓል ስጋ ወይ ቆርበት ምልክት ይርእዮ። እንተዘየርኣየ ኣምሳያ ይኸፈል።

18. ዝጠፍኤት ከብቲ ኣራዊት ዝበልዓ ውሒጅ ዝወሰዳ ምልክት ዘይተረኸባ ኣቦ ወዲ ነቦ ጓል ብመንነኛ ገቢሩ እታ ዝጠፍኤት ከብቲ ናብ ደጕዓ መሬት እንተ ደኣ ኮነት ክሳብ 15 መዓልቲ። ኣብ መሬት ባሕሪ ምስ ወረዳ እንተ ደኣ ኮነ ክሳብ ሓደ ወርሒ ካብታ ጠፊኣ ዝበላ መዓልቲ ይንገር። እንተነገረ ዕዳ የብሉን። ከይነገረ እንተ ተቐመጠ ግን ኣምሳያ ይኸፍል። ነዚ ነገር እዚ ኣቦ ጓል እንተዘይኣመነ ከምስርዓት ይጠይቕ።

19. ኣቦ ጓል ነታ ጓሉ ዘግዘማ ከብቲ ምስ ኣቦ ወዲ ክሳብ ዘለዋ ጊዜ ሕልበትን ሕርሳትን ሃበኒ ክብሎ ኣይክኣሎን። ኣቦ ወዲ ከኣ ናይ ዝሃቦ ገንዘብ ሕልጻኢ (ውልዳት) ናይ ሳዕሪ ብላዕ ዓሰቢ ጓሳ ግብሪ ንጉስ ናይ መኩተባ ክፈለ እየ ሃበኒ ክብል ኣይክኣሎን ።

## ክፍሊ ፡ 5 ። መርዓ ።

20. ኣቦ ወድን ኣቦ ጓልን ንመዓልቲ መርዓ ኪቛጸሩ እንከለዉ በቲ መንነኛ ገቢሮም ይቛጸሩ ።

21. ኣቦ ጓል ነቦ ወዲ ሓንቲ ጠልን ሓደ ኣቦሰንቲ ጠሰሚ፣ ገቢታ እኸሊ ብሱል፣ ምሳሕ መርዓ ይኣዝዝ ።

22. ኣቦ ጓል መርዓ ዝወርዶ ካብ 5 ክሳብ 15 ሰብ ነቦ ወዲ ይኣዝዝ ። ንዕለቱውን ካብ ዝደልዮ ዓዲ ወይ ዓሌት ፈልዩ ዋሕስ ጓል ዝኸውን ይኣዝዝ ።

23. ኣብ መዓልቲ ምዝራፍ ከቦሮ ጓይላ ክልኩል እዩ ። ዘፍረሰ ቅጽዓቲ 55 ቅርሺ ጭቃ ቀጺዑ ንቤተክርስትያን ይህብ ።

24. ኣብ መዓልቲ መርዓ 3 ኣዕርኽቲ ብዝተሸለሙ ካልእ ሽልመ ዲኖ ዋልታ ጋማ ያሆ ከበሮ ።ካልእ ጸውቲ ጎርዞ ጊለዋ ሓሜን ክልኩል እዩ ። ሪም ጎርዞ ጊለዋ ዝነበረ ኩሉ ትሩፍ እዩ። ዘፍረሰ ቅጽዓቱ 110 ቅርሺ እዩ ። ጭቃ ዓዲ ካብ ዋሕሱ ዓጊቱ ንቤተ ክርስትያን ይሃብ።

25. ኣብ መርዓ ዛቁናይ ቀርኒ ሓሪሽ ደባል ከበሮ ጓይላ ክልኩል እዩ ። ዘፍረሰ 11ኦ ቅርሺ እዩ። ቅጽዓቱ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጻሒፉ ዘሎ ።
ኣብ መዓልቲ መርዓ ኣቦ ጓል ነቦ ወዲ ማሰኛ መሸኸት ጭራዋጣ እምብልታ ኣውርድ ኢሉ ከይእዝዞ ክልኩል እዩ ። ነገር ግን እዞም ዝበልናዮም ተጻወቲ በቦ ጓል ኮነ በቦ ወዲ ተዓዲሞም ንታ መዓልቲ መርዓ ክጻወቱ እንተደለዩ ሕጊ ኣይክልክሎምን ። እንትኾነ ግን ኣብቱ እተዓደሙሉ ቦታ ንቱ ሻየ ማይ ኣጥፊኡ ዝዓደሞም በዓል ጉዳይ እንተዘይከይኑ ንኻልእ ሰብ ከየእንግዱ ክልኩላት እዮም ። ቅድሚ ጸወታ ምጅማሮም ኣብቱ ጭቃ ዓዲ ወይ ወኪሉ ዋሕስ ይተኸሉ ዋሕስ ከይተኸሉ ከይጸወቱ ግን ብሕጊ ክልኩላት እዮም ። ንዚ ተወሲኑ ዘሎ ሓላዊኡ እቱ ጭቃ ወይ ወኪሉ እዩ ። ንዚይ ዘፍረሰ 55 ቅር ቅጽዓቱ ንቤተ-ክርስትያን ። ኣብ መርዓ ዲያቆን ካህናት ከምቱ ስርዓት ክሀነት ከፍጽሙ ይኽእሉ ።

26. ኣቦ ወዲ ከምቱ ኣቦ ጓል ዝኣዘዞ ቅጽሪ ሰባት ኣሒዙ መርዓ ይወርድ ። ካብ እተወሰነ ቅጽሪ ሕልፊ ኣብ ዳስ እንተምጺኡ እቱ ጭቃ ዓዲ ናይ ዓዲ ጓል ካብ ዋሕስ ኣቦ ወዲ ናይቶም ሕልፊ ዝተረኽቡ ቅጽሪ ነብሰወከፍ 6 ቅርሺ ቀጺዑ ንቤተ-ክርስትያን ዓዲ ጋል ይሃብ ።

27. ኣብ መዓልቲ መርዓ፣ እቱ ጭቃ ዓዲ መርዓ ኣብ ዳስ ምስ ኣተዉ፣ ቅድሚ ኵሉ ነቦ ጓልን፣ ነቦ ወድን፣ ስርዓት ዘፈጽሞም ወዋሕሶም የትክሎም። ጭቃ እንተዘይጸንሐ፣ እቱ ምቕማጥ ጭቃ የትክሎም።

28. ኣብ መዓልቲ መርዓ፣ ኣቦ ጓል ንጓሉ ፣ ኣቦ ወዲ ንወዱ ፣ ከከም ሓሳቦም ይሸደኑዎም ።

29. ኣብ መዓልቲ መርዓ ዝወሓስ ፣ ሓደ ኣቦ ጓል ዝመረጸ እዩ ። ግና ዋሕስ ጓል ክተክል ክሎ ኣቦታትን ኣኮታትን ብሓደ ኮይኖም ይትክሉን ይፍጽሙን ። ከምኡ እውን እንዳ ወዲ ይፈጽሙዎ ። እቱ ዋሕስ ጓል ፣ (ሰደኛ) እንተተኸለ ካብ ትካል ዳስ ንደሓር ትካል ጕዲሉኒ ቢሉ ወይ ኣቦ ጓል ፣ ወይ ኣቦ ወዲ ፣ ብዝርከብ ዋሕስ ክሊቲኦም ኮይኑ ዝዕገት ንሱ እዩ ።

30. ኣብዳስ ዋሕስ ምስተተኸለ ፣ ክሊቲኦም ወለዲ ፣ (ኣቦ ጓልን ኣቦ ወድን) ደቂ ክንደይ ዓመት ከምዝኾኑ ዕድመኦም ነናይ ደቆም ይንገሩ ።

31. ኣቦ ጓል ዝሃቦ ገዝሚ ፣ ንወድን ንጓልን እዩ ። ምናልባት ነቦ ወዲ ፣ ክጠቅም እንተደለየ ፣ ኣብ ገዝሚ ዘይጽንበር ብላዕሊ ይሃቦ ። (ከም ፍቓዱ ።)

32. ቃል ኪዳን ኣበነብሶም ፣ ኣብ ዓዲ ጓል የእስሮም ።

33. ኣቦ ጓል ኣብ ክንድኡ እገሌ ቢሉ ካብ ዝደለዮ ዓዲ ዝኣምኖ ሰብ ኣብዳስ ምስንዳ ወዲ የዳርጎ ። ካብኡ ዋናኣ ኮይኑ ምሳኣ ንዓዲ ሰብኣያ ይኺድ ፣ ሰብኣያ ክሳብ ኣብ ዓዱ እትበጽሕ ብግብረ ስጋ ኣይቕረባ ። ሓለውታ እቱ ኣቦኣ ዝዳረጎን ዓርኪ እዳኖን እዮም።

34. ዓዲ ሰብኣያ ምስ ኣተወት ብግብረ ስጋ ምስ ሰብኣያ ምስተራኸቡ ፣ ድንግልነኣ ፈሪሱ ጸኒሑኒ እንተበለ ብቕልጡፍ ንዕለቱ ንዓርኪ እዳኖን ፣ ንወለዱን ይንገር ፣ ብኡ ንብኡ ናብ ዳዐ ዓዲ ይውሰዱዋ ፣ ብቕልጡፍ ንቱ ክንደቦኣ ዝተደረገ ይንገርዎ ። ምስኡ ኮይኖም ብ3 ዝፍለጣ ሽማግለታት ኣንስቲ ፣ ሓንቲ ዳኛ ዓዲ ዝመረጸ ፣ ሓንቲ ኣቱ ዋና ጓል ፣ ሳልሰይቲ እቱ ኣቦ ወዲ ዝመረጸ ፣ ዝምድና ዘይብለን ምሒለን ይኽለለኣ ። ርግጽ ናይ ቀደም እዩ እንተበላ 55 ቅርሺ ካብ

ሰደዐ ዓጊቱ ኣቦ ወዲ ይኽሓስ ። ብድንግልናኣ እያ እንተበላ ወይ ከኣ ሓዲሽ እዩ እንተበላ ፡ 55 ቅርሺ ካብ ሰደኛ ዓጊታ ትኽሓስ ። ብካልእ ወጌሳ ከትኸለል ክልኩል እዩ ።

35. ድንግልናኣ ፈሪሱ ጸኒሑዎ ክእከባ እንተደለየ ከም ፍቓዱ ይግበር ። ኣይደልየን እንተበለ ግን ብናይ ቃል ኪዳን ኣሲሮሙዎ ዝነበሩ ብመንፈሳዊ ይበይኑ ።

36. ኣቦ ወዲ ንመርዓውቲ ሓደ ወርሒ የሓጽኖም ። ካብ ኣዕሩኽ ሓደ ክሳእ ዓሰር ይጽናሕ ፡ እቶም ካልኦት ኣዕሩክ ግና ኩላቶም ንጽባሒቱ ነኒገዘኦም ይኺዱ ። ዝተረፈ ዓርኪ ክሳብ ዓሰር የገልግሎም ። ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝግበር ዝነበረ ምስራቕ ምስባር ደራሁ ካልእ ከምኡ ዝመስል ነገራት ክይግበር ክልኩል እዩ ። ዘፍረሰ ዓርኪ ከምቱ ኣብ 396 ቍጽሪ ተወሲኑ ዘሎ ቅጽዓት ተቐጺዑ ኣብርእሲኡ 6 ቅርሺ ጭቃ ካብ ዋሕሱ ቀጺዑ ንቤተ-ክርስትያን ይህብ ።

37. ኣቦ ወዲ ነዚ ተወሲኑ ዘሎ ሕጊ እንተፍረሰ ጭቃ 55 ቅርሺ ቀጺዑ ንቤተ-ክርስትያን ይሃብ ።

38. ሓማት ኣብ ሳልስቲ ከም ዓቕማ ኣሒዛ ንመርዓት ወዳ ትቃላዓያ ። መቃልዒ ዝተዋሕበ ንመርዓትን ንመርዓውን ይኹን ። መፍትሕ ቅናት ዝወሃብ ዝነበረ ትሩፍ እዩ ።

39. ድሕሪ መዓልቲ መርዓ ዝግበር ዝነበረ ሪም ወይ ልምዲ ከምኒ ሳልስቲ ዓሰር ወርሒ ክልኩል እዩ ። ዘፍረሰ ቅጽዓቱ 55 ቅርሺ ጭቃ ዓዲ ቀጺዑ ንቤተ-ክርስትያን ይህብ ።

40. መርዓት ኣብ ሕጽኖታ ከላ ካብ ገዝሚ 2 ኩትሻ ብሩር ሰብኣያ ይሸልማ ። እንተዘይሸለማ ኣቦኣ ዋሕስ ዓጊቱ ካብ ገዝሚ ይሸልማ ። ሕጽኖታ ምስተጨረሸ ኣቦ ጓል ሓደ ሰብን በቕልን ይስደደላ ። ኣቦ ወዲ ሓደ ሰብ ወሲኹ ንዓደቦኣ ይስደዳ ፡ (ይምለሱዋ ።)

41. ብትካል ዳስ ኣሕማ እንተ ተናገሩ ፡ ምስክሮም ካብቶም ኣብ ዳስ ዝወዓሉ 2ተ ካብ ወገን ከሳሲ ፡ 3ተ ካብ ወገን ተኸሳሲ ገሮም ይመስክሩ ። ብዝምድና ክኽልከሉ ኣይከኣልን ።

42. ድንግልና መርዓቱ ከፍርስ ዘይከኣለ መርዓዊ ፡ ካብ እተመርዓወሉ መዓልቲ - ሚሩ መድሃኒት ስለ ክረክብ መጠረስታኡ ክሳብ እትምለስ ንዓዳ ንዓርኩን ንወለዱን ይንገር ። ካብኡ ክሳብ ሓደ ዓምት ትጸበዮ ። እቱ መርዓዊ ክይነገረ ሱቕ እንተበለ እሞ እታ መርዓት ብሐኣለይ ኣለኹ ቢላ ንወለዳ እንተ ነገረት እቱ መርዓዊ ስለዘይነገረ ካብ ሰደኛ ዓጊታ 12 ቅርሺ ትኽሓስ ። መርዓዊ ነዚ.ይ ሰሚዑ ሓሶት ትዛረብ ኣላ እምበር ሰበይቲ ኮይና እያ እንተዘየሎ ትኵለል እንተበለ ፡ ተኵሊላ ሰበይቲ ኮይና እንተጸንሐት 55 ቅርሺ ካብ ሰደኛ ዓጊቱ ይኽሓስ ። ኣዚ ስርዓት እዚ.ይ ግን መርዓዊ ወዲ 17 ዓመት ፡ መርዓት ጓል 14 ዓመት ዝገበሩ ዕድመኦም እንተኮይኑ እዩም ። ካብዚ ተወሲኑሎም ዘሎ ዓመታት ዝጐድል እንተደኣ ኮኑ ግን መድሃኒት ይጸዓረሎም እምበር ኣይከሓሓሱ ።

43. ምባእ ጥሽ ንመርዓት ፡ ድራር ማርያ ፡ ከፈር ፡ ዓሰር ፡ (ሕብስቲ) ሰዊት፣ ሓማት ፡ ከምኡ ዝመስል ካሊእ ልምዲ ዝነበረ ትሩፍ እዩ ። ንዚ.ይ ዘፍረሰ 12 ቅርሺ ጭቃ ካብ ዋሕሱ ቀጺዑ ንቤተ-ክርስትያን ይሃብ ።

44. ኣቦኡ ሞይትዎ ፡ ምስ እኖኡ ዝዓበ ውሉድ ፡ ወይ እኖኡ ሞይታቶ ምስ ኣቦኡ ዝዓበ ዉሉድ ፡ ኣብ ምምሳል ምስኮነ ስብኣይ እኖ፣ ወይ ሰበይተቦ ፡ ኣይነምስልን እንተበሉ ፡ መምስሊኡ 3ተ ካሻ እኽሊ ይሃቡዎ ። ሓደ ካሻ ብሱል ፡ 2ተ ጥረ ነናይ 5 ገበታ ፡ (ብሕሳብ ሓደ ካዕቦ ፡ 8 ምንሊክ ።) እዚ ተወሲኑ ዘሎ ንቈልዓ ካብ 7 ክሳዕ 12 ዝኾነ ዕድመኡ እዩ ። (ማለት ሕሳብ ናይ 5 ዓመት ደሞዙ ምኳኑ እዩ ። እቲ ቈልዓ ቅድሚ 12 ዓመት ምምሳኡ ክኸይድ እንተበለ ዝበጽሖ ሕሳቡ ሒዙ ይኺድ ። ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ እንተኣገልገለ ፡ ከምቱ ናይ ግዜኡ ዘሎ ደሞዙ ክቕበል ይግብኦ ።)

45. ምግዓስ ኣግዒሰ እናበልካ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ምዛር ትሩፍ እዩ ። ዘፍረሰ ቅጽዓቱ 12 ቅርሺ ቀጺዑ ጭቃ ን ቤተ-ክርስትያን ዓዱ ይሃብ ።

## ክፍሊ ፡ 6 ። - መርዓ ፡ ሓያም ።

46. መርዓ ኪቋጸሩ ከለዉ ፡ መንጎኛ ይግበሩ ።

47. ኣብ መርዓ መዓልቲ እቲ ዘመርዕዋ ሰብኣይ ፡ ሓደ ወጠጦ ዝሕረድ ፡ ነጸላን ቀሚሽን ፡ አበጀዲድ ኣሐዙ ይምጸኢ ። መርዓ ዝወርዶ ሰባት ፡ ካብ 2 ክሳብ 5 ምስ መርዓዊ እዮም ። ካብኡ ዝበዝሑ ኣይከኣልን ፡ ዘፍረሰ ቅጽዓተ 6 ቅርሺ ናብ ሓደ ሰብ ብቊጽሪ ተቐጺዑ ጭቃ ዓዲ ንቤተ-ክርስትያን ዓዱ ይሃብ ።

48. ትካል ጸመር እዩ ። ድሕሪ መርዓ ፡ ወይ ሰብኣይ ፡ ወይ ሰበይቲ ፡ ካብ ጸመር ሕልፊ ገንዘብ እንተ ነበሮ እሞ ፡ ከጽምብር ፍቓዱ እንተደአ ኮነ ኣብ ቅድሚ ግቡኣት ምስክር ጸምቢረ ኣሎኹ ቢሉ ኪነግር ግድነት እዩ ።

49. ምርዓ ኪገብሩ ቢሎም መዓልቲ ምስተቋጸሩ ፡ ሓዲኦም እንተ ጠለመ ፡ እቲ ዝጠለመ 55 ቅርሺ ነቲ እተጠልመ ይኽሓስ ። ቅድሚ ቈጸራ ሓዲኦም መርዓ ኣየድልን ፡ ጠለምኩ ፡ እንተበለ ኣይክሕስን እዩ ።

## ክፍሊ ፡ 7 ። - እትዋት ።

50. መርዓዊ ሓንቲ ጊዜ ጥራሕ እትዋት ይእቶ ። ድሕሪ መርዓ ዘላ ኣውድ ዓመት ፡ ፋሲካ ፡ ወይ መስቀል ፡ ኪኣቱ ከሎ ፡ ሓንቲ ጤል ካብ ገንዘብ ወለዲ ኣሐዙ ካልኣይ ርእሱ ኮይኑ ይእቶ ፡ ሰሙን ተሓጺኑ ይመለስ ። ሓሚቱ ኣብ ሳልስቲ ትቀላዓዮ ፡ ውሒዶ ፡ በዚሑ ፡ መቃልዒ ዝሃበቶ ነቦ ወዲ እዩ ። እቲ ዓርኪ መርዓዊ የሰኒ እምበር ካልእ ነገር ዝግበር ዝነበረ ከይገበር ክልኩል እዩ ። ነዙ ተወሲኑ ዘሎ ፡ ኣቦ ጓል እንተ ዘይኣዘዘ ፡ እቶ ቢሉ ወይ ኣቦ ወዲ ተኣዚዙ ፡ እንተ ኣብኮረ ፡ 24 ቅርሺ ካብ ሰደኛ ዓጊቱ እቲ እተበደለ የእቱ ።

## ክፍሊ ፡ 8 ። - ናይ ፡ ቀለብ ።

51. ቀለብ ቈልዓ ወዲ ሔማ ፡ እንፍቕቲ ካዕቦ ጐደል ፡ ሲሶ ብሱል ፡ 2 ኢድ ጥረ (ብካዕቦ 8 መለሊክ እዩ ።) ክሳብ 3 ዓመት ኣቦን እኖን ብቢወርሖም እዮም ዝቕልቡ ። ነዙይ ምሃብ ኣቦ ወዲ ኣብ እቲ እኖ ቈልዓ ዘላቶ ዓዲ ይሰደላ ። ብ ሓመቐንን ረቐቐንን እንተ ተኻሒዱ ሽማግለ እቲ ዓዲ ይርኣዩሎም ።

52. ቀለብ ቈልዓ ወዲ ወሰን ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዝጭርስ ኣቦ ቈልዓ ኣብ ወርሒ ገቢታ ካዕቦ እኽሊ ይቐልብ ። ሲሶ ብሱል ፡ 2 ኢድ ጥረ ፡ (ብካዕቦ ፡ 8 መለሊክ እዩ ።)

53. ቀለብ ማንታ ደቂ ሔማ ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ሓዲኦም ይቐልቡ ።

54. ቀለብ ማንታ እኖ ድቓላ እንፍቕቲ ካዕቦ ጐደል ናብ ወርሒ ትረክብ ።

55. ዝወለደት ዘይወለደት መርዓት እንዳኣቦኣ ክሳብ ዘላ ፡ ኣቦኣ ይቐልባ ። ኣብ ዓዲ ሰብኣያ ምስትምለስ ሓሙኣ ይቐልባ ፡ ሓዳራ ክሳብ እትወጽእ ከምኡ እንዳበለት ትቀለብ ።

56. ቀለብ እኖ ቈልዓ እትቕለብ ሔማ ቶኹን ብወሰን ዝወለደት ቶኹን ካልእ ሰብኣይ እንድሕሪ ኣእቲያ ቀለብ ቈልዓ ክትቅለብ ኣይግበኣን እዩ ።

## ክፍሊ ፥ 9 ። ዝኣረጉ ወለዲ ።

57. ዝኣረጉ ወለዲ ገንዘብ ወይ ክብቲ ዜብሎም እንተደኣ ኮይኑ ፥ ብታራ እቶም ውሉድ ይቻልብዎም ፥ ይኽደንዎም ። ዝኣረገ ወላዲ ምስቱ ዝኣምኖ ውሉድ ክቕመጥ ይክኣሎ ።

58. ውሉድ ዘይብሉ ኣረጊት እቲ ዝቐረበ መቕድም ይናብዮ ፥ ይቻልቦ ፥ ይኽደኖ ።

59. ወለዶም ዝመትዎም ገንዘብ ፥ ክብቲ ፥ ርስቲ ፥ ዜብሎም ቆላዑ ፥ እቲ በቦ ዝቐረበ መቕድም ፥ ይኣክቦም ። ብገንዘቡ ይቻልቦም ይኽደኖም ፥ ደረቱ ክሳብ 7 ዓመት ዝገብሩ ዕድመኦም ኣዩ ።
ርስቲ ፥ ዑና እንተኣለዎም እቲ ኣኪቡዎም ዘሎ መቕድም ይሕረስ ፥ ይሓዝ ፥ ኣይሸጥ ፥ ኣይለውጥ ። እቲ ዘኸታም ቈልዓ ሓደ እንተኮይኑ ምስደቁ ይናብዮ የዕብዮ ። ካብ 2 ንላዕ ሊ ኣንተደኣ ኮይኖም መዕበይ ቈልዑ ሓገዝ ክኾኖም ፈረቓ ግብሪ ካብ ሓደጋ ገባር እንተሎ ካብ ዓዲ ይቀበል ፥ እንተ ዜየልቦ ግና ካብ መለሳ ክኸን ከሎ ምሉእ ግብሪ ይርከብ ።

## ክፍሊ ፥ 10 ። ሕርሰት ።

60. መርዓት ምስ ጠነሰት ካብ ገንዘብ ብርኮም ሰብኣያ ወጮ ይሃባ ። ወለዲ ዕዳ የብሎምን ።

61. ሓዳራ ዘይወጽኤት መርዓት እንዳኣቦኣ እያ እትሓርስ ፥ ሓማታ ሳልሳይ ርእሳ ኮይና ሓንቲ ጤል ሓንቲ ኣበስንቲ ጠስሚ ኣሒዛ ትብጸሓያ ።
ጤልን ጠስምን ካብ ገንዘብ ብርኮም ንመርዓውቲ እዩ ። እኖኣ ነታ ቀርበት ንማሕዘል ቆልዓ ትገብረላ ።

62. ሰበይቲ ወሰን ምስ ሓረሰት 1 ወጮ ፥ 1 ማሕዘል ፥ መገጸ እኽሊ ፥ እቲ መገጸ እኽሊ ግና ካብቲ ገበታ ካዕቦ ዝወሃብ ዝነበረ እዩ ። ክንዲ እቲ ካልእ ዝወሃብ ቀጸለመጸል ዝነበረ 5 ቅርሺ ተወሲኑ እዩሞ ብቅርሺ ገቢሩ ይሃብ ።
ምናልባሽ እቲ ሕጻን ቀልጢፉ እንተሞተ ወጮን 5 ቅርሽን ትረክብ ።

## ክፍሊ ፥ 11 ። ምውጻእ ፥ ብርኪ ።

63. መርዓውን መርዓትን ክሳብ ሓዳሮም ዝወጽኡ እቲ እተገዝምዎ ፥ ገንዘብን ክብትን ኣቦ ወዲ ይሓዞ ። ግን ከይሸይጥ ከይልውጥ ኩልኩል እዩ ። ኪሓርስ ኪሓልብ ግን ይክኣሎ ።

64. መርዓውን መርዓትን ኣቦ ወዲ ሓዳሮም ኪውጻኣኦም ከሎ ሲሶ ካብ እክሊ ምሉእ ናውቲ ማሕረስ መሳርዕ ምስ ማሕረሽኡ ሂቡ የውጽኦም ።
ካብ እንዳቦ ጓል ዝመጽእ ዝነበረ ኮሉ ትሩፍ እዩ ።

65. ኣቦ ጓል ንሓሙኡ ክንድዙይ ክብቲ እሀበካ ቢሉ እንተሰምየ ካብታ እተመርዓወላ መዓልቲ ክሳብ 2 ዓ መት ዓበየ ነኣሰ ከይበለ ዝሃቦ ይቀበል ። ካብ መርዓ መዓል።ቲ 3 ዓመት ሓሊፉ እንተደኣ ኮነ ግና ናይ 3 ዓመት ዝዕድሚኡ ክብቲ ይቀበል ። ካብኡ ከይሓልፍ ክልኩል እዩ ። ካብዙ እተወሰነ እንተሕለፈ ሕልባቱን ፍርያቱን ይግበኣኒ ቢሉ ብስርዓት ይሓዞ ።

66. ምስ ወላዲ ዘሎ ውሉድ ኣብኡ ክንዲ ዘገልገለ ሲሶ ሂቡ ሓዳሩ የውጻኦ ። ናብ ከተማ ዝሽቅል ናብ ትክትል ዝሓደረ ግን ብገንዘቡ ሓዳሩ ይውጻእ ።
ሽቂሉ ተኸቲሉ ንወለዱ ተማእዚዙ ዘእትዎ ገንዘብ እንተ ሃቦም ግን ከም ስርዓት ሲሶ ሂቦም

የውጽእዎ ።

## ክፍሊ ፡ 12 ። ሓዳሮም ዘይወጹን ዝወጽኡን ምፍልላይ ።

67. ስምምዕ ሲኢኖም ብድላይ ክልቲኦም ምፍልላይ እንተደለዩ ። መርዓውን መርዓትን ገንዘቦም ክካፈሉ ክለዉ ሰደኛ ኣታሓሒዙ ናብ ጭቃ ዓዲ ይሰዶም ። ኣከፋፍላ ገንዘብ ከኣ ኣብ ዓደቦ ጓል እዩ ።

68. ኣቦ ጓል ወይ ኣቦ ወዲ ኣከፋፋል ገንዘብ እንተ ደለ ንሰደኛ ፡ ንሱ እንተ ዜየሎ ንመቅድሙ ብ15 መዓልቲ ኣግጥመኒ ይበሎ ። እቲ ሰደኛ ፡ ንተከሳሳይ መዓልቲ ቆጺሩ ይንገሮ ፡ ቈጸራ ዘብኮረ ኣብ ሓደ ቈጸራ 6 ቅርሺ ይተዓገት ፡ ተዓጊቲ እውን እቲ ዓጋቲ ዕግት የልዕል ። ካላኣይ ቈጸራ ከኣ 15 መዓልቲ ይድገሙ ፡ ኣብኣ ዘብኮረ 12 ቅርሺ ይተዓገት ፡ እቲ ዓጋቲ ዕግት የልዕል ።
ሳልሳይ ቈጸራ ከኣ 15 መዓልቲ ይድገሙ ፡ ኣብኣ ዘብኮረ 24 ቅርሺ ይተዓገት ። እቲ ዓጋቲ ኣግት የልዕል ። ካብ ሳልሳይ ቈጸራ ንደሓር ዝበኾረ ከምዙ ኣብ ላዕሊ እተባህለ ብ መጀመርያ 6 ቅርሺ ፡ ካልኣይ ብ12 ቅርሺ ሳልሳይ ብ24 ቅርሺ እናተዓገተ እቲ ምግጣም ዝኣበ ሰብ ክሳብ ዝገጥም ተተመሊሱ ይዕገት ።

69. ኣቦ ጓል ወይ ኣቦ ወዲ ካብ ዓዲ ርሒቑ እንተ ጸንሐ ፡ ሰደኛ ነቶም መቅድም መድለዪ ሓደ ወርሒ ይሃቦም ። ብወርሒ ነቲ ወላዲ ወይ ንኣኡ ዝመስል ዋና ኮይኑ ዝሓልፍ ሰብ እንተ ዘይመጺኡ ፡ እቶም መቅድም ዋናታት ኮይኖም ናብ ሰደኛ ገጢሞም ይካፈሉ ።

70. እቲ ዓጋቲ ንሰደኛ ኣግጥመኒ ምስበሎ ነቲ ዓጋቲ ክነገረ እንተ ኣብኮረ እተን ዕግት እቲ ሰደኛ እዩ ዝከፍለን ።

71. ሰደኛ ኣብ ርሑቕ እንተ ኮነ እንተ ሞተ ፡ መቅድሙ ክንድኡ ኰይኖም ይሕለፉ ይተዓገቱ ።

72. ሰደኛ ነቲ እተዓግቶ ገንዘብ ንክህብ ካብታ ዝበኾርወት ቈጸራ 5 መዓልቲ መድለዪ ገንዘብ ይርከብ ። ካብኡ እንት ኣብኮረ 55 ቅርሺ ይኩሓስ ፡ ናይ ጾም ሕድራት ።

73. እቲ ቈጸራ ዘብኮረ ሓንቲ መዓልቲ እኳ ትኹን ምስሓለፈት ገጠምኩ እንተበለ ፡ እቲ ዕጉት ከፈሉ ይገጥም ።

74. ሰደኛ ናይ ዝኸፈሎ ዕግታት ካዕበት ይቀበል ።

75. ክልተ ሰብ ሓዳር ስምምዕ ስኢኖም ብድላይ ክልቲኦም ምፍልላይ እንተደለዩ ፡ ኣካፋፋል ገንዘብ ኣብ እንዳ ሰብኣይ እዩ ። ዳኛ እውን ጭቃ ናይ ዓዲ ሰብኣይ እዩ ።

76. ነከፋፍላ ገንዘብ ቈጸራ ምስ ተወሰነ መዓልቲ ኣቦታት ጓል እንተ በዝሑ 5 ሰብ ኮይኖም ይምጽኡ ። እንዳ ወዲ ከኣ ፡ ሓሙሻይ ጭቃ ኮይኖም ኣብ ቤት ይጽንሑ ። ኵላቶም ካብኡ ክበዝሑ ፡ ኩልኩላት እዮም ። ሕልፊ ሰብ ዘምጽኡ ናብ ሓደ ሰብ 6 ቕርሺ ተቐጺሁ ነቲ እተበደለ ይሃቦ ካሕሳኡ ።

77. ገንዘብ ኣከፋፋል ክኸውን ኣቦ ጓል ሸሻየማይ ክእዝዝ ኣይከኣሎን ፡ ኣቦታት ጓል በካፋፋል ገንዘብ መጺኦም ክሳብ 3 መዓልቲ ኪቕንዩ ግቡኦም እዩ ። ኣብ ጊዜ ምሳሕን ድራርን 10 እንጌራን ሓደ ጻሕልን ሓደ ኅምቦ ስዋን ኣይጐድሎምን ። ምግቢ መስተ ክሳብ ኣከፋፋል ፈጺሞም ዝኸዱ ጊዜ እንተ ጐደሎም 12 ቅርሺ ይከሓሱ ። ካብ ሰደኛ ዓጊቶም የእትዉ ።

78. ሰብኣይን ሰበይትን ሰብ ቃል ኪዳን ዘይወለዱ እንተደኣ ኮኑ ኣብ 2 ፈረቃ ይመቓል ።

79. ሰብኣይን ሰበይትን ወሊዶም እንተ ደኣ ኮኑ ግን ገንዘብን ከብትን ኣብ 3 ክፍሊ ይኽፈል ። ማለት ሓደ ክፍሊ ነቦ ፣ ሓደ ክፍሊ ንኖ ፣ ሓደ ክፍሊ ንደቂ ። እኽሊ ግን ናብ 2 ተመቒሉ ንሰብኣይን ንሰበይትን ይግባእ ።

80. እቶም ዝወለድዎም ቈላዑ ክኣ ዝዓበት ጓል ነባት ፣ ዝዓበ ወዲ ንናት ፣ ብዘልዓሉ ዝተረፉ ደቆም ኣብ ክልተ ክፈሎም ብዕጫ ይማቐልዎም ። ምናልባሽ ሕልፊ ክርክብ ክሎ ፣ እቲ ሕልፊ ዘሎ ቈልዓ ዕድሜኡ 3 ዓመት ዘይመልኤ እንተደኣ ኮነ ፣ ክሳብ 3 ዓመት ዝመልእ ምስ እናት ተቐሚጡ 2 ወለዲ በቢወርሒ ብተራ ይቐልብዎ ። እታ ሰበይቲ ብቐልጡፍ ካብ ገዛ ክለቅቅ እየ ደኣ በለት ፣ ግን ካብ እኽሊ ክፍሊ እቶም ቈላዑ ተረፍ ጸብጻብ ዝበልዕዎ ገዲፋትሎም ምስ ኣቡኦም ይተኣከቡ ።

81. እቲ ክፍሊ ናይ ቈላዑ ዘሎ ገንዘብን ከብትን ኣባት ይሓዝ ስለ ከየጥፍኣሎም ኣኮታት ዋሕስ የትክልዎ ። እቲ ዓቢይ ወዲ 15 ዓመት ምስገበረ እቲ ገንዘቦምን ከብቶምን ንሱ ናብ ዝደለዮ የቐምጥ ።

82. እተፈላለየት ሰበይቲ ደቃ ኣሒዛ ፣ ናብ እንዳ ሰብኣያ እንተ ተቐመጠት ፣ እቲ ገንዘብን ከብትን ኣፍ ቈላዑ ፍርቂ ተመቒላ ተሓዚሎም ። ግን ኣባት ከይትሸይጥ ከይትልውጥ ዋሕስ የትክላ ። ከምኡ እውን ዝተረፈ ፍርቂ ኣባት ይሓዝ ። ኣኮታት ከይሸይጥ ከይልውጥ ዋሕስ የትክልዎ ።

83. ድሕሪ ኣከፋፋል እናት ደቀይ ኣሒዘ ናብ ገዛይ እቕመጥ እንተበለት ፣ ቤት ኣብ ክልተ ፈረቓ ይከፈል ዘይወለደት ሰበይቲ እውን ከምኡ ።

84. እቶም ቈላዑ ምስ ኣቦ ወይ ምስ እኖ ብድላዮም ጠቒሊሎም እንተተኣከቡ ፣ ዝኣከቦም ወላዲ ከብቶምን ገንዘቦምን ጠቒሊሉ ኪሕዝ ይከኣሎ ዋሕስ ተኺሉ ።

85. ኣከፋፋል ክኸውን ክሎ ኣብ ምቕሊ ዘየኣቱ ብፍላይ ክዳውንቲ ዕጥቓት ሰብኣይን ክዳውንቲ ስልማት ሰበይትን እዩ ።

86. ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ፣ ስምምዕ እንተ ሲኢኖም ፣ ክፍሊ ገንዘቦም ኣብ ክልተ ፈረቓ ክምቀል ክሎ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ናይ ዓዲ ሰብኣይ ኮይኑ ወዋሕሶም የትክሎም ፣ ዝዝወሰድዎ ገንዘብ እውን ብዳኛ ዓዲ ተጻሒፉ ተማቒሎም በብጺሒቶም ወሲዶም ከም ስርዓት መንፈሳዊ ይግበሩ ።

87. ምናልባሽ ካብ ሓዲኦም ነዛ ሕጊ እዚኣ ከፍርስ ምስዝርከብ ፣ እቲ ተመቒሉ ወሲድዎ ዝነበረ ገንዘብ በቲ ዋሕሱ ተዓጊቱ ይመለስ ፣ ማለት እቲ ሕጊ ዘፍረሰ ኪውረስ ካብ ቤት እውን ይውጻእ ።

88. ክልተ ሰብ ኪዳን ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ብዋሕስ ተከፋፊሎም ጸኒሖም እቲ ዝወረሰ በኪ ጸኒሑ ፣ እቲ እተወርሰ ምስ ኣውሰበ ብድሕሪኡ እቲ ወራሲ እንተ ኣውሰበ ፣ ብቕጽሪ ብዋሕስ መሊሱ ካብ ክሊቲኦም ሰብ ኪዳን እንክለዉ ዝወለድዎም ደቆም ይውረስዎም ። ወሉድ ዜብሎም እንተ ደኣ ኮኑ ብቕጽሪ ንቤተ ክርስትያን ይወሃብ ።

89. ክልተ ሰብ ኪዳን ብተፈልዩ ተፈልዮም ኣፍ ቋልዑ ግን ብላዕሊ እዩ ።

90. ሰብኣያ ዝመታ ሰበይቲ ቅድሚ 6 ወርሒ ኣይትመርዖ ። ካብኡ ንደሓር ድላያ እንተ ኮይኑ ኣሕመትሙታ የሰናብቲዋ ። ቅድሚ 6 ወርሒ እንተ ተመርዓወት ወይ እንተዘመወት ግን ከምቲ ናይ ስርቆ ኣርባዓ ተወሲኑ ዘሎ ትቀጻዕ ። ምኽንያት ስለ ጥንሲ ከይርከባ ማለት እዩ ።

91. ከይወለደት ሰበይቱ ዝሞተቶ ሰብኣይ ቅድሚ 6 ወርሒ ኣየእቲ ፣ ቅድሚ 6 ወርሒ እንተ ኣእቶ ከምቲ ናይ ስርቆ 40 ተወሲኑ ዘሎ ይቀጻዕ ። ወሊዳ ደቀቕቲ ቈላዑ እንተ ገደፈትሉ ግን ከምጸገሙ ይግበር ።

## ክፍሊ ፡ 13 ። ዋሕስ ፡ ጓል ።

92. ሓዳርም ዘይውጽኡ ሰብኣይን ሰበይትን ከይወሓሱ ኩልኩላት እዮም ።

93. ሰበይቲ ሰደኛ ግን ክትዕገት ስርዓት እዩ ። ሰብኣይን ሰበይትን ክልቲኦም ምውታት እንተ ኮኑ ሓደ መቅድም ዋሕስ ኮይኑ ይትዓገት ።

94. እቲ ዋሕስ ስርዓት ክዓግትዎ መጺኦም ንሱ እንተሎ ባዕሉ ይተዓገት ፡ እንተዘንበለ ሰበይቱ ትተዓገት ፡ እንተሞተ ግን እቲ በዓል ነገር ዋሕስ በዓል ነገረይ ሞይቱ እዩ'ሞ ኢሉ ነቲ ዳዐ ዋሕስ በዓል ነገረይ ኣለውጠለይ ይበሎ ፡ እቲ ዳኛ ከኣ የለውጠሉ ።

## ምዕራፍ ፡ 14 ። <u>ዝመት</u> ።

95. ዘይተሓጸየት ጓል፡ ብእገሌ ወዲ እገሌ ተዓሚፀ፡ ብሥጋ ተገሲሰ፡ ኢሎ ብውዕ
ዩ፡ ምስ ቀጢን ኣውያታ፡ ዘፋር ንብዓታ፡ ምስ እትርከብ ኣፉ እዩ ምስክራ። ሽዑ
ብቕልጡፍ ናብ ጭቃ ዓዲ ትረኽብ ።
እቲ ጭቃ ዓዲ ብሰለስተ ኢጋዕዝ ኣንስቲ ነታ ጓልን፡ ነቲ ዓማጺኣን፡ ኣዝማድ ዘይኮና፡ ቈረብትን ጓኖትን ገቢሩ የኾልላ።

96. ሕጋ ፈሪሱ እንተተረኺበት እሞ ሓዲስ ምኻኑ እንተተረጋገጸ፡ እቲ ዓማጺ ንወለዲ ጓል፡ 55 ቅርሺ ኪሒሱ፡ ነታ ዝዓመጸ ጓል 2 ተባዕትዮ፡ 2 ኣንስትዮ፡ ጠዓዉ፡ ቀሚሰን ነጸላን ይኸሕስ።
ምናልባሽ ሓሶት ኮይኑ ብዝርከብ ነቲ ብሓሶት ዘጸየፈቶ 55 ቅርሺ ትኸሕሶ። እቲ ዓማጺኣ ዘይወዲሃይማኖታ እንተኮይኑ ብኻዕብት (ብዕጽፊ) ይኸሓሳ።

97. እታ እተዓመጸት ጓል፡ ነቲ ዝዓመጸ ወዲ፡ እደልዮ እየ እንተበለት፡ ዋላ ንሱ እንተዘይፎቶ፡ ክእከባ ግድነት ኣለዎ። ከም ስርዓት ዋሕስ ተኺሉ ይኣክባ። ዋላ እንተኣከባ ግን እተን ብኻሕሳ ዝተቐበለተን ኣርባዕተ ከብቲ ገንዘብ ላዕላ (ናይበይና) እየን። እቲ ዝእከባ ዘሎ ርካብ ዘለዎ ሰብ እንተደኣ ኮይኑ፡ ክንዲ እተን ገንዘብ ላዕላ ሓዊሱ የድርግ (ይጽንበር)። ካብኡ ንደሓር ገንዘብ ብርኪ (ናይ ሓባር) ይኸና። እንተ ዘየድረገ፡ እተን 4 ከብትን ዝወለደኤንን ገንዘብ ላዕላ እየን።ካልእ ብሓደ ዘጥረይዎ ግን ገንዘብ ብርኮም እዩ።

98. በዓልቲ ቃል ኪዳን እቲ ዓማጺ ሰበይቲ ዘላቶ እንተደኣ ኮነ፡ ነታ ዝዓመጸ ጓል ከምቲ ኣብ ቍ. 96 ተጻሒፉ ዘሎ ዓንቀጽ ካሕሳ ኪሒሱ፡ ምስ ሓዳሩ ይተርፍ ፡ (ኣይፋታሕ)

99. እቲ ዝዓመጸ ሰብ ሕጹይ እንተደኣ ኮይኑ ሕጽይቱ ፈቲሑ ከምቲ ኣብ ቍ. 97 ዘሎ ካሕሳ ክሒሱ ይኣክባ። ነታ ሕጽይቲ ዝነበረት ግን 55 ቅርሺ ክሒሱ የሳናብታ። ከም እታሸለመቶ እውን ትኸፈድ ።

100. እቲ ምብልሻዋ ተመስኪሩ ናይ ቀደም ሕጋ ፈሪሱ ዝነበረት ኰይና ምስ ትርከብ ካሕሳ ሓያም 24 ቅርሺ ትከሓስ ።

101. እታ ተዓሚጻ እትብል ጓል፡ ዘይተሓጸየት እንተ ደኣ ኮነት እቲ ዓማጺኣ ተቓሊሶም እሞ ካብኡ በሪራ፡ ሃዲማ ወይ ገሲሱዋ ብዝኾነ ምኽንያት ሕጋ ከየፍረሰት እንተተፈላለዩ፡ በቲ ዝረኸበቶ ድንገት፡ ብቕልጡፍ ምስ ቀጢን ኣውያታ ዘፋር ንብዓታ ምስ ትርከብ፡ ኣፋ ምስክራ ኮይኑ፡ ካብቲ ዝዓመጸ 24 ቅርሺ ትክሓስ ።

102. እታ እተዓመጸት ጓል ሕጽይቲ እንተ ደኣ ኮነት ን ወለዲ 55 ቅርሺ፡ ንሕጹያ 55 ቅርሺ ፡ ክሒሱ ከምቲ ኣብ ቍ. 972 ፡ ቍ. 98 ፡ ዘሎ ገቢሩ ይኣክባ ።

103. እታ ሕጽይቲ ትዓሚጾ ዝበለት እቲ ምብልሻዋ ሕጋ ምፍራስ ናይ ቀደም ኮይኑ እንተተረኽበ እቲ ዓማጺ 12 ቅርሺ ይኸሕስ። ኣቦ ጓል ከኣ ነቲ ሕጹያ 12 ቅርሺ ይኸሓሶ ።

104. ካብ በረኻ ወይ ካብ ዓዲ፣ ብዘይ ፍቓድ ወለዲ ንዘይ ተሓጸየት ጓል ዝዘረፈ እሞ ብድንግልነኣ እንተጸንሐት፣ 110 ቅርሺ ንወለዲ ይኸሕሶም። ብድንግልነኣ፣ እንተዘይጸንሐት ግን ንወለዲ፣ 55 ቅርሺ ናይ ድፍረት፣ ክሒሱ ከምቲ ኣብ ቍ.98 ተጸሒፉ ዘሎ ገይሩ ይኣክባ ።

105. እታ እተዘርፈት ጓል ሕጽይቲ እንተ ደኣ ኮነት እቲ ዘራፊ ንወለዲ 55 ቅርሺ ንሕጹያ 55 ቅርሺ ይኸሕስ። እቲ ሐጹያ ሽሊሙዋ ዝነበረ ይውሰዶ። እቲ ዝተረፈ ግን ከምቲ ኣብ ቍ.97 ተጻሒፉ ዘሎ ገይሩ ይኣክባ። ዘይሃይማኖታ እንተኾነ ዘራፊ ካዕበት (ዕጽፊ) ይኸሕስ ። ካብኡ ከም ፍቓዳ ።

106. መርዓውን መርዓትን ምስተመርዓዉ፣ ሕጋ ብዘይ ስርዓት፣ ማለት ብመሳጸ ብዕንጸይቲ፣ ብኻልእ ዝኾነ ነገራት፣ ገቢሩ ሕጋ እንተ ኣባላሸዋ፣ ርግጽ ኮይኑ ምስዝርከብ 55 ቅርሺ ካብ ሰደዐ (ዋሕስ) ዓጊታ ተእቱ ። ምናልባሽ ካልእ ኣካላት እንተጕደለ ከምቲ ኣብ ናይ ክፍሊ መውቃዕቲ ተወሲኑ ዘሎ ኣንቀጽ ብባዕሊ ከኣ ትከሓስ ። ክፍሊ 17 ።

107. ንፈላሲት፣ ንቄራቢት፣ ንማእምን፣ ኣብ በረኻ ይኹን፣ ኣብ ዓዲ ይኹን፣ ብግብረ ስጋ ዘርከሰ፣ እሞ ምስ ቀጢን ኣውያታ ዘራፍ ንብዓታ፣ ኣፉ ምስክራ ኮይኑ ብዝመሓለት እቲ ብስጋ ዓሚጹ ዘርከሰ 110 ቅርሺ ይኸሕስ ።

108. ንሰበይቲ ሰብኣይ ኣብ በረኻ ይኹን፣ ኣብ ዓዲ ይኹን፣ ብግብረ ስጋ ዘርከሳ፣ እሞ ብውዕዩ ምስ ቀጢን ኣውያታ ዘፋር ንብዓታ ምስእትርከብ፣ ኣፉ ምስክራ ኮይኑ፣ ብዝመሓለት፣ እቲ ዓሚጹ ዘርከሰ ናይ ግስሶት 55 ቅርሺ ኣብ ርእሲዚኡይ ከኣ 88 ቅርሺ ስርቆ 40 ይኸፍል ፣ (ይኸሕስ ።) እታ ሰበይቲ ሰብኣይ ፈትያ ብድላያ ብኻልእ ሰብኣይ እንተተረግጸቶ፣ እቲ ዘማዊ ሰብኣይ፣ ንሰብኣያ 55 ቅርሺ ይኸሕሶ፣ ንሳ ከኣ ራባዓይ እፍ ንብረት ወሲዳ ካብ ቤት ትውጻእ ። ናብኡ ዝሙት እንተደገመት እቲ ወሲዳቶ ዝነበረት ርባዕ ትውረሾ ፣ እቲ ዘማዊ ሰብኣይ ከኣ ንሰብኣያ 55 ቅርሺ ይኸሓሶ ።

109. እቲ ሰብኣይ ብድላዩ ኣብዘይ ሰበይቱ እንተዘመወ ራባዓይ እፍ ንብረት ወሲዱ ካብ ቤት ይውጻእ። መሊሱ እንተዘመወ ወሲድዎ ዝነበረ ርባዕ ግንዘብ ይወረስ ፣ (ብበዓልቲ ቃል ኪዳን ።)

110. ሰበይቲ ቀሺ፣ ወይ ናይ ዲያቆን ብግብረ ስጋ ዝዓመጸ እሞ ብውዕዩ ምስ ቀጢን ኣውያታ ዘፋር ንብዓታ ኣፉ ምስክራ ኮይኑ፣ እቲ ዘማዊ 250 ቅርሺ ይኸሕስ ።

111. እታ ሰበይቲ ቀሺ፣ ወይ ዲያቆን ፈትያ ብድላያ ብኻልእ ሰብኣይ እንተኣርገጸቶ፣ እቲ ዘማዊ ንሰብኣያ 250 ቅርሺ ይኸሕስ። ንሳ ከኣ ራባዓይ ኣፉ ወሲዳ ካብ ቤት ትውጻእ ።

112. ሰብኣይ ዜይብላ ሰበይቲ፣ ብዝሙት ዝዓመጸ እሞ ከምቲ ኣብ ቍ. 95 ተጻሒፉ ዘሎ ምስ ዝኾውን 24 ቅርሺ እቲ ዓማጺ ይኸሕስ ።

113. ዘይተፈትሐት ማእምን፣ ኣብ ቤት ሰብኣያ ዘላ፣ እሞ ቅድሚ ምስንባታ ፈትያ፣ ሰብኣይ እንተ ኣእተወት፣ ንሳን ዘእተዋ ሰብኣይን፣ ክልቲኣም ኰይኖም፣ 55 ቅርሺ ይኸሕሱ ።

ኣብርእሲ እዚኡይ ከኣ እቲ ሰብኣይ ግስሳት ስርቆ 44 ቅርሺ ይኸሕስ።እዚኡይ ኩሉ ንወረስቲ እዩ። ድሕሪ እዚኡይ እታ ሰበይቲ ገንዘባ ተመቒላ፣ ካብ ቤት ትውጻእ። ዉሉድ እንተ ደኣ ኣለዋ፣ ካብ 3 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድመኦም፣ ንሓውቦታቶም ትሃቦም። 3 ዓመት ዘይመልኤ ቈልዓ፣ ምስ እንኡ (ኣድኡ) ክሳብ 3 ዓመት ዝመልእ፣ ካብ ገንዘብ ሒዙ ዘሎ፣ መቕድም ትቀለብ። ከም ናይ በዓልቲ ብርኪ ተሓሲቡ በቢወርሖም ይቖልቡ ።

114. ሰብኣይ ኮነ ፣ ሰበይቲ ኮነት ፣ ዝዘመወ ክፍሊ ገንዘቦም ኣብ 2 ፈረቓ ተመቒሉ ከሎ እቲ በደለኛ ከኣ ነቲ እተበደለ ፍርቂ ይሃብ ። ኪምቀሉ ከለዉ ግን ኣብ ቅድሚ ዳኛ ዓዲ ሰብኣይ ኮይኑ ወዋሕሶም የትክሉም ፣ ዝወሰድዎ ገንዘብ ብዳኛ ተጻሒፉ በብጽሒቶም ወስዶም በኪ ይንበሩ ። ምናልባሽ ካብ ሓዲኦም ነዞ ሕጊ እዚኣ ኬፍርስ ምስ ዝርከብ እቲ ተመቒሉ ወሲድዎ ዝነበረ ገንዘብ በቲ ዋሕስ ተዓጊቲ ይመለስ ፣ ማለት እቲ ሕጊ ዜፍረሰ ኪወርስ ። ቤት ግን እቲ ጌጋ ዝተረኽበ ይውጻእ ። ኣብ 87 ቍጽሪ (ተጻሒፉ) እዩ ። ናብ ምፍልላይ ሓዳር ተመልከት ።

115. ወዲ፣ ንጓል ምስ ተመርዓዋ እሞ ሕማም ደቅንስትዮ ፍንጣጣ እንተኣልገበላ 55 ቅርሺ መሕወይኣ ካብ ዋሕስ ዓጊታ ተእቲ ።

116. ሰብኣይ ንሰበይቱ ወይ ሰበይቲ ንሰብኣያ ካብ ሓዲኦም ፍንጣጣ ወይ ጅግል ወይ ከኣ ንኡ ዝመስል ኣምጺኡ ዘልገበ 55 ቅርሺ መሕወይ ነቲ ሕማም ዝለገቦ ካብ ሰደኛ ዓጊቱ የእቱ ።

## ክፍሊ ፣ 15 ። ኣዋራራስ ፣ ገንዘብ ።

117. ወላዲ ዕዳ ገዲፉ እንተሞተ ፣ ዉሉድ ይኸፍልዎ ። ዜብሉ ወረስቲ ይኸፍልዎ ። ዓቢዱ ሓው ካብቶም ኣሕዋት ፣ ዕብየተይ ይግባኣኒ ቢሉ ፣ ገንዘብ ወለዶም ዝወረስዎ ብላዕሊ ኪልዕል ኣይከኣሎን ። ትኽክል ኮይኖም እቶም ክወርስዎ ዝግበኦም ይማቐልዎ ።

118. ናይ ወለዱ ቤት ነቲ ሕሳስ ሊደ ወዲ ሑማ እያ ትግባእ ። እቶም ቤት ዝሓዙ ነቶም ቤት ዘይሓዙ ኣሕዋቶም ኣብ ምስራሕ ገዛ ክኸውን ከሎ ብግድነት ተታካኪሎም የምስልዎም ፣ የሳርሕዎም ። ምናልባሽ እታ ቤት ወለዲ ካብ ኣቦ ዝተወርሰት እንተ ኮነት ነቲ ሕሳስ ሊደ ወዲ ቀዳመይቲ ሑማ እያ ትግባእ ።

119. ኣባት ብሂወቱ እንከሎ ፣ ወድን ጓልን ወሊዱ እቲ ወዲ ጓል ገዲፉ እንተሞተ ፣ እትይ ኣባት ከኣ ድሕሪ ወዱ እንተሞተ ፣ ንቤት ፣ ገንዘብ ፣ ንኸብቱ ፣ ኣሞን ፣ ጓል ሓውን ፣ ተረፍ ተዝካር 2 ፈረቓ ብሓደ ይካፈላ ። ምናልባሽ እታ ኣሞኣ ዘይመሰለት እንተ ኾነት መምሰሊኣ ምስ ኣልዓልት ፣ ይካፈላ ።

120. ኣባት ሞይቱስ እቲ ወዱ ወሪስዎ እንተ ጸንሐ ፣ እሞ ጓል ገዲፉ እንተሞተ ፣ እታ ጓል ጥራሕ እያ እትወርስ ።

121. ሰብኣያን ደቓን ዝሞትዋ ከምኡ ከኣ ዘይወለደት ፣ ሰበይቲ ፣ ኣብታ ገዛኣ ማእሚና ከይለወጠት ዝተቐመጠት ፣ ከይተመቕለት ብምልኡ ኣሒዛ ትብላዕ ትከደን እምበር ክትዕድል ኣይከኣላን ። ምስ ሞተት ግን 2 መቕድም ይካፈሉ ።

122. ተፈቲሓ ዝኸደት ሰበይቲ እሞ ተጠዒሳ ናብ ቤት ክምለስ እንተበለት ኣይከኣላን ።

123. ወለዲ ንዝተመረቐም ፣ ኮነ ንዘሐጎሶም ፣ ኮነ ብጊዜ ጥዕና ወይ ብጊዜ ሕማም ቅድሚ ሞቶም ፣ ኣብ ቅድሚ ጉብኣት ምስክር ርስቲ ብዝተረፈ ካብ ገንዘብ ካብ ከብቲ ክህቡ ስልጣን ኣለዎም ።
ብዕብዳን ምኽንያት እንተ ደኣ ኮነ ግን ኪቆመሎም ኣይከኣልን ።

124. ሕሳስ ሊደ ወዲ ሔማ እኖኡ ምስ ሞተት ፣ ኣቦኡ ዳሕረይቲ እንተኣምጸኤ ፣ ውጽኣለይ ክብሎ ኣይከኣልን ። ክሳብ ዕለተ ሞቱ ፣ እቲ ኣባት ናቤት ይቕመጥ ፣ ድሕሪ ሞይቱ ግን ንኣኡ እያ ።

125. ዝወለደት ኮነት ዘይወለደት ኮነት ግና እታ ሰበይቲ ኣብኡ መሕዘኒኣ ሓደ ዓመት ትቀመጥ ፣ ካብኡ ትልቀቕሉ ።

126. እናት ብሂወታ እንከላ ፣ እቲ ውሉዳ ዉሉድ ከይገደፈ ፣ እንተሞተ ፣ መሬት ርስቲ ብዝተረፈ ካብ ዓሰሩ ክሳብ ተዝካሩ ፣ ዓመቱ ዝግበአ ምስተላዕለ ፣ እታ እኖኡን ፣ እቶም በቦኡ መቕድሙን 2 ፈረቓ ይማቐሉ ።

127. ወሉድ ንኖኡን ንቦኡን እንተወረሰ እሞ ከይወለደ ፡ እንተ ሞተ ፡ መሬት ብዝተረፈ ካብ ዓሰሩ ክስዕ ተዝካሩ ፡ ዓመቱ ዝግብእ ምስተላዕለ ሓውቦታቱን ኣኮታቱን 2 ፈረቓ ይማቐሉ። ምናልባሽ ኣኮታት ወይ ሓውቦታት ዜብሉ እንተደኣ ኮነ ፡ እቶም ዝቐረቡ መቕድም ፡ ኣቦታትን ኣኮታትን 2 ፈረቓ ተማቒሎም ይወርሱ ።

## ክፍሊ ፡ 16 ። ጸርፊ ።

128. ብመንግስቲ ዝተሾመ ሹመኛ ፡ ዝቀንጥኤ ንብዓል ቀሚስ ፡ ምዓርት ገዲፉ ብሽሙ ጥራሕ ዝጸወዬ ፡ ይዓጽፎ ነይሩ ፡ ዝቅንጠኤ ፡ 55 ቅርሺ ይኹን ካሕሳኡ ።

129. ጸርፊ ፡ ወይ ኣሽሙር ፡ ንዓጽሚ ፡ ንደም ፡ ንዓሌት ፡ ከኣ ሰራቒ ፡ ሃዳሚ ፡ ዘይገባር ግብሪ ፡ ዝመስል ዘይነክእ ካልእ ቀሊል ጸርፊ ዝጸረፈ ሰብ ክኸን ግን እቲ ጀማሪ 2 ሕልቂ ይኽሕስ ። ምላሽ ጸርፊ ዝመለሰ ሓደ ሕልቂ ይኽሕስ ።

130. ከም ብቱኽ ዘርኢ ፡ ረዳት ዘይብሉ ሰራቒ ፡ ሃዳሚ ፡ ዘይገባር ግብሪ ምበልኩኻሞ ይትረፈኒ ቢሉ ዝጸረፈ ፡ ንእኡ ዝመስል እውን ዝጸረፈ 55 ቅርሺ ይኽሕስ ። ምናልባሽ ጸርፊ ዝመለሸ ፍርቂ 55 ቅርሺ ይኽሕስ ።

131. ንዓሌት ንደም ነቕኒቑ ዝጸረፈ ፡ ጠቢብ ባርያ ዋጣ ሓሜን ኣድጊ ፡ ዓዲ ፡ ኣውዲ ፡ ዜብሉ ፡ በዳሁ ብጓል ኣንስተይቲ ፡ ዝጸውዔ ፡ ብግብሪ ሰዶም ንሰብኣይ ኮነ ፡ ንሰበይቲ ኮነ ፡ ወይ ንሰበይቲ ሰብኣይ ኮነ ፡ ሳሕሳሕ ፡ ሻርሙጣ ፡ ዝበለ ፡ ሕሉል ፡ ንእኡ ዝመስል እውን ዝጸረፈ ፡ እቲ ጀማሪ 110 ቅርሺ ይኽሕስ ። ምላሽ ጸርፊ ዝመለሰ 55 ቅርሺ ይኽሕስ ።

132. እቲ ሓደ መጀመርያ ጸራፊ ፡ ቀሊል ጸርፊ እንተ ጸረፈ ፡ እቲ ዳሕራዋይ ዓቢዩ ጸርፊ ምላሽ ብጸርፊ ክሀብ እንተተረኸበ ፡ ከምቲ ምዕባይ ጸርፊ ኣብ ላዕሊ ተወሲኑ ዘሎ ፡ በቢ ኣንቀጽ ይከሓስ ።
ኣንስቲ ሹማት እንተተጸርፉ ካሕሳኤን ከምቲ ንሰብኡተን ዝግበኦም ካሕሳ እዩ ። ሰበይቲ ካህን ፡ ባዓል መዓርግ እውን ከምኡ ከምኡ እዩ ካሕሳኣ ።

133. መጀመሪያ ተጻራሪፎም ምስተፈላለዩ ፡ እንደገና ኣድጊሶም እንተተጻረፉ ፡ ከም ሓዲሽ ጸርፊ ኮይኑ ይከሓሓሱ ።

134. ሓዳሩ ዝወጽኤ ንወላዲ ፡ ይዕበ ይንኣስ ፡ (ጸርፊ) ዝጸረፈ ብ ሓደ ምስክር እውን ይኹን 120 ቅርሺ ይኽሓስ ። ሓዳሩ ዘይወጽኤ እንት ደኣ ኮነ ግን ብወለዱ ይቀጻዕ ።

135. ጸሪፍካኒ ወቒዕካኒ ቢሉ ከሲሱ ምስክር ስኢኑ እንተ ተረትዔ ፡ ከሳሲ ወላድን ውሉድን ብዝተረፈ ፡ እቲ ተኸሳሲ ከሓልፉ ቢሉ ዝነበረ ገበን ፡ ባዕሉ ይሕለፉ ፡ ይከሓስ ። (ማለት እተን ክከሓሰን ቢሉ ዝነበረ ንተኸሳሲ ንሱ ይሕለፈን ።)

136. ንሰበይቲ ሰብኣይ ጸሪፍኪ ቢሎም ከሳሲ እንተረኸበት ፡ ክሳብ 2 ቒነ ፡ ( ) ቈጸራ ፡ ( ) 15 መዓልቲ ፡) ትርከብ ስለ ሰብኣያ ኪመጽእ ርሑቕ እንተ ደኣ ኮነ ፡ ጠበቓ ገቢራ ትግጠም ።

## ክፍሊ ፡ 17 ። መውቃዕቲ ።

137. ብኢድ ዝወቕዔ ብእግሪ ዝረገሖ ደፊኡ ዘውደቐ ካልእ ነገራት እውን ከምኡ ዝመስል ብዝርከብ ደም ዘይወጽኤ እቲ ጀማሪ 12 ቅርሺ ይኽሕስ ፡ እቲ ብደሓር ዝወቕዔ ከምኡ

ዝመስል እንተኮይኑ 6 ቅርሺ ይኽሕስ ። እቲ ጀማሪ ከምዙ ተወሲኑ ዘሎ እዩ ዝኽሕስ ። እቲ ደሓር ዝወቕዔ ግን ከም ምዕባዩን ምንእሱን መውቃዕቲ ተፈልዩ ዘሎ ፍርቂ ካሕሳ ገቢሩ እዩ ዝኽሕሶ ። ብመውቃዕቲ ፍርቂ ጋር ፣ ርባዕ ፣ ጋር ፣ ተወሲኑ ዘሎ ግን ብናይ ፍላጥ እንተኾነ ከምቲ ናይ ብፍላጥ ጋር ዝኸፈል እዩ ዝኸፈል ። ብናይ ድንገት እንተኾነ ከምቲ ናይ ብድንገት ጋር ዝኸፈል ገቢሩ እይ ዝኸፍል ።
ብበትሪ ፣ ብእምኒ ፣ ብሓለንጊ ፣ ዝወቕዔ ፣ ብልዕቲ ፣ ሓስዩ ካብ ውሉድ ዘየግድል ፣ ጎሮሮ ዝሓነቐ ፣ ካልእ ነገራት እውን ከምኡ ዝመስል ብዝርከብ እሞ ደም ዘይወጽኤ ፣ እቲ ጀማሪ 24 ቅርሺ ይኽሓስ ። እቲ ብደሓር ዝወቕዔ ከምቲ ኣብ 17 ክፍሊ ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ።

138. ብእዱ ወቒዑ ብእግሩ ረጊሑ ደፊኡ ኣውዲቑ ደም ዘየፍሰሰ ፣ 24 ቅርሺ ይኽሓስ ። እቲ ብደሓር ዝወቕዔ ፣ ከምዙ ኣብ ቀዳማይ ቍጽሪ ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ። ብበትሪ ብእምኒ ደም ዘፍሰሰ ብኻልእ ነገራት እውን ከምኡ ዝመስል ብዝርከብ 55 ቅርሺ ይኽሓስ ። እቲ ብደሓር ዝወቕዔ ከምቲ ኣብ ቍ ዓ 137 ክፍሊ 17 ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ። ጤል ወይ በጊዕ ናይ ሓደ ዓመት ከርሰበረ መጸለል ይሃብ ።

139. ስኒ ፣ ኩርምቲ ፣ ዝሰበረ ፣ ኣፍንጫ ከንፈር ዝሸልደመ ፣ እዝኒ ዝሰጕኤ ፣ ኣጻብዕ ዝቌረጸ ፣ ዓጽሚ ካብ ኣካላት ዝሰበረ ፣ ካልእ ነገራት እውን ከምኡ ዝመስል ብዝርከብ እቲ ጀማሪ 110 ቅርሺ ይኽሓስ ። እቲ ብደሓር ዝሰበረ ግን ከምዙ ኣብ ቍ ዓ 137 ዓ ክፍሊ 17 ተወሲኑ ዘሎ ፍርቂ ይኽሓስ ። ጤል ወይ በጊዕ ፣ ደዓኛ ፣ እንቀዓ ጠስሚ ፣ እንቀዓ መዓር መጸለል ይሃብ ።

140. እዝኒ እንተ ኣጽመመ ፣ ዓይኒ እንተ ኣፍሰሰ ፣ መልሓስ እንተቌረጸ ፣ ብልዕቲ ሓስዩ ወቒዑ ካብ ውሉድ እንተ ኣግደለ ፣ ኢድ እግሪ እንተ ኣጕደለ ኣፍንጫ ጨሪሹ እንትቈረጸ ካልእ ነገራት እውን ከምኡ ዝመስል ብዝርከብ ፣ እቲ ጀማሪ 250 ቅርሺ ይኽሓስ ። ምክት ምዕሮ መዓር ፣ ምዕሮ ጠስሚ መጸለል ይህብ ። እቲ ብደሓር ዝወቕዔ ከም ኣብ 137-ቍ -17 ክፍሊ ተወሲኑ ዘሎ ፍርቂ ይኽሓስ ።

141. ብምሳር ፣ ብፋስ ፣ ብማሕጸ ፣ ብጎዘሞ ፣ ብመዶሻ ፣ ብመኾዓቲ ፣ ብካልእ ሓጻውን እውን ኣብዙይ ዘይተሰመ ገቢሩ ዝወቕዔ እሞ ደም እንተ ዘይኣፍሰሰ ፣ እቲ ጀማሪ 48 ቅርሺ ይኽሓስ ። ደም እንተ ኣፍሰሰ ግና 110 ቅርሺ እዩ ። ኣካል እንተ ኣጕደለ ፍርቂ ጋር ይኽሓስ ።
መጽለል ግና ከምቲ ኣብ ኣንቀጽ 17-ቍ-140 ተጻሒፉ ዘሎ ይሃብ ። እቲ ብደሓር ዝወቕዔ ከምቲ ኣብ 138 ቍ ዓ 17 ክፍሊ ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ።

142. ብናይ ድንገት ባእሲ ገጢሞዎም ፣ ብብረት ብናይ ኢድ ቦምብ ብኩናት ፣ ብሴፍ ፣ ብሽቶል ፣ ብጕራደ ፣ ብሽነት እንተወቕዔ ፣ እቲ ጀማሪ 250 ቅርሺ ይኽሓስ ። እንተ ሰሓቶ 125 ቅርሺ ይኽሓስ ። እቲ ብደሓር ዝወቕዔ 125 ቕርሺ እንተሰሓቶ ግን ፍርቀን ማለት 62 ቅርሽን ፈረቓን ይኽሓስ ። ክልቲኦም እንተ ተሰሓሓቱ እቲ ጀማሪ ርባዕ ጋር እቲ ዳሕራዋይ ፍርቂ እተን ርባዕ ጋር ይኽሓስ ።
ብዳኛ እውን ዝግብኦም ቅጽዓት ይቀጽዑ ።

143. ፈሊጡ ብብረት ብቦምብ ኢድ ብኩናት ብሴፍ ብሽቶል ብሽነት ኪቀትል ቢሉ ዝሓሰበ ይውቃዕ ፣ ይሰሓቶ ፣ ፍርቂ ጋር ይኽሓስ ። ኣብ ርእሲ እዙይ ነቲ ቍሱል ብላዕሊ መጸልን መሐከምን ከምቲ ኣብ ናይ ኣንቀጽ መውቃዕቲ ተወሲኑ ዘሎ ይሃብ ። እቲ መባእስቲ መን ይፈልጥ ዓወት ሂብዎ እንተወቕየ እንትቍሰሎ ከምቲ ኣብ ቅጽሪ 138 ዓ ክፍሊ ዓ 17 ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ።

144. እቲ መጽለል ዝህብ ሰብ ካብ ዝሰበረሉ መዓልቲ ክሳብ ሳልስቲ ይሃብ ።

145. ሰብኣይ ንሰበይቱ ናብ ቤት ኮነ ናብ በረኻ ኮነ ናብ ዝኾነ ቦታ ፣ ከይወቕዓ ክልኩል እዩ ። ዝወቕዔ ከምቲ ኣብ ናይ መውቃዕቲ ኣንቀጽ ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ። እቲ ካሕሳ በዚሑ ውሒዱ ንኣኣ እዩ ። ካብ ዋሕስ ሰደኛ ዋሕስ ዓጊታ ተእቲ ።

146. ኪጻባእ ደልዩ ንብሕቱ ብዘይ ዳኛ ከይዱ ንሰብ ዝወቕዔ እሞ እቱ መውቃዕቲ ኣብ ገዛ እንተ ደኣ ኮነ እቱ ወቓዒ ፣ ናይ ግስሳት ቤት እግቱ 55 ቅርሺ ፣ ይኽሓስ ። ኣብ ርእሲ እዙይ ከኣ ናይ መውቃዕቲ ከምቱ ኣብ ኣንቀጽ ናይ መውቃዕቲ ተወሲኑ ዘሎ ካሕሳ ይኽሓስ ።

147. ንጥንስቲ ሰበይቲ ዝኾነ ሰብ ፣ ክወቅዕ ብዝርከብ ፣ እሞ ምስ ተወቕዔት እቱ ቄልዓ ኣካል ዝሰርዔ እንተነጸላ ፣ 250 ቅርሺ (ፍርቂ ጋር) ንወለዲ ይኽሓስ ። ነታ ዝተወቕዔት ሰበይቲ ከኣ ብላዕሊ እቱ ወቓዒ 55 ቅርሺ ይኽሓስ ።

148. እታ እተወቕዔት ሰበይቲ ፣ ካብ እተወቕዓትላ መዓልቲ ክሳብ 15 መዓልቲ ጸኒሓ ሓውየ ቢላ ናይ መውቃዕቲ እንተ ዘይተኻሕሰት ካብኡ ንደሓር ኣይሓወኹን እንተበለት ፣ ብዳኛ ገቢራ ኣብ ወጌሳ ትርኤ ። ምናልባሽ ኣብ ወገሳ (ሕኪም) ኣይርኤን ቢላ ኣብያ ጸኒሓ ብዳሕራይ መዓልቲ ብሰንኩ እየ ሞይቱኒ ፣ ብሰንኩ እዩ ነጺሉኒ ክትብል ብትርከብ ብናይ መውቃዕቲ ጥራይ 55 ቅርሺ ካሕሳ ትከሓስ እምበር ብነፍሲ ክትከሓስ ኣይከኣልን ።

149. እታ እተወቕዔት ሰበይቲ ጥንስቲ ነቢረ ምስተወቓዕኩ ናይ ቀረባ ኣዋርሕ ጥንሲ ነቢሩኒ ብውዕዩ ደም ኮይኑ ይሽደኒ ኣሎ እንተ በለት ብ 3 ጉቡኣት ኣንስቲ እሞ ዓኖት ተራእያ ሓቂ ኮይኑ ብዝርከብ 125 ቅርሺ ርባዕ ጋር ትከሓስ ። ኣብ ርእሲ እዙይ ከኣ ናይ መውቃዕቲ 55 ቅርሺ ትከሓስ ። እንተ ደኣ እተን 3 ኣንስቲ እዙይስ ደም ትክቶ (ደነስ ወይ ደም እኖታት ፣) እዩ እምበር ናይ ጥንሲ ኣይኮነን ቢለን እንተ መስከራ ፣ ናይ መውቃዕቲ 55 ቅርሺ ጥራሕ ትከሓስ ።

150. ክልተ ሰብ ተዋቒየም ሓደ እንተ ተወቕዔ እቱ ሓደ ደም እንተኾነ ፣ መን ይቕደም ደም ቢሉ ክሲ ይድለወኒ ኪብል ኣይከኣሎን ። እቱ ዳኛ ናይ ዕለት ባእሲ እንተኾነ ኣተኻኺሉ ንክሊቲኦም ነገሮም ይሰመዓዮም ።
ጸርፊ ይኹን መውቃዕቲ ይኹን በቢመዓልቱ እንተደኣ ኮነ ግን ብፍላይ ክከም ነገሮም ክሰምዑ ይግባእ ።

## ክፍሊ 18 ። ዘራይ ።

151. ብዝረ ጸርፊ መውቓዕቲ ኣሽሙር ፣ ኣብዘይ ነገሩ ኣትዩ ፣ ናይ ዝረ መጠን ተረኺቡዎ ብምስክር እንተተረረትዔ ከምቱ ኣብ ናይ ኣንቀጽ ጸርፍን መውቃዕትን ተሓጊጉ ዘሎ ብካዕበት ገቢሩ ይኽሓስ ። (ብዙሓት እንተኾኑ ነፍሲ ወከፍ ።)

152. 2 ሰብ ኪበኣሱ ከለዉ ብዘራይ ሓቝፉ ኣሒዙ ዘሀረመ 2 ሕልቂ 24 ቅርሺ ይኽሓስ ።

## ክፍሊ ፣ 19 ። ከትሪ ።

153. ዝኸተረ ሰብ ከታሪ ከም ዝኾነ ብዳኛ ተመርሚሩ ፣ ምልክት እንተ ተረኽቦ እቲ ተኸታሪ እተን እተኸትረን ገንዘብ ክንድዙይ እዩ ቢሉ ብዝመሓለ ኣፉ ምስክሩ ኮይኑ ብካዕበት ገቢሩ ይቀበል ። 55 ቅርሺ እውን ይከሓስ ። እብ ርእሲ እዙይ ከኣ እንተትወቕዔ እውን ከምቱ ኣብ ናይ መውቃዕቲ ተወሲኑ ዘሎ ኣንቀጽ ይከሓስ ።

154. ምናልባሽ እቱ ተኸታሪ ዓወት ሂቡዎ ወቒዕ ደም እንተፍሰሶ ፣ ወይ ኣካላት እንተጉደሎ ከም እተወጸየ ይኺድ ፣ (ብዘይ ካሕሳ ፣) እንተሞተ ግን መጥፍእ ደም ስለ ዀሸውን ጋር ከምቱ ናይ ድንገት ተወሲኑ ዘሎ ይኽፈል ።

155. ከታሪ ሰራቒ ሓዳሩ ዘይወጽኤ ውሉድ እንተኾነ ፣ ካብ ገንዘብ ብርኪ ናይ ወለዲ ይወሓብ ፣ (ይከፈል) ። ሓዳሩ ዝወጽኤ እንተ ደኣ ኮነ ግን ባዕሉ ይሃብ ። (ካብ ገንዘቡ ።)

## ክፍሊ ፡ 20 ። ቅትለት ።

156. ፈውሲ ስራይ ንቕትለት ነፍሲ ቢሉ ዝገበረ እሞ ካብ ሞት እንተደሓነ ፡ እቱ ገባሪ እንተ ተረትዔ ፡ ፍርቂ ጋር ማለት 250 ቅርሺ ይኽሓስ ።

157. ፈሊጡ ብውሳይ ንጕድኣት ቢሉ ኣብ ጸድፊ ፡ ጕድጓድ ቀላይ ፡ ንሰብ ዝደርበየ እሞ እንተ ዘይሞተ ፡ እቱ ገባሪ እከይ እንተ ተረትዔ 250 ቅርሺ ይኽሓስ ።

158. ጋር ነብሲ ብድንገት ዝቐተለ እንተተረኽበ 500 ቅርሺ ። ብፍላጥ ዝቐተለ ግን ሽሕ ቅርሺ እዩ ።

159. ብድንገት ዝቐተለ እቱ ቀታል 120 ቅርሺ ካብ ነብሱ ይኽፍል ። ዝተረፈ 380 ቅርሺ ዓሌት ይኽፈልዎ ። ብድላይ ነፍሲ ዝቐተለ እቱ ቀታሊ 250 ቅርሺ ካብ ነፍሱ ይኽፈል ። ዝተረፈ 780 ቅርሺ ዓሌቱ ይኽፈልዎ ።

160. እዘን 120 ወይ 240 ቅርሺ ንመቕድም መዋቲ ብላዕሊ ተወሲነን ዘለዋ ዝግብኣኣ መጀመርያ ንውሉድ እዩ ፡ ውሉድ ንዘይብሉ ንወላዲ ፡ ወላዲ ዘይብሉ ንሓው ፡ኣሕዋት ዘይብሉ ፡ ነቱ በባት ዝቐረበ መቕድም እዩ ። ዝተረፈ ቅርሺ ግን እቶም ዕሌት መኻፍልቲ ጋር እዮም ዝማቕልዎ ።

161. ነፍሲ ሞይትዎ ጋር ተቐቢሉ ተፈጺሙ ቆይሙ ነቢሩ ድሕሪ እዙይ ብሒነ እንተቐተለ ብገበን መንግስቲ ትቐጺዑ ፡ ተቐቢልዎ ዝነበረ ጋር መሊሹ ፡ ከምቱ ፈሊጡ ዝቐተለ ሽሕ ቅርሺ ጋር እንደገና ይኽፈል ።

162. ፍላይ ማንታ ዝቐተለ ፡ ቀደም ፍርቂ ጋር እዩ ዝነበረ ፡ በዚ ሓድሽ ሕግዙይ ግን ከም ኩሉ ነብሲ ምሉእ ጋር ይርከብ ። (ማለት ማንታ ዝቐተለ ክልተ ጋር ይኽፈል ።)

## ክፍሊ ፡ 21 ። ስርቂ ።

163. ካብ ቤት ፡ ደምበ ፡ ግራት ፡ ዓውዲ ፡ ቂሚጦ ፡ ዝሰረቐ ሰብ ዝኾነ ይኹን ኣቕሓ እቱ ዝሰረቖ ብካዕበት መሊሱ ፡ ብግስሳት 55 ቅርሺ ይኽሓስ ። ከምኡ እውን መንደቕ ኣፍሪሱ ፡ መስኮት ሰቢሩ ፡ ከምኡ ዝመሰለ ነገራት እውን ብዝርከብ ፡ እቱ ዝሰረቖ ኣቕሓ ብካዕብት መሊሱ ናይ ግስሳት 55 ቅርሺ ይኽሓስ ። መዒረይ እቱ ዘባላሸዎ ነገር ብ 3 ሽማግለ ተገምጊሙ ይከፈል ።

164. ካብ ቤት ፡ ገበላ ፡ ደምበ ፡ በረኻ ፡ ካብ ዝኾነ ቦታ ከብቲ ፡ መጽዓዐ ፡ ጤለ ፡ በጊዕ ፡ ዝሰረቐ ፡ 5 ኢድ ገቢሩ ይኽፍል ፡ ማለት ( ጅራ ተከላ፡ ) ኣምሳያ ዝሰረቖ ። (ብሽማግለ እቱ ዓዲ ።)

165. ገንዘብ ከብቲ እኽሊ ዝኾነ ነገር ዝተሰርቀ ንዳኛ ፈልዩን ቆጺሩን ይንገር ። ካብ እቱ ዝጠፍኤ ኣብ ኢድ ሰራቒ እንተ ተረኽበ እቱ እተረኽቦ እማን እንተበለ ፡ ብካዕበት ገቢሩ ይኽፈል ። ብምርምር ውይ ብምጕርጓር ፡ ገሊኡ እንተ ረኺበሉ ግን ብዘይ እዚኤን ካልእ ኣይወሰድኩን እንተበለ ፡ እተን ናብ ኢዱ ዝተረኽበ ብካዕበት ይኽፈል ። ነቱ ኣሉ ዝበሎ ገንዘብ ግን እቱ ዋና ምሒሉ ርእሲ ማሉ ይኽፈል ። ከብቲ እንተ ኮና ግን ከምቱ ኣብ ኣንቀጽ ስርቂ ናይ ከብቲ ተወሲኑ ዘሎ ይኽፈል ።

166. ናውቲ መሳርዕ መጻውር ቤት ይውሓድ ይብዛሕ ዝሰረቐ ሰብ እቱ ዝሰረቖ ብካዕበት መሊሱ 24 ቅርሺ ይኽሕስ ።

167. ሓሰር መኸል ኣብ ዓዲ ምስ ኣቶ ፡ ዝሰረቐ ሰብ እቲ ዝሰረቖ ብካዕበት መሊሱ 12 ቅርሺ ይኸሓስ ። ኣብ በረኻ እንተ ደኣ ኮነ ግን ዝሰረቖ ብካዕበት መሊሱ 6 ቅርሺ ይኸሓስ ።

168. ብዘይ ፍቓድ ሰበ ምሬት ዝኾነ ኦም ፡ ንመጻውር ቤት ደልዩ በዓል ካልእ ዓዲ ዝበተኸ 55 ቅርሺ ነቶም ሰብ መሬት ይኸሓስ ። ዝበተኸ ኦም እውን ንሰበ መሬት እዩ ።

169. ኣብ መሬት ሽሔና ኦም ጠጢፉ መልሚሉ ከዕቢ ኣይከኣሎን ፡ ተኺሉ ብፍቓድ ዓዲ ዘዕበዮ ኦም ግን ገንዘቡ እዩ ። ዝወደቐ ኦም ምልክት ገቢሩ ንዳኛ ይንገር ፡ ካብታ ምልክት ዝገበረላ ወርሒ ፡ (30 መዓልቲ ) ቍጸራ ይርከብ) ። ወርሒ ከበጽሔ ካልእ ሰብ እንተ ወሰዳ ፡ እታ ኦም ናብቲ ዝኮተማ ክሳብ 10 መዓልቲ መሊሱ 6 ቅርሺ ክኣ ይኸሓስ ። እንተዘይ መለሳ ግን ብሰርቂ ይከሰስ ።

170. ጥፉኣት መጽዓኛ ፡ ከብቲ ፡ ጤለ በጊዕ ከምኡ ዝመስለ ነገራት ዝረኸበ ፡ ሰብ ፡ ካብታ ዝረኸበላ መዓልቲ ፡ ንዳዐ ዓዲ ይንገር ። ወሰኑ ክሳብ 15 መዓልቲ እዩ ። ንዳኛ ክሳብ ዝነግር ኣብ ሓዳሩ ንጠቕሚ ርእሱ ከየውዕሎ ክልኩል እዩ ። ካብኡ ንደሓር ዘይነገረ ግን ሰራቒ ኮይኑ ብሰርቂ ይሕለፍ ።

171. ዝኾነ ነገራት ዝሰረቐ ሰብ እቲ ሰራቒ ዕድሜኡ እንካብ 15 ዓመት ንላኣሊ እንተ ደኣ ኮይኑ ብሰርቂ ይተሓዝ ። ካብ 15 ዓመት ንታሕቲ እንተ ደኣ ኮነ ግን ፡ ቅምብር ወይ ኣምሲሉ ይምለስ ። ምናልባሽ እቲ ሰራቒ ቈልዓ ንወለዱ ወይ ነቶም ተቐሚጥዎም ዘለዉ ሰባት ሂቡዎም እንተ ደኣ ኮነ ፡ ንሳቶም ሰረቕቲ ኮይኖም ከምቲ ተወሲኑ ዘሎ ይቀጽዑ ።

172. ኣቕሓ ቤተ-ክርስትያን ዝሰረቐ ሰብ ነቲ ዝሰረቖ መሊሱ ፡ 110 ቅርሺ ንዋናታት (ማለት) ንዓዲ ይኸሓስ ።

173. ንህቢ ዘለዎ ቆፎ ዝሰረቐ ወይ ዝበርበረ ፡ ኣብ ዓዲ እንተ ደኣ ኮነ ፡ ነቲ ዝሰረቖ ወይ ዝበርበሮ ፡ ንህቢ ኮነ መዓር ኮነ ፡ ዋና ብዝመሓለ ብካዕበት መሊሱ ናይ ግስሳት ገዛ 55 ቅርሺ ይኸሓስ ። ካብ በረኻ እንተ ደኣ ኮነ ግን ፡ ዝሰረቖ ዋና ብዝመሓለ ብካዕበት መሊሱ 12 ቅርሺ ይኸሓስ ።

174. ሓላፊ ዕስለ ንህቢ ዋና ዘይብሉ ኣብ በረኻ ኣብ ወጻኢ ዓሲሉ እንተ ተረኽበ እቲ መጀመርያ (ፈለማ) ዝረኸቦ ነቲ ሹም ንህቢ እንከይሓዞ እንተ ጸንሔ እሞ ካልኦት ሰባት እንተረኺቡዎ ነቲ ሹም ሓቢሮም ዕጫ የውድቕሉ ፡ እቲ ዕጫ ዝበጽሓቶ ይውሰዶ ። ምናልባሽ ኣብ ደገ ኣብ ገበላ ቤት እንተ ደኣ ዓሰለ ግን ንዋና ቤት እዩ ።

175. ዕስለ ንህቢ ፡ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ፡ ካብ ገዛ ናብ ገዛ ፡ ንዕለቲ ዝሰዓቦ እሞ ኣብ ጥራዩ ዘሎ ቆፎ እግቲ ኣትዩ ምስ ዝርከብ እቲ ዋንኡ ረቲዑ ይውሰድ ። ቀልዓ ሰበይቲ ሲዒቦም እንተ ኣስምዑ ፡ ሰህኣይ ካብ መጋሻኡ ብዝመጽኣሉ ረቲዑ ይውሰድ ። ስምዕታ ዘይብሉ እቲ ንህቢ እንተ ሓደረ ግን ነቲ ዋና ዝኣተዎ እዩ ዝኸውን ። ኣብ ንህቢ ዘለዎ ቆፎ እንተ ኣተዎ እውን ነቲ ዋና ዝኣተዎ እዩ ።

176. መዓር ጭደናይ ዝረኸበ እቲ ዝረከበ ሰብ ስለ መጋበሪ ኬምጽእ ቢሉ ትእምርቲ ገቢሩ ገዲፍዎ ምስ ከደ ፡ ካልእ ሰብ በርቢሩ እንተወሰደ ፡ እቲትእምርቲ ገዲፉሉ ዝኸደ ሰብ እንተረትዮ 12 ቅርሺ ይኸሓስ ። እቲ ዝበርበሮ መዓር እውን ምሒሉ ዘየትረፈ ይህብ ።

177. ንህቢ ናብ ጓንጓ ፡ ጕላ ፡ እምኒ ፡ ረኺቡ ምልክት እንተ ገበረሉ ፡ ብድሕሪኡ ካልእ ሰብ እንተ ወሰደ ፡ እሞ እንተተረትዔ ፡ ንህቢ ብኻዕበት መሊሱ 12 ቅርሺ ይኸሓስ ።

## ክፍሊ ፡ 22 ። ምስክርን ፡ ማሕላን ።

178. ብናይ ነብሲ ብርስቲ-ምሬት ዓጽመ ሰበር ፡ ጸርፊ ፡ ዓሌት ፡ ብካልእ ከማኡ ዝመስል ዓቢይ ነገርን ብዝምድና ፡ ሳዱሻይ ገንኢ ፡ ዝበጽሖ ግቡእ ምስክር ይኹን ።

179. ብገብስን ፡ (ገንዘብ) ናይ ከምኡ ዝበለ ካልእ ጸርፍን ነገርን 4ይ (ራብዓይ) ገንኢ ይመስክር ።

180. ኣበልገን ኣቦ ጡብ ፡ ካሕሳ ዝተባልዑ ዘግለለ ሽማግለ ፡ በዓል ዓስቢ ጓሳ ክሳዕ ምስ ጎይትኡ ዘሎ ሰድበኛ ድምነት ዘለዎ እዚኣቶም ክምስክሩ ኣይግባእን ።

181. ብናይ ስርቅን ብናይ ካልእ ዓመጽን ፡ ዝኾነ ዓበይቲ ሰባት ኣባኡ እንተ ዘይጸንሑ ካብ 7 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድመኦም ቆላዑ ብዓይኖም ዝረኣይዎን ብእዝኖም ዝሰምዕዎን ፡ ክምስክሩ ይከኣል እዩ ። ምእሓላ ግን ኣይግበኦምን ።

182. ብመሬትን ብርስትን ዝኾነ ነገር 7 ግቡኣት ምስክር ሓደ ቃል ኮይኖም ንዝመስክሩሉ ብዘይ ወሰኸ ፡ ማሕላ ፡ ይርጋእ ። (ማለት ይኣክሉ ። )

183. ከሳሲ ኮነ ዝኸሳሲ ኮነ ፡ ብርስቲ ዝኾነ ምስክር ዘብዝሐ ፡ ኣብ ኽንድቶም ዝጐደልዎ ምስክር 7 ነብሲ ኮይኑ ንሱ ይምሓል ፡ ወይ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ወይ ኣብታ ዝበኣሱላ መሬት ፡ በዓል ነገር ኣብ ዝመረጸ የምሕል ።
እቶም ዘምሕሉ ሰብ ነገር ንቶም ዝምሕሉ ከካብ ኣፍ ግዛኦም ይምረጽዎም ። እቶም ዝምሕሉ 7 ዘይኣክሉ እንተ ኮኑ ፡ ከካብ ኣፍ ማይበቶም ዕጨኦም ዝበጽሖም ተተመላሊሶም ይምሓሉ ።

184. ናብ ቤተ-ክርስትያን ዘምሕል በዓል ነገር ፡ 2 ቅርሺ ን ቤተ-ክርስትያን ከፊሉ የምሕል ።

185. ነገረ መሬት ብዝተረፈ ብኻልእ ነገራት ምስክር ድሕሪ ጀሚሮም ኣብ መንጎ ምስክር ምሓለለይ ክብል ኣይከኣሎን ።

186. ውላድ ዳኛ ፡ (መመሻኸሪ) ብትውልዲ ራባዓይ ገንኢ እንተኾነ ድምነት ወይ ምስቶም ዘማሻኽሮም ፡ ሰብ ነገር ካሕሳ ተበላሊዮም እንተነበሩ ካብ መማሻኸሪ ኪኽልከል ይግበእ ፡ ብኻልእ ብዝኾነ ምኽንያት ግን ኣይኽልከልን ።
187. ውላድ ዳኛ ንኽልተ ሰብ ነገር ኣሒዝዎም ክኸይድ እንከሎ ኣብ ብረኻ ሰብ ዜብሉ እንተተጻረፉ ፡ ወይ እንተ ተዋቐዑ ምስክሮም ንሱ እዩ ።

188. ውላድ ዳኛ ኣብ ምስክር ምስበጽሐ ፡ ከማሻኽሮም ከሎ ፡ ሳምዕ ዘይብሉ ክስምዕ ኣይግባእን ፡ ናብ ሳምዕ ዝርከቦ ወሲዱ ይማሻኽሮም ።

189. ናይ መሬት ብዝተረፈ ፡ ናይ ካልእ ዝኾነ ነገር ብ3 (ሰለስተ) ምስክር ዝመስክርዎ ይኣክል ።

190. ክልተ ሰብ ነገር ብርስቲ ምስ ገጠሙ ፡ ወይ መሓሉ ወይ ኣምሐሉና ተባሂሎም ኣብ ማሕላ ምስቐሙ ዝበዝሔ እንተመሓሉ ፡ እቶም ዝውሕዱ ኣይንምሕልን እንተበሉ እቶም ዝመሓሉ ናይቶም ዝጐደልዎም መመላእታ 7 ተመላሊሶም ይምሓሉ ።
እቶም ኣይንምሕልን ኢሎም ዝተረፉ ኣፎም ይጥፋኣዮም ። እቶም ዝመሓሉ ኣሕውቶም ሮኣክብዎ ።

191. ብሓሶት ምስክር እተኸሰ እሞ እንተ ተረትዔ ንመጀመርያኡ ክሳዕ 7 ዓመት ካብ ምስክር ይኽልከል ። ካልኣይ እንተደገመ ንወትሩ ይተሓለል ።
ምስክር ክምስክር ምስተቐረበ መጺኣሙኒ ጠይቐሙኒ ድሕሪ ውርዲ እንተበለ ፡ ንሽዑ ካብ ምስክር ይትረፍ ። ቅድሚ ውርዲ እንተኾነ ግን ኣይክልከልን ።

## ክፍሊ ፡ 23 ። ኢጋባብ ፡ ዳኛ ።

192. ሀ) ዝኾነ ሰብ ፡ ኣብ ዓዲ ኣብ በረኻ ዝሰፈረ ሓላፍ መንገዲ እውን እንተኾነ ኣብታ መሬት እንተ ዓመጸ ፡ ወይ እንተተዓመጸ ብዝኾነ ዓይነት ፡ እቲ ዳኛ መሬት እዩ ዝዳንዮም ።
ለ) ክልተ ሰብ ነገር ኣብ ቅድሚ ዳኛ ምስቀሙ ፡ ክሳስን ብየማን ተኸሳስን ብጸጋም ኮይኖም ዋሕሳቶም ይትክሉ ።
ሐ) ዳኛ ዋሕስ ችኹል ኢሉዎ ንዝኣበዮ 18 ቅርሺ ኣዚዙ ናብ ርእሲኡ ዘሎ ዳኛ የሕልፍ።
መ) ዋሕሳት ምስ ኣትክሎም ኣብ ቅድሚ ኣረባ ነገሮም ይሰመዓዮም ።

193. ክሳሲ ንበዓል ነገሩ ብቃል ዳኛ ተፈጺሙ የቅርቦ፡ እንተ ኣበዮ ቃል ሃጸይ ይርከብ ።

194. ቃል ሃጸይ ፡ ጭቃ ወይ ወኪሉ ሊኢክዎ ዝኸደ ኣብ ማእከል ዓዲ እንተኾነ፡ እቲ ዝጽዋዕ ንቐዳማይ ጸዋዒት 1 ቅርሺ ፡ እንተ ኣበየ ኣብ ካልኣይ ጸዋዒት ፡ 2 ቅርሺ ኣብ ሳልሳይ 3 ቅርሺ ይቕጻዕ ። ቀጺዑ ናብ ልዕሊኡ ዘሎ ዳኛ የሕልፍ ።
ቃል ሃጸይ ናይ ምስሌነ ወይ ወኪሉ ኣብ ቀደማይ ጸዋዒት ንቲ ካብ ጭቃ ብእምቢታ ዝሓለፈ እንተኾነ፡ 6 ቅርሺ፡ ኣብ ካልኣይ 12 ቅርሺ፡ ኣብ ሳልሳይ 18 ቅርሺ፡ ቀጺዑ ናብ ልዕለኡ ዘሎ የሕልፍ ።
ቃል ሃጸይ ናይ ምስለኔ ወይ ወኪሉ ብጭቃ ተጸዊዑ ዘይነበረ እንተኾነ፡ ኣብ ቀደማይ ጸዋዒት 2 ቅርሺ ፡ ኣብ ካልኣይ 6 ቅርሺ፡ ኣብ ሳልሳይ 18 ቅርሺ ቀጺዑ ናብ ልዕሊኡ ዘሎ የሕልፎ ።

195. ብመጀመርያ ቃል ሃጸይ መጸወዒ ፡ (ኣብ ጭቃ ኮነ ኣብ ምስሌነ ኮነ) እቲ ክሳሳይ ከምቲ ተወሲኑ ዘሎ ናይ ቀደማይ ጸዋዒት ባዕሉ ክፈሉ የጸዋዕዮ ። እቲ ተጸዋዓይ ምናልባት ካብ ዓዲ ዘምቢሉ ወይ ብሓቂ ሓሚሙ እንተጸንሐ ወይ ብጸዋዒት ብዘይ እምቢታ ሸዑ እንተመጸ እቲ ክሳሲ ክፈልዎ ዝነበረ መጸወዒ ኣብ መወዳእታ ነገር እንተረትዔ ይኸፈሎ ።

196. ተኸሳሲ ፡ ዕለት ምስ ጠበቓይ እንተበለ ፡ እቲ ዝደልዮ ጠበቓ ፡ ካብ መገዲ መዓልቲ ዘይነውሕ እንተኾነ ዝርከቦ ሳልስቲ ይሃቦ ። ካብ መገዲ ምዓልቲ ዝርሕቕ እንተ ደኣ ኮነ 2 ሳልስቲ ይርከብ ፡ ኣብታ ቈጸራኡ እንተዘይመጽኤ ፡ ባዕሉ ቃሉ ይምለስ ፡ እንተኣበየ ከም ስርዓት ይቀጻዕ ።

197. ጠበቓ ኣብ ርእሲኡ ካልእ ጠበቓ ክገብር ኣይክኣሉን ። ጠበቓታት ግን ክለዋወጡ ይክኣል እዩ ።

198. ክሳሲ ክሲሱ ክብቅዕ ፡ ዕለት ምስ ጠበቓይ ክብል ኣይክኣሎን ፡ ንግዜኡ ግን ጠበቓ ኪገብር ይኽእል ።
በቲ ጠበቓታት ገሮም 2 ሰብ ነገር ዝተኻሰሱሉ ዕዳ እንተመጸም ዋናታት እዮም ዝሓልፍዎ ፡ ነገር ግን እቶም ጠበቓታት እንተተጻረፉ ወይ እንተተዋቐዑ ፡ ባዕላቶም ይሕለፍዎ ።

199. ወላዲ ንደቁ ፡ ደቂ ንወለዶም ፡ ሰብኣይ ንሰበይቱ ፡ ሓው ንሓው ፡ ግዙእ ንጎይትኡ ጐይታ ንግዙኡ ። ብዝኾነ ነገር ክርከቡ ሓግዝኒ ክይበሎ ክሕግዝ ይኽእል ። እዚኦም ጠበቓታት ኣይበሃሉን ። ሓገዝቲ ኮይኖም ጠበቓ ክገብሩ እንተደልዩውን ይኽእሉ ።
እዚኣቶም ብዝተረፈ ካልእ ሰብ ባዓል ነገር ፡ ሓግዝኒ ክይበሎ ባዕሉ ተንሲኡ እሕግዝ ዝበለ 6 ቅርሺ ንበዓል ነገር ኪሒሉ ካብታ ዝደለያ ጥብቅነት ይከልክል ። ካህን እውን ኣብዘይ ነገሩ ጥብቅነት ይከልከል ።

200. ክልተ ሰብ ነገር ምስተዋረዱ ፡ ክሳሲ ምስክሩ ክይሰመ ይምራሕ ፡ ዘመስከረሉን ዝሓለፎን ዝኾነ ዓዲ ሕድጎይ ኢሉ እናተፈጸመ ይኺድ ። መሪሑ ኣብ ሓደ ዓዲ ምስኣቶ ፡ ምስክር

ነይሮሙኒ ፡ ግን እስእኖም ኣለኹ እንተበለ ፡ እቲ ዳኛ ጽርሃዮም ይብሎ ። እሺ ቢሉ እንተጽርኄ እቲ ዳኛ ፡ ኣብዚኣቶም ዝተረኸበ ርቱዕ ኣባት ነገር ኢሉ ይፈጽሞም ። እይጸርሀን ኢሉ እንተኣበየ እቲ ዳኛ ኣብ ቅድሚ ሳምዕ ኣስሚዑ ይሕለፍ ፡ ተመሊሱ እቲ መራሕ ምስክር ኣብታ ዓዲ ከየመስከር ክልኩል እዩ ።
ተኸሳሲ ንዙ ምስክር እዙይ ኣይምስክሮን እንተበለ ፡ እቲ መመሳኸሪ ፡ ዘኸልክል የብሉን ኢሉ እንተተረደአ ይስመዓዮ ግቡእን ኣይግቡእን ፡ ኣባት ዳኛ ይበይኖም ።

201. ኣብ ቅድሚ ዳኛ ፡ 2ተ ሰብ ነገር ስርዓት ቆይሞም እንከለዉ ፡ ኮርማጅ ፡ ዘንጊ ፡ ጭራ ጉራደ ፡ ዝኾነ ዓይነት መጻውር ከይሕዙ ኩልኩላት እዮም ። ስለ ስርዓት ለቢሶም ነገሮም ይቐጽሉ ።

202. ኣብ ቅድሚ ዳኛ ፡ 2ተ ሰብ ነገር ስርዓት ገጢሞም እንከለዉ ሓዲኦም በዓል ነገር ከይትዛረብ ኢሉ ኣይገዝዝ ። ዝገዘዘ ግን ጭቃ ከምግቡኡ ምስሌነ ከም ግቡኡ ክሳዕ 3 ግዜ ደናብ ይቕጽዑ ። ካብኡ ንደሓር ብግዚ ይቀጻዕ ።

203. ኣብ ቅድሚ ጭቃ ፡ ስርዓት ገጢሞም እንከለዉ ዝጸረፈ 3 ቅርሺ ይቀጻዕ ። ዝወቕዔ 9 ቅርሺ ደናብ ይቀጻዕ ። ኣብ ቅድሚ ምስሌነ እንትኾነ ዝጽረፈ 6 ቅርሺ ዝወቕዔ 18 ቅርሺ ደናብ ይቀጻዕ ።
እቲ እተጻርፈ ወይ እተወቕዔ ከምቲ ናይ ጸርፍን መውቃዕትን ተወሲኑ ዘሎ ኣንቀጽ ይክሓስ።

204. ንዳኛ ኣብ መጋባእያ ወይ ኣብ ማንም ይኹን ብቲ ተዋሂብዎ ዘሎ ስልጣን ክሰርሕ እንከሎ ዝጸረፈ ወይ ዝወቕዔ ከምቲ ኣብ ኣንቀጽ ጸርፍን መውቃዕትን ተወሲኑ ዘሎ ብካዕበት ይክሓስ ።

205. መሸጣ ክብቲ መጽዓኛ ፡ ገመል ፡ ቤት ፡ ርስቲ ፡ ሽልማት ወርቅን ብሩርን ፡ ዋልታ ፡ ኩናት ፡ ጉራደ ፡ ሴፍ ፡ ኮረሻ ፡ ዝዕድግ መድህን ገቢሩ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ይግዛእ ።

206. ዝመስከረ ፡ ዳኛ ንታ ዝመስከራ ነገር ባዕሉ ኣይፍረዳ ፡ ናብ ርእሲኡ ዘሎ ዳኛ የሕልፋ።

207. ዳዐ ፡ ሓልቓ ፡ ነበራ ፡ ዓቋሮ ፡ ኪድረ ፡ ብቲ እተኣዘዝዎ ስራሖም ኣዚዮም ኣሉ ዝብሎም እንተ ተረኸበ መስቀል ጠቒየም ኣሮም እዩ ምስክሮም ። በድላው ኣዚዙኒ ኢሉ ዝኸሰሰ ፡ እዙ ፈጺሙ ይኸሰስ እንተ ረትዔ 12 ቅርሺ ይከሓስ ። ተኣዚዙ ዘብኮረ ከምቲ ኣብ ክፍሊ 23 ቍ ዓ 192 (ሓ) ይቀጻዕ ።

208. ክልተ ብኡሳት ስርዓት ገዲፎም ካብ ሓዲኦም ናዓናይ እንዶ ንጻእ ሓሓይልና ክነርኢ እንተበለ እቲ መባእስቲ እውን እሺ ቢሉ እንተሰዓቦ እቲ ጀማሪ 55 ቅርሺ ይኸሕስ ። እቲ ሰዓቢ 24 ቅርሺ ይኸሓስ ። እቲ መናግርቲ ስርዓተይ ምግባር ይሕሸኒ ኢሉ እንተ ተረፈ 55 ቅርሺ ይከሓስ ።

209. ሽማግለ ሽምጊሎም ዘቖሙዎ ነገር ፡ ዳኛ እውን ዳንዩ ዘቖሞ ነገር እቶም 2 ሰብ ነገር ብቲ ቅዋሞም እንተ ተኻሓዱ እቶም ዘቃወሙዎም ይንገሩሎም በብዘቖሙዎ። ብዝምድናን ብኻልእ ምኽንያትን ክኸልክልዎም ኣይክእሉን ። እንተ ጠርጠሩ የምሕልዎም ፡ (መስቀል የጥቅዕዎም ።)

210. መማሳኸሪ ዘማሳኸር ዳኛ 2 ቅርሺ ንምዓልቲ ኣብ ሓንቲ ነገር ይቀበል ። ድሕሪ ውርዲ 2 ሰብ ነገር ቀቅርሾም ይህቡ ። ምስተማሳኸሩ እተረትዔ ይጠቕልሎ ። (ይኸፈሎ)

211. ንዳኛ ኣብ ሓንቲ ማንም ነገር 2 ቅርሺ ዳኝነት ይግብኦ ። ዓቢይ ነገር ብዙሕ ዝደኸመሉ እንተኾነ ግን ብርእሲኡ ዘሎ ዳኛ ይወስኖሉ ።

## ክፍለ ፤ 24 ፡፡ ከብካብ ፡፡ (ጽምብል) ሞያ ብእንስሳ ፡፡

212. ከንቲባ ባሕሪ ነጋሲ ግራት ጸምዓ ካልእ መዓርጋት እውን ዘሎ ዝኾነ ከብካብ ክገብር ዝበለ ሓንቲ ከብቲ ሓሪዱ ይከብክብ ፡፡ ኣብዚሒ ሽሻየ ማይ ከጥፍእ ክሓርድ ዝደለ ከም ክእለቱ ይሕረድ ፡፡ ስቕ እንተበለ ጸርፊ ይብሉን ፡፡ ምናልባት ዘይትጸበልካ ኢሉ ዝጸረፈ 24 ቅርሺ ይኸሕስ ፡፡ ብዳኛ እውን ይቀጻዕ ፡፡

213. ኣንበሳ ፤ ሓርማዝ ፤ ከምኡ ዝመስል ግዳይ ቀቲለ ቢሉ ጽምብል ኣይግበር ፡፡ ሙንጉዳ ካልእ ሪም ኣሎኒ ቢሉ ክቕበል ኣይክእልን ፡፡ ሕጊ ዘፍረሰ ነቶም ዓዲ 55 ቅርሺ ይኸሓስ፡፡

## ክፍሊ ፤ 25 ፡፡ ቀብሪ ፡፡

214. ሓመድ ድበ መዓልቲ ፤ መስቀል ፤ ድባብ ፤ ሰንደቕ ዒላማ ፤ ንዋየ ቅድሳት ፤ እምብልታ ፤ ጭራ-ዋጣ ፤ መሸኸት ፤ ንሬሳ የሰኒ ፡፡ ምምላጥ ገጽ ፤ ጸጉሪ ምንጻይ ፤ ክልኩል እዩ ፡፡ መልቀስ ንሓመድ ድበ መዓልቲ ይለቐስ ፤ ኣብ ካልኣይ ቀብሪ ግን ክልኩል እዩ ፡፡

215. ብዕለት ሰንበት ካልኣይ ቀብሪ ክይግበር ክልኩል እዩ ፡፡ ሕጊ ዘፍረሰ ንቤተ-ክርስትያን ዓዱ 55 ቅርሺ ይቀጻዕ ፡፡

216. ኣብ ቀብሪ 1ቲ ዓራት ምንጻፍ ክዲኖም የውጽኡ ፡፡ ህዝቢ ምስ ተኣከበ እግዚኦታ (ምህለላ) ገቢሩ ጽንዓት ይሃብኩም ኢሉ ይኺድ ፡፡ ሕጊ ዘፍረሰ ሓዘንተኛ 55 ቅርሺ ንቤተ-ክርስትያን ይቀጻዕ ፡፡

217. ሓዘንተኛ ክሳብ ዓሰርተ (12 መዓልቲ) ይግፋዕ ፡፡ ካብኡ ዘሕለፈ 12 ቅርሺ ንቤተ-ክርስትያን ዓዱ ይቀጻዕ ፡፡

218. እዞም ንቤተ-ክርስትያን ተባሂሉ ተጻሒፉ ዘሎ ቅጽዓት ፤ እቲ ዳኛ ንቤተ-ክርስትያን ዓዱ ኣውጺኡ ይሃብ ፡፡ እቲ ዳኛ ዓዲ ፤ ኣውጺኡ እንተዘይሃበ 24 ቅርሺ ይቀጻዕ ፡፡ ምኽፋል ዝኣበየ ሰብ እንተተረኽበ ጭቃ እገሌ ወዲ እገሌ ኣብዩኒ ኢሉ ንምስልኔ ይንገሮ ፡፡ ምስለኔ ስሚዑ ከም ግቡእ እንተዘይገበረ 38 ቅርሺ ንቤተ-ክርስትያን ይቀጻዕ ፡፡
እዞም ብቅጽዓት ንቤተ-ክርስትያን ዝእከብ ገንዘብ ኣብ ገበዝ ወደባት ዓዲ ዝሸሙዎ ተኣኪቡ (ተቐሚጡ) ብሽማግለታት ዓዲ ዝናበር እዩ ፡፡

## ክፍሊ ፤ 26 ፡፡ ተዝካር ፡፡

219. ተዝካር ዝገብር ሰብ ከምቲ ብኣቡን ዝተወሰነ ገንዘብ ነቶም ዝግብኦም ካህናት ኣብ ፍትሓት ዝሓደሩ ይሃብ ፡፡ ኣብ ርእሲኡ ነቶም ዝቐደሱ ፤ 10 እንገራ ፤ ጎምቦ ስዋ ፤ ሓደ በጊዕ ናብ ደገስላም መኽፈልቲ ይሰደሎም ፡፡ ካብኡ ዘሕለፈ 100 ቅርሺ ክቕጻዕ ንቤተ-ክርስትያን ዉሱን እዩ ፡፡
ካህናት በዞም ተወሲኑ ዘሎ ኣይንፈትሕን እንተበሉ ፤ ነፍሲ ወከፍ ካህን 55 ቅርሺ ንዋናታት ክሒሶም ስርዓቶም ይፈጽሙ ፡፡ (ይፍትሑ)፡፡)

220. ወላዲ ምስ ሞተ ቅድሚ ኣወራርሳ ገንዘብ ፤ እቶም ክወርሱ ዝግብኦም ፤ ከም ዓቕሞም ገይሮም የተዝክሩ ፡፡ በዓል ቤት ከብቲ ክሓርድ እንከሎ ብኸያት ክልኩል እዩ ፡፡ ካህናትን

ዓድን ካብ እተሓርዳ ከብቲ ዝወሰድዎ ዝነበሩ ሪም ትሩፍ እዩ ። ዋና ቤት ዘጥፈኦ ኩሉ ሸሻይ ከም ፍቓዱ ንጋሻኡ የፋንወሉ ።
ንካህናት ግን ቁጽሪ 219 ተመልከት ።

221. ዝውረስ ዘይብሉ ወላዲ እንተኾነ እሞ ደቁ ተዝካር ከምቲ ኣብ ቁጽሪ 219 ዘሎ ገርና ክንገብር ኣይኽእልን እንተተበሃሃሉ ብዳኛ ዓዲ ተመርሚሮም ይናበሩ ።

## ክፍሊ ፡ 27 ። ኣካፋፉል ፡ ካሕሳ ።

222. ካሕሳ ዝከሓስ ሰብ ብሸለግ ምሃብ ትሩፍ እዩ ። ኣብ መዓልቲ ሓደ ቅርሺ ሕሳብ ተሓሲቡ እዩ ዝኽፈል ።
6 ቅርሺ ዝኽሕስ ኣብ ሳድሳይ መዓልቲ ይኽፍል ።
12 ቅርሺ ዝኽሕስ ኣብ 12 ምዓልቲ ይኽፍል ።
24 ቅርሺ ዝኽሕስ ኣብ 24 መዓልቲ ይኽፍል ።
48 ቅርሺ ዝኽሕስ ኣብ 30 መዓልቲ (ወርሒ) 30 ቅርሺ ይህብ እቲ ዝተረፈ 18 ቅርሺ ብ 18 መዓልቲ ይህብ ። ኩሉ ካሕሳ ከምኡ እናበለ እዩ ዝኽፈል ። ብዘይ ጋር ነፍሲ ፡ *ርፊ ቅርሺ ግና ከምቲ በብጊዜኡ ብመንግስቲ እተወሰነ እዩ ዝወሃብ ።*

## ክፍሊ ፡ 28 ። ዓስቢ ጓሳ ወይ (ግዙእ ።)

223. ግዙእ ሓዳሩ ዘይወጸ ካብ ወለዱ እንተ ተወቕዔ ወይ እንተተጸርፈ ካሕስኡ ንወልዱ እዩ። ከምኡ ከኣ እንተወቕዔ ወይ እንተጸረፈ ካሕሳ ብዝኽሕስ ወለዱ እዮም ዝኽፍሉሉ ። እምበር እቲ ጎይትኡ ኻሕስኡ ኣይበልዓሉ ኣይከፍለሉ ።

224. ኣብ ዓዲ ዘሎ ጓሳ ከብቲ ኣጥፊኡ ንዕለቱ ንዋና እንተነገረ ዕዳ የብሉን ። ንዕለቱ እንተዘይነገረ ኣምሲሉ ይዕደ ። ዋናታት ገይሾም እንተጸንሕዎ ንዳኛን ንመቕድምን ይንገር ።

225. ኣብ መሬት ደጕዓ ዝጓሲ ። ከብቲ ጠፊኣትኒ እሉ ካብታ ዝጠፋኣትላ መዓልቲ 15 መዓልቲ ንዋና ዝነገረ ኦዳ የብሉን ። እንተዘይነገረ ኣምሲሉ ይዕደ ። ኣብ መሬት ባሕሪ ዝጓሲ ። ንዋና ከብቲ ካብታ ዝጠፍኣትላ መዓልቲ ክሳብ ወርሒ ዝነገረ ዕዳ የብሉን ። እንተዘይነገረ ኣምሲሉ ይዕደ ።

226. ግዙእ ዝኾነ ኣቕሓ ኣጥፊኡ ንጎይትኡ ንዕለቱ ዝነገረ ዕዳ ይብሉን ። ዘይነገረ ኣምሲሉ ይዕደ ። ንጎይትኡ እንተሰኣኖ ንዳኛን ኣብ ዓዲ ዘለዉ መቕድምን ይንገር ።

227. ብውሳይ ከምዝገበሮ እንተተረትዔ ፡ ከም ሰራቒ ኮይኑ ይተሓዝ ። ንሰራቒ ዝተወሰነ ሕጊ ይብጾሖ ።

228. ዓሰባ ሓላው እኽሊ ። ኮመረት ጠቢብ ። ዓስቢ ቀሺ ክራይ ብዕራይ ። ከምኡ ዝመስል ካልእ ብእኽሊ ዝኽፈል ዝኾነ ነገራት ቀለብ ቈልዓ ብዝተረፈ ቀውዒ ሃበኒ ከይበሎ እንተተረፈ ክራማት ምስ ኣቶ ሃበኒ ኣይበሎ ። መስቀል-ምብራቕ ይጠይቆ ። እንተኸልኦ ዋሕሱ ዓጊቱ ርእሰ ማሉ የእቱ ። ክራማት ማለት ካብ ባሕቲ ግንቦት ክሳብ 12 ጥቅምቲ

እዩ ።

## ክፍሊ ፧ 29 ። - ኣናባባር መሬት ርስቲ ።

229. ሕልቅነታ ፧ ዳቢታ ፧ ቢሉ ርስቲ ዝዓደገ ወሰንተኛ ። እቶም ደቀባት ዝረኸብዎ ሪም ክረክብ ይክኣሉ ።

230. ርስቲ ቤት ክሽይጥ ዝደል ቅድም ንመቕድም ይጥይቕ ። መቕድም ኣይንገዝእን እንተበሉዎ ፧ ናብ ዝደለዮ ክም ስርዓት መሬት መድሕን ተኺሉ ይሸጥ ። ኣነ ኣይሰማዕ ኩን ኣይነበርኩን ዝብል መቕድም እንተተረኽበ ክሳብ ሓደ ዓመት ደረቱ ካብታ ዝተሸጠትላ መዓልቲ እዩ ። ዘይነበረ ዘይሰምዔ ምኺኑ እንተተገልጸ እቲ ዝተሸጡዶ ዋጋ ሂቡ የምልስ ። ካብ ዓመት ንደሓር ግን ኪኸሰስ ኣይክኣሎን ።

231. ሰብኣይን ሰበይትን ብብርኪ ዝዓደግዎ መሬት እታ ሰበይቲ ዘይወለደት እንተደኣ ኮነት ሰብኣያ ምስሞተ እቲ ኣፉ ክሸጦ ደልየ እንተበለት ። እቶም መቕድም ዝሞተ ሰብኣያ የዓ ድግዎ ። ምናልባት ብትይ ዝበለቶም ዋጋ እንተዘይዓደግዎ ። ኣብ ዋጋ ዘብዘሐ ፧ ትሸጥ ካብቲ ንመቕድም ሰብኣያ ዝበሉቶም ኣውሒዳ ኻልእ ክትሸይጥ ኣይትኽእልን ፧ እንተሸጠት በተን ዝሸጠተን ዋጋ ናብ መቕድም ይሕለፍ ።

232. ዓውዲ ርስቲ እንተሓረሰሉ ነቲ ዋና ዓውዲ 55 ቅርሺ ይኽሓሰዎ ።

233. ክልተ ዓሌት ወይ ክልተ ኣሕዋት መሬት ኣቦና እዩ ኢሉ ካብ ሓዲኦም እንተ ኸሰሰ ፧ እቲ ዝተኣማማመንሉ ይካፈልዎ ። እቲ እተክሓሓድሉ ግን ይናጸጸርሉ ።

234. ሓው ኣብ ዝነበረ ነቢሩ ኣብ ዓዱ እንተ ኣተወ ኣብ መሬት ርስቲ ብሽሔና ኣሕዋት ዝሕረስ እንተኾነ ፧ ይግብኣኒ ሓውኻ እይ እንተበሎ ፧ ሕውነቱ ርግጽ ምኺኑ እንተተፈልጠ በዓል እጂ እየ ከይበለ ይኽፈሎ ። ብዝሓዘ ዓመተት ክኽልክሎ ኣይክእልን ። ብዘይ ግዜ መለሳ ግና ሃበኒ ክብል ኣይክእልን ክሳብ መለሳ ይጸበ ።

235. ኣብ መሬት ርስቲ ብፍቕሪ ሳዕርን እናበልዑ ኣምን እናበተኹ ማይን እንድሰተዩ ። ብሓደ ዝናበሩ ዓድታት ግን ከምቲ ጥንታዊ ልምዶም ይግበሩ ።

## ክፍሊ ፧ 30 ። - ኣናባባር መሬት ሽሔና ።

236. ሕልቅነት ፧ ንብርነት ፧ ዑቅርነት ፧ ግብዝነት ፧ 3 ሽማግለ ፧ ዓዲ ንመሬት ኮነ ። ንከምኡ ዝመሰለ ዘካፍሉ ደቀባት እዮም ፧ ክፍኑ ዝግባእ ። ኩድርነት ግን ብዓዲ ዝሓደረ ገባራይ ክኸውን ይኽእል ።

237. ግብሪ ምስተመደበ ፧ (ምስተኻፈለ) መደበይ እዩ ። ኣይኮነን መደበይ ፧ ደኣሉ እንተተበሃሃሉ ምስክር ዝምስክሩ ዓቒሮ እዮም ።

238. መመደቦም ፈሊጠም እዮም ሰብ ሓደ መደብ ክፍለይ እዩ ። ኣይኮነን ክፍለይ ደኣሉ እንተተበሃሃሉ እቶም መኻፍልቶም እዮም ዝምስክሩ ።

239. መለሳ መሬት በቢ 7 ዓመት ኣብ ጸመ ኣርባዓ እዩ ዝኽፈል ። ክንድቲ ብማርያም ግንቦት

ዝግበር ዝነበረ ሓለቓ ፣ ነበራ ዓቑራይ ብ 5 መዓልቲ ጋብር መጋቢት ይሽየሙ ።
ናብ መለሳ ግብሪ እቲ ጭቃ ንገባር በቢኣፍ ገዝኦም ዋሕስ ኣቦ ገባር የትክል።
እቲ ሓልቓ ናይ ጥንታዊ ልማድ ከይተርፍ ኣብ ባሕቲ ማርያም ግንቦት ኣሕሪዱ ምህለላ ይግበር ።

240. ሰበይቱ ዝመተቶ ወይ ሰብኣያ ዝሞታ ወይ ዝኣረጉ ሰባት ፈረቓ ግብሪ ይርክቡ ። ሰበይቲ ዓዲ ሰብኣያ ገዲፉ እንዳቦኣ ዝመጸት ምስ ደቃ እንተኾነት ምሉእ ግብሪ ትርከብ ። ዘይወለደት እንተኾነት ፍርቂ ትርከብ ። ሰበይቲ ዓዲ ሰብኣያ ዝተቐመጠት ምስ ዘይምሰሉ ደቃ ዘላ ምሉእ ግብሪ ትርከብ ። ዘይወለደት እንተኾነት ግን ፈረቓ ግብሪ ትርከብ ።

241. ቈላው ዓዲ ምስ ኣኮታቶም ዝዓበዩ ምስ መሰሉ ንዓደቦኦም እንተኣተዉ ግብሪ ክረኽቡ ይግብኦም ።

242. ግብሪ ዝረክብ ውሉድ ካብ ወለዱ ሓዳሩ ምስ ወጸ እዩ ። ወላዲ ሓዳሩ ክውጸእ ክሎ ጭቃ ወይ ሓለቓ ዓዲ 3 ሽማግለን ገቢሩ የውጽኦ ።

243. ዝዝራእግራት ንፈረቓ ዝሃበ እቲ ዋና ግራት እተን ዝግበኣኦ ዘርኢ ክህቦ ዘውዓለሉ ወሰኑ ክሳብ 21 በዓለማርያም ሓምለ ይሃቦ ። እንተ ዘይሃቦ ግን ከምቲ ልምዲ ዓዲ ኣብ ቀውዒ ብላዕ መሬት ይቀበል ፣ እምበር ፍርቂ ይግበኣኒ ክብል ኣይግብኦን ። ከመይ ዘርኢ ዘሃበ ስለዘኾነ ። ሓሰር እውን ብላዕሊ ንበዓል ብዕራይ እዩ ዝግባእ ።

244. ተዋፊሩ ዝጸግኤ ፣ ነግፊ እውን ክደግም ግቡእ እዩ ።

245. መንገዲ ውሕጅ ካብ ግራት እንዳማቱ ኣልዩ ናብ ግራቱ ዝወሰደ 12 ቅርሺ ይኸሕስ ። ደረት ግራውትይ ግን ከኣሊ ይከኣሎ ካብ ሓደ ግራቱ ናብ ሓደ ግራቱ እንተኾነ ።

246. ናብ ዝሩእ ግራት ከበቜለ መንተት ዘንተተ ነቶም ሰብ ግራት 24 ቅርሺ ይኸሕስ ። ምስ በቜለ እንተኾነ ብ 3 ሽማግለ ዓዲ ይከሓስ ።

247. ንቤተ-ክርስትያን ዓዲ ተሰማሚዖም ዝተዋሕበ መሬት ናብ ዓዲ ክምለስ ኣይከኣልን ። ከምኡ ከኣ ንቤተ-ክርስትያን ዝተዋህበ ገንዘብ ፣ ከብቲ ፣ መጽሓፍ ፣ ክጥለም ኣይከኣልን።

248. ብዘይ ፍቓድ ዋና ኣብ ዘይመሬቱ ቤት ዝሰርሔ ፣ ግራት ዝሓረሰ ፣ ንዋና መሬት ቤት ኮነ ፍርያት ግራት ኮነ ይልቀቐሉ ።

249. ብመሬት ኣሕዋት ናይ ኣቦና እገሌ እዩ እንተበሉ እም ክጽዕዱ እንተ ተፈጸሙ ፣ ገሊኦም ጽዒዶም ገሊኦም ካብቶም ኣሕዋቶም ርሒቖም እንተተረፍዎም ወይ ከመጽኡ ዘይከኣሉም እንተኮይኑ እቶም ዘለዉ ኣሕዋት ኣሕሊቖም ይግበሩሎም ።

መጽዓዲ ዝወሃብ መዓልቲ ናብ ኤሪትራ እንተማእነ ሓደ ወርሒ ፣ ናብ ካልእ ወጻኢ ግዝኣት 3 ወርሒ ይርከቡ ፣ ካብኡ ንደሓር ግን ወዲኦም ይመጉቱ ።

250. ነባር ዓውዲ እቲ ፈለማ ዝጸረገ ሓደ ጊዜ የእቱ ። ደድሕሪኡ ዝጸቐጠ (ዝቐደመ) የእቱ ምናልባት ዝጸቐጠ ዘየልቦ እንተ ደአ ኮነ እሞ ደለይቲ ብዙሓት እንተኾኑ ብዕጫ ትዋዲቖም በቢ.ተራ የእትዉ ።
ዘይጸቐጠ ወይ ብዕጫ ከበጽሖ ከሎ ሓያል ኮይኑ ዓሚጹ ከውድቕ እንተ ተረኽበ ነቲ በዓል ተራ ዝነበረ 12 ቅርሺ ይኸሓስ ።

251. ሓዲሽ ዓውዲ ዘውጽእ ነቶም ምስኡ ዘለዉ ንዑ ዓውዲ ነውጽእ ይበሎም ። እንተኣበይዎ እሞ ባዕሉ ዘውጽኤ ዝለቐለቐ ንሻቡ ዓመት ክሳብ ናቱ ዝጭርሽ ካልእ ክውድቘላ ኣይከኣልን ። ብዓመጽ ዘውደቐ 24 ቅርሺ ይኸሕስ ሓሰር እውን ይገድፈሉ ።

252. ነባር ዓውዲ ናይ ዓዲ ዝኺዓተ ወይ ዝሓረሰ 55 ቅርሺ ተቐጺዑ ንዓዲ እታ ዓውዲ

ዝነበረት ከምታዝነበረታ የድሚዓያ ። መድሚዔዐ መዓልቲ ዳኛ ይወስነሉ ።
ቅሚጦ እኽሊ ከቢቡዋ ከሎ እንተደአ ኮነ እቲ 55 ቅርሺ ካሕሳ ኑቶም ሰብ ቅሚጦ እዩ ።

253. ጵቺጡ ወይ ነስኒሱ ኣብ ዓውዲ ንብጨቲ እንተ ሓየረ ኣእትዋ ወይ ኣሕልፊኒ ኢሉ ኣብ ቅድሚ ምስክር ነጊርዎ ሰሚዑ እንተ ዘየሕለፎ ብዳኛ ከሲሱ የልቅቶ ። እንተኣበየ ደናብ ተቐጺዑ ነቲ ዝሓየሮ 24 ቅርሺ ይኽሕሶ ።

254. ብምጽቃጥ ዓውዲ ኣነ ቀዲመ ኣነ እባ ቀዲመ እንተ ተበሃሃሉ ሓደ ምስክር ምሒሉ ብዝነገረ ይቕመ ።

255. ሓደጋ ገባር ዝተረኽበ ግብሪ እቶም ዓቿሮ ከም ስርዓት ንዝግበአ የሃብዎ ።
ወዲቒ ብዘይ ፍቓድ ዝሓረሰ ብዳኛ ተቐጺዑ ይልቀቕ ንዓዲ ።

## ክፍሊ ፤ 31 ። - ቤት ።

256. ቤት ዘማስሑ ቅርዓት ባይቶ ዓውዲ ሓውጺ ጎዱፍ መንገዲ ኩልኩል ቦታ ከይሰራሕ ክይበላሾ ዝሕልዉ 3 ሽማግለ ደቀባት ጉባኣት ዓዲ ዘውጽእዎም እዮም ።

257. እቲ ዝማሳሕ ቦታ ከኣ እቶም ሰለስተ ሽማግለ ቤት ዘማስሑ ስለ ኣድላው ከይገብሩ ዓዲ ሓጊጎም ፈልዮም ዝወሰንዎ እዮም ዜማስሑ በቢ ዓመት እውን ይለወጡ ። ቤት ዝማሳሕ ሰብ ምስ ተመርዓወ እዩ ዝግበኦ ። ምስተቐበለ ካብታ እተቐበለላ ጊዜ ክሳብ 3 ዓመት ጨሪሹ ኮዒቱ መንደቕ እንተሰረተላ ንእኡ እያ ፤ እዙይ ከይገበረ እንተጸንሔ እቶም 3 ሽማግለ መማሳሕቲ ኣሕዲጎም ንኻልእ መጸውር ዝቐወበ የምስሕዎ ።

258. ካብ እታ 3 ሽማግለ ሰፈሮም ዝሃብዎ ሓሊፉ ዝሰርሔ ሰብ እቲ ዝሓለፎ መሊሱ ንቤተክርስትያን ዓዱ 12 ቅርሺ ይቀጻዕ ።

259. እቶም 3 ሽማግለ መማሳሕቲ ካብቲ ዓዲ ወሲኖም ፈልዮም ነዛ ቦታ እዚኣ ኣማስሑ ቢሎም ዝሃቡዎም እሞ እቶም ሰለስተ ሽማግለ ሓሊፎም ከማስሑ ብዝርከቡ 12 ቅርሺ ነብሲ ወከፍ (ንሓደ) ንቤተ-ክርስትያን ቀጺዖም እቲ እተቀበለ ቦታ ይልቀቕ ፤ ክቔመሉ ኣይከኣልን ፤ ፍሩስ እዩ ።
260. ዑናኡ ዝነበሮ ለቺቑ ካልእ ቦታ እንተደለ ዑና ናብ ዓዲ መሊሱ ብ3 ሽማግለ ይቀበል ።

261. ሽማግለ ዘይሃብዎ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብፍቓዱ ቤት ክሰርሕ እንተ ተረኽበ ካብታ ዝሰረሓላ መዓልቲ ክሳብ 6 ወርሒ ክሳሲ እንተረኸበ የፍርስ ፤ ካብ 6 ወርሒ ንደሓር ግን ከም ዝሰርሖ ይቑም ።

262. ብሓደ ደሪጉ ዝገዛውቶም ገባር በቢ ወንዞም ኪወጽኡ ዘይከኣሎም ጸድፊ ገደል ብገዛውቲ እውን እተኸበ እንተ ኮይኑ በታ ዘላ ኣፍ ደገ ኪወጽኡ ይግበኦም ።

263. ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ሓደ ከይዱ ኪሰፍር እንተደለ ፤ ወዲ ዓሊት ይኹን ማእከላይ ዓሌት ይኹን ነቲ ዛንቀ ቤት ብዘይ ፍቓድ ዓዲ ክወስዶ ኣይከእልን ይሸጦ እምበር ። በቲ ዋጋ መሸጣ ምስምማዕ እንተ ሰኣኑ ብ3 ሽማግለ ዓዲ ተሸኒኑ ዋግኡ ይቀበል ፤ ዚንጎ ሞራለ ክምኡ ዝምስል ኣቕሓ ለቺቑ ክወሰድ ይከኣሎ ።
264. ናብ ከተማ ዘሎ ቤት ከም ከብትን ከም ወርቅን እዩ ።

265. ሰብኣይን ሰበይትን ብሓደ ኮይኖም ዝሰርሕዎ ቤት ክሳብ ዘሎዉ ንኽሊቲኦም እዩ ። ምስ ሞቱ ንደቆም እዩ ።
ሐማ እንተሞተት ቤት ንደቃ እዩ ። ደቂ ካልኣይቲ ሰበይቲን ደቂ ወሰንን ኣብቲ ሐማ ዝሰርሓቶ ቤት ጉቡእ ክፍሊ የብሎምን ።
266. ስፍራ ቤት ሰፊሩ እንተተቐመጠ እቲ ዋና ቤት ብክራማት ጊዜ እንተደኣ ኮነ ካብ ሓደ ግንቦት ክሳብ መስቀል ከውጽኦ ኣይከኣልን ። ወርሒ ተሪፍዎ ከሎ መድለዪ ስለ ኪኸኖ ይንገሮ ነጊርዎ ከሎ ምጻእ ምስዝኣቢ 12 ቅርሺ ክሒሱ ብዳኝ ብግዲ ይወጽእ ። ብካልእ

ጊዜ እንተደአ ኮነ መድለዪ ስፍራኡ ሓደ ወርሒ ይሃቦ ።

267. ሰብሳብ ንቤት እማቱ ዝሰብሰበ ኪለቅቕ እንከሎ ብስብስብታ ይግደፉ እምበር ኣየፍርሳ ፡ ከፍርሳ እውን ኣይከኣሉን ።

## ክፍሊ ፡ 33 ። ሓዊ ንቤት ንእኽሊ ንሳዕሪ ዘቃጸለ ።

268. ንቤት ፈልጡ ንጉድኣት ቢሉ ሓዊ ዘቃጸለ ርግጽ ምዃኑ እንተ ተፈልጠ ንሓደ ገዛ ይኹን ወይ ንብዙሕ ገዛውቲ እቲ ዘቃጸለ 250 ቅርሺ ኪሒሱ ናይ ቤት ዝሓዞ ገንዘብ ኣቑሑ እቲ ዋና ብዝመሓለ ከምተን ገንዘቡ ኣምሳያ ይቀበል። ናይ መስርሒ ቤት ከኣ ብ3 ሽማግለ ናይ ዓዲ ብዝተገምገመ ብገንዘብ ገቢሩ ይሀብ ።

269. ንቤት ብድንገት ዘቃጸለ ርግጽ ምዃኑ እንተ ተፋልጠ ፡ ንሓደ ቤት ወይ ንብዙሕ ገዛውቲ እቲ ዘቃጸለ 55 ቅርሺ ክሒሱ ናይ ቤት ዝሓዞ ገንዘብ ኣቕሑ እቲ ዋና ብዝመሓለ ከምተን ገንዘቡ ኣምሳያ ይቀበል ። ናይ መስርሒ ቤት ከኣ ብ3 ሽማግለ ናይ ዓዲ ብዝተገምገመ ብገንዘብ ገቢሩ ይሀብ ።

270. ኣብ ቤት ኩምሩ ግራቱ ብድንገት ሓደ እቲ ዋና ናቱ ኣሕሪሩ ተቃጻጺሉ ከዱ ካልእ ቤት ኩምሪ ግራት እንተ ለከመ ነቶም ዝለከሞም ዋና ወይ ዋናታት ንኹሎም 125 ቅርሺ ይኽሓሰዎም ። እቲ ካሕሳ ከከምቲ ጉድኣቶም ብ3 ሽማግለ ይካፈሉ ።

271. ንኩምሪ ግራት ፈሊጡ ንጉድኣት ቢሉ ሓዊ ዘቃጸለ ሰብ ነቲ ዋና ወይ ዋናታት ዝሓረሮም 55 ቅርሺ ክሒሱ ባዕሉ እቲ ዋና ወይ ዋናታት ዝሓረሮም ክንድዙይ እዩ ቢሎም ብዝመስከርዎ ብካዕበት ይቀበሉ ።

272. ንኩምሪ ግራት ብድንገት እንተደኣ ኮነ ዘቃጸሎ 24 ቅርሺ ነቲ ዋና ወይ ዋናታት ክሒሱ እቲ ዋና ወይ ዋናታት ዝሓረሮም ብዝመስከርዎ ርእሲማል ይቀበሉ ።

273. ኩምሪ ሓሰር ብኽፍኣት ዘሕረረ ሰብ 55 ቅርሺ ክሒሱ ካዕበት ሓሰሩ ዋና ብዝነገሮ ይሀብ። ብድንገት እንተደኣ ኮነ 12 ቅርሺ ክሒሱ ዋና ብዝነገሮ ርእሲማሉ ይሃቦ ።

## ክፍሊ ፡ 34 ። ናይ ሓላዊ እኽሊ ሕዛእቲ ዘርዓን ኣነባብርን ቅጽዓት።

274. ሓላዊ ናይ ዘርዓ ዝዘርየ ካዕቦ እኽሊ ካብ ጓሳ ይርከብ ። ዋና ግራት ንግራቱይ ገምጋም እደሊ እንተበለ ብ 3 ሽማግለ ይገምገመሉ ። እቲ ገምጋሙ ምስ ተወሰነ ምስተን የማነ ጸጋማ ተዘሪኤን ዘለዋ ኪሕፈሳ ክለዋ ሻቡ ይቀበል ።

275. እዙ ሕጊ እዙይ ግራት ካብ ትበቍል ክሳብ እትዕጸድ እዩ ። እቲ ገምጋማ ዚቕበል ግራቱ ተዘሪኣታ ዝነበረ እኽሊ እዩ ዝቕበል ።

276. እቲ ሓላዊ እተን ዝበልዓ ከብቲ ንዋና ግራት ከይነግረ ክሳብ ንጽባሒቱ እቲ ዋና ግራት ከምተበልዔት ፈሊጡ እንተ ተማሕጸኖ እቲ ሓላዊ ሓላፊ ኮይኑ ብ3 ሽማግለ ተገምጊሙ ንሱ ይኸፍለን ። ምናልባሽ ነጊረካ እየ ኣፈይ ምስክረይ እዩ ኣመስክረኒ ኪብል ኣይከኣሉን

ከምዘይነገሮ ምስክር እንተ ዜብሉ ይኽፈል ።

277. ( እቲ ዋና ግራት ኣብ ግራቱ ከብቲ ኣትይን ብዝረኸበ ግን ነቲ ሓላዊ ናይ ዛንባ ካዕቦ እኽሊ ይሃቦ ።

278. ግራት ምስተዓጽደ ኣብ ንዳእቲ ይኹን ንቕሚጦ ንኩምሪ እንተበልዓ እቲ ዋና ግራት ክንዲዙይ በሊዐናለይ ቢሉ ምሒሉ ብዝነገሮ ይቀበል ።

279. ሓጹር ገንጺሉ ከብቲ ዘእተወ ዋና ወይ ጓሳ ንሓላዊ ካዕቦ እኽሊ ንዋና ግራት 12 ቅርሺ ይኸሕስ ። እብ ርእሲ እዙይ ናይ እኽሊ እተበልዖ ብ3 ሽማግለ ይገምገም እቲ ዝረኸበን ባዕሉ ዋና ግራት እንተደአ ኮነ ሓላዊ ካዕቦ ኪቕበል ኣይግብኦን ።

280. ዋና ግራት ናብ ግራቱ ከብቲ ኪበልዓ እንተረኸበን ነተን ዝረኸበን ከብቲ ኣሒዝወን ንዓዲ ኣእቲዩ ንዋና ከብቱ ይንገሮ ። ምናልባሽ እቲ ዋና ከብቲ ኣይበልዓልካን ኪብል ብዝርከብ ብዳዐ ዓዲ ገቢሮም ብ3 ሽማግለ ሓዲስ ብላዕ ከምዝኾነ እንተ ተፈልጠ እቲ ዋና ግራት ንሳተን ከምዝበልዓሉ ምሒሉ ከምስርዓት ብ3 ሽማግለ ይገምገም ።

281. እቲ ዋና ግራት ነታ ግራቱ ምስ ዓጸደ ከብቱ ከየእተወላ ካልእ ሰብ ኣእትዩ ኬብልዕ ብዝርከብ ነቲ ዋና ግራት 12 ቅርሺ ይኸሕሶ ካዕቦ እኽሊ ከአ ንሓላዊ ይህብ ። ምናልባሽ እቲ ዋና ግራት ከብቱ ኣእትዩ ንኻልእ ኪኸልክል ብዝርከብ ነቲ ዝኸልከሎ ሰብ 12 ቅርሺ ይኸሕሶ ።
እዛ ሕጊ እዚኣ ነቶም ብኣንድነት ኮይኖም ሳዕሪ ዝበልዑ ኢያ ።

282. ብሓጋይ ጊዜ ስለ ኣቒራጭ ክኾኖሎም ቢሎም ብማእከል ግራት ኪኸዱ እንተጸንሑ ጊዜ ዘራእቲ ኮይኑ ተዘሪኡ ከሎ መንገዲ ጐደና ሓዲጎም ብማእከል ዘራእቲ ረጊጹ ንዝሓለፈ ሰብ ነቶም ዋናታት ግራሁ 55 ቅርሺ ክሒሶም ንሓላዊ ዝዘነበ ከአ ካዕቦ እኽሊ ይሀቡ ።

283. ንሕዛእቲ ፈሊጡ ንዓዲ ኪጐድእ ቢሉ ሓዊ ዝመለሰ ሰብ 120 ቅርሺ ንዓዲ ይኸሕስ ። ኣብ ርእሲ እዙይ ከአ ነቲ ሓላዊ ዓዲ ቈጺሮሙሉ ዝነበሩ ደሞዙ ንሱ ይኸፍሎ ።

284. ብድንገት እንተደአ ኮነ እቲ ሓዊ ዝመለሰ ሰብ ንዓዲ 55 ቅርሺ ይኸሕስ ። ንሓላዊ ከአ ደሞዙ እቲ ዓዲ ቈጺሮሙሉ ዝነበሩ ይኸፈሎ ።

285. ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ ብለይቲ ከብቲ ኬብልዕ እተረኸበ ጓሳ ንዓዲ 12 ቅርሺ ክሒሱ ንሓላዊ ዝኾነ ዓይነት ጽሩይ ገበታ እኽሊ ይሃብ ። ብመዓልቲ እንተደአ ኮነ ንሓላዊ ንፍቂ እኽሊ ይሃብ ።

286. ብዘይ ጓሳ ብለይቲ ወይ ብመዓልቲ ጠፊኤን እተረኽባ ከብቲ ንሓላዊ ካዕቦ እኽሊ ይሃብ ። እንተ ደአ ጓሳ ዘይተረኽበን ነተን ከብቲ ኣኪቡ ንዓዲ የእትወን ንዳኘ ዓዲ ይንገር ሰምዕታ እውን የስምዕ ። ኣብ በረኻ ግና ኣይግደፈን ።

287. ሓላዊ ኣፉ ምስክሩ እዩ ። ዛንባ ዝኸልኦ ወይ ኣብ ኣንፈ ዛንባ ዝሓለፎ 55 ቅርሺ ኣፉ ብዝመስከሮ ይከሓስ ።

288. ሓላዊ ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ ብዝረኸበን እዋን ስራሕ ይኹን በዓል ይኹን ይዘንብ ካብታ ዝዘነበላ መዓልቲ ንቲ ዋና ከብቲ ዋሕስ ኣትኪሉ ቈጸራ ሳልስቲ ይሃቦ ።

289. እቲ ሓላዊ ምስ ዘነበ እቲ ተዘናቢ ወዲ ዓዲ እንተደአ ኮነ ሻቡ መዓልቲ ዋሕስ ተኺሉ እንተ ዘየውጸኤን ናብ ለይቲ ዝሓደራላ 55 ቅርሺ ይከሓስ ። ምናልባሽ እንተጥፈኤ ኣምሲሉ ይኽፈል ። እቲ ዝተዘንበ ከብቲ ናይ ጐደቦ እንተ ደአ ኮና ነቲ ጓሳ ይንገሮ ቀጸራ ሓደ መዓልቲ ይርከብ ምስ ነገሮ መጺኡ ዋሕስ ተኺሉ እንተ ዘየውጽኤ 55 ቅርሺ ነቲ ሓላዊ ይኸሕሶ ።

290. ናብ ሕሩም ሕዛእቲ ዓዲ ከብቲ ናይ ጐደቦ ወይ ናይ ዓዲ ሓላዊ ከይረአየን ካልኣት ሰብ እንተረኸቡወን ነቲ ሓላዊ ይንገርዎ ። እቲ ሓላዊ ከይወፈረ ዘምቢሉ ብዝርከብ ካብ ዋሕሱ 3 ቅርሺ ይተዓገት ።

291. ሓላዊ ክዘንብ ከሎ ንጓሳ ሃበኒ ዝዝነብ ይበሎ ፣ ምናልባሽ እንተክልአ አርሓን ሓራስን ገዲፉ ካልእ ይዘንብ ። ኵለን ሓራሳት እንተደአ ኮና ግን ካብተን ሓራሳት ሓንቲ ፈልዩ ይሰድ (ይዝነብ ።)

292. ንሕሩም ሕዛእቲ ማዕጸድ ገቢሩ ኪዓጽድ ዝተረኽበ ሰብ ናይ ድፍረት 3 ቅርሺ ንዓዲ ክሒሉ እተን ዝዓጸደን ንዓዲ ገዲፉ ንሓላዊ ከኣ ካዕቦ እኽሊ ይሃብ ።

## ክፍሊ 35 ። እንስሳ ።

293. ናይ ዝኾነ ዓይነት እንስሳ ከብቲ መጽዓኛ ገመል ንሰብ እንተ ቀተለ እቲ ቀታሊ እንስሳ ናብቶም መቕድም ወረስቲ ምዉት ሓሊፉ እቲ ዋና እንስሳ ከኣ ንስድራ ምዉት 120 ቅርሺ ይኽሕስ ። (ዓሌት ዘይካፈልዎ ።)

294. ናይ ዝኾነ ዓይነት እንስሳ ኣካላት ንሰብ እንተጕደለ ብ3 ሽማግለ ዋግኡ ተሸኒኑ ፍርዲ ነቲ ኣካሉ ዝጐደለ ሰብ ሂቡ እቲ ዋና እንስሳ ከኣ 8 ቅርሺ ይኽሓስ ። ኣብ ርእሲ እዚይ ከኣ ጤል ወይ በጊዕ (ክርሰበረ) መጸለል ይሃብ ።

295, ከብቲ ተዋጊኦም እቲ ሓደ እንተሞተ ክሊቲኦም ዋናታት እቲ ዝሞተ ከብቲ ቈርበትን ስጋን ፈርፈረቻኦም ይማቐልዎ ። እቲ ዝቐተለ ከኣ ገንዘብ ክልቲኦም ኮይኑ ክልተ ፈረቻ ይማቐልዎ ።

296. ኣብ ዝኾነ ጋብላ ማይ ኣርሓን ኰረሻ እተጻዕነት በቕልን ምስታይ ማይ ዝኸልከለ እቲ ከልካሊ ነቲ ዋና ተኸልካሊ 6 ቅርሺ ይኽሓስ ።

297. ንዝኾነ እንስሳ መልሓስ ዝቖረጸ ቃንጃ ዝበተኸ እቲ ገበነኛ ምስ ተረትዔ እቲ እተቈርጸ ወይ ቃንጃኡ እተበትከ ኣኪቡ 5 ኣምሳያ ገቢሩ ይሃብ ። (ግራተከላ ።)

298. ንከልቢ ዋንኡ እዩ ተተሓዚ ከይ ነክስ ከይ ቀትል ይጠንቀቐሉ ። እቲ ከልቢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ንሰብ ጉድኣት ብዝገበር እቲ ዋና ከልቢ ከም ኣብቲ ክፍሊ መውቃዕቲ ተወሲኑ ዘሎ ይኽሓስ ።

299. ዘይከልቡ ወቒዑ ዘሰምበረ ንዋና ከልቢ 6 ቅርሺ ። ደም እንተወጽኤ 12 ቅርሺ ። ኣካላት እንተጐደለ 24 ቅርሺ ። እንተቐተለ 55 ቅርሺ ይኽሕስ ።

300. ከልቢ ንጤል በጊዕ ከብቲ ንካልእ እንስሳታት ናይ ዝኾነ ዓይነት ነኺሱ ኣካላት እንተጕደለ እቲ ዋና ከልቢ ነቲ ዋና ተነካሲ እንስሳ እታ ኣካላት ዝጐደለት ኣኪቡ ኣምሳያ ይሃብ ። ምናልባሽ እቲ ዋና ከሕውያ እኽእል እየ ቈርበተይን ስጋይን እእክብ እንተበለ እቲ ዋና ከልቢ 2 ቅርሺ ይኽሓስ ።
ደርሆ እንተደአ ኰነት ግን ኣምሳያ ይቀበል ። እቲ ቀታሊ ወይ ኣካላት ዘጕደለ ከልቢ ብቐልጡፍ እቲ ዋንኡ ይቕተሎ ።

301. ጓሳ ወይ በዓል ታራ ኣብ ቅድሚ ምስክር ንዋና ፋናኒት በቕሊ ፣ ሀላላ ኣድጊ ፣ ቀይድካ ሓበኒ ቢልዎ እቲ ዋና ከይቀየደ ዝሃበ መቕጻዕያኡ 3 ቅርሺ ነቲ ጓሳ ሂቡ እታ በቕሊ ሕዛእቲ ወይ ዘራእቲ እንተበልዔት ከም፡ቲ ናብ ኣንቀጽ ናይ ዘራእቲ ተወሲኑ ዘሎ ይዕደ ።

302. እቲ ሀላላ ኣድጊ ንኻልእ ኣድጊ እንተቐተለ ወይ ኣካላት እንተጕደለ ብ3 ሽማግለ